# መጽሄት

# ትምህርቲ ሰንበት

ጥሪ - ለካቲት 2023

እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን

# ናይ እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን
# መጽሔት ትምህርቲ ሰንበት

መጽሔት ትምህርቲ ሰንበት እምነት ክርስቶስ ቤተ ክርስትያን፣ ካብ ንሽድሽተ ዓመት ዝተዳለወ ኣርእስትታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ብዙሕ ካብቲ መግለጺ ሓሳባት ካብ ናይ ፐልበት መጽሓፍን ካብ ናይ ካልኦት መጽሕፍቲ ብዛዕባ መጽሓፍ ቅዱስ ዚገልጽን ዝተዋጽኤ እዩ። ቀዳማይ ሕታም ኣብ እምነት ምስዮን ደቀምሓረ ኤርትራ ተጻሕፊን ተሓትመን፡፡


| ዕለት | | ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|---|
| ጥሪ | 1/ | ሰብ ጥበብ ንየሱስ ይረኽብዎ | 3 |
| ጥሪ | 8/ | ምልዋጥ ትርኢት የሱስ | 9 |
| ጥሪ | 15/ | የሱስ እቲ እንጌራ ህይወት | 14 |
| ጥሪ | 22/ | የሱስ ኣብቲ በዓል ዝገበሮ | 19 |
| ጥሪ | 29/ | ሕያዋይ ሳምራዊ | 24 |
| ለካቲት | 5/ | የሱስን እቲ ብዕዉሩ ዝተወልደ ሰብኣይን | 29 |
| ለካቲት | 12/ | ትንሳኤ ኣልኣዛር ካብ ምውታት | 34 |
| ለካቲት | 19/ | ምልካይ ቅዱይ ቅብኢ ኣብ ቢታንያ | 39 |
| ለካቲት | 26/ | የሱስ ምስ ቈልዑ | 45 |

## ሰብ ጥበብ ንየሱስ ረኺቦም

## ቅዱስ ጽሑፍ - ማቴ. 2፥1-12

1-2 - የሱስ ብዘመን ንጉስ ሄሮድስ ኣብ ቤት-ልሄም ናይ ይሁዳ ምስ ተወልደ፡ እንሆ፡ ሰብ ጥበብ፡ እቲ እተወልደ ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ? ኰኾቡ ኣብ ምብራቕ ርኢና እሞ፡ ክንሰግደሉ መጺእና፡ እናበሉ ካብ ምብራቕ ናብ የሩሳሌም መጹ።

3- ንጉስ ሄሮድስ ሰሚዑ ሰምበደ፡ ኵላ የሩሳሌምውን ምስኡ።

4- ንሱ ድማ ንኹሎም ሊቃውንቲ ካህናትን ጸሓፍቲ ህዝብን ኣኪቡ፡ ክርስቶስ ኣበይ እዩ ዚውለድ? ኢሉ ሓተቶም።

5-6 - ንሳቶም ከኣ፡ ኣቲ ቤት-ልሄም ምድሪ ይሁዳ፡ ንህዝበይ እስራኤል ዚሕሉ ሹም ካባኺ ክወጽእ እዩ፡ እሞ፡ ካብ ሹማምቲ ይሁዳ ከቶ ኣይትንእስን ኢኺ፡ ጽሑፍ እዩ፡ እሞ፡ ኣብ ቤት-ልሄም ናይ ይሁዳ እዩ፡ በልዎ።

7- ድሕርዚ ሄሮድስ ንሰብ ጥበብ ብሕቡእ ጸውዖም፡ ካባታቶም ድማ ዘመን እቲ እተራእዮም ኰኾብ ኣጸቢቑ ተረድኤ።

8 - ናብ ቤት-ልሄም ድማ ሰደዶም፡ ኬድኩም ብዛዕባ እቲ ሕጻን ኣርጊጽኩም መርምሩ። ምስ ረኸብኩምዎ፡ ኣነ ከኣ መጺኤ ክሰግደሉ ኣፍልጡኒ፡ በሎም።

9- ንሳቶም ከኣ ካብ ንጉስ ሰሚዖም ከዱ። እንሆ፡ እቲ ኣብ ምብራቕ ዝረኣይዎ ኰኾብ ኣብ ልዕሊ እታ እቲ ሕጻን ዘለዋ ቦታ መጺኡ ደው ክሳዕ ዚብል መርሖም።

10- ነቲ ኰኾብ ምስ ረኣይዎ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ሓጐስ ተሓጐሱ።

11- ናብ ቤት ኣትዮም፡ ነቲ ሕጻን ምስ ማርያም ኣዲኡ ረኣይዎ፡ ፍግም ኢሎም ድማ ሰገዱሉ። ሳጹኖም ከፊቶም ከኣ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገጽ በረኸት ሃብዎ።

12- ናብ ሄሮድስ ከይምለሱ፡ ብሕልሚ ምስ ተራእዮም ድማ፡ ብካልእ መገዲ ናብ ሃገሮም ተመልሱ።

***ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡*** *ብምሉእ ልብኹም እንተ ደሊኹምንስ፡ ክትደልዩኒ ኽትረኽቡኒውን ኢኹም። ኤርምያስ 29፡13።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ካብ ሽድሽተ ክሳዕ ሾሞንተ ሰሙን ድሕሪ ምላድ ክርስቶስ።

**ስፍር፡፡** ኣብ ቤት-ልሄም እትብሃል 9 ወይ 10 ኪሎሜተር ብደቡብ ናይ የሩሳሌም

እትርከብ ዓዲ።

**ቀንዲ ሓሳባት፡** ሰብ ብመለኮታዊ መሪሕነት ጥራይ እዩ ናብቲ ብውሽጡ ሃረር ዝብሎ ዕግበትን ሰላምን ኪበጽሕ ዚኽእል።

## መግለጺ

1. **ካብ ምብራቕ ዝመጹ ሰብ ጥበብ፡ ንየሱስ ይደልይዎ፡** ጥ.1-2። ሄሮድስ ወዲ 15 ዓመት ከሎ ገዛኢ ናይ ገሊላ ኰነ። ነቶም ኣብ ኣኽራን ናይ ገሊላ ከፀይኖም ሰብ ዘጨንቑ ዝነበሩ ብዙሓት ሽፋቱ ስለ ዘጥቅዖም፡ ኣብ ኣይሁድ ኣዝዩ ውሩይ ነበረ። ካብ ዓሌት ኣይሁድ ዘይኰነስ እኳ ክነሱ፡ ናብ ሃይማኖት ኣይሁድ ስለ እተለወጠ፡ ነታ ቤት መቕደስ ናይ የሩሳሌም ጽቡቕ ጌይሩ ኣሓደሳ። ንድልየቱ ክገትእ ዘይክእል፡ ዘይጥዓስ ጨኻን፡ ዝኾነ ብርቱዕ ባህሪ ነበሮ። ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ሮሜ ከፀይኑ ከኣ እዩ ዚገዝእ ዝነበረ። የሱስ ኪውለድ ከሎ ኰነታት ናይ ገሊላ ከምዚ ነበረ፡ እቶም ሰብ ጥበብ ከኣ ብዛዕባ የሱስ ኪጥይቑ ናብ ከምዚ ዝበለ ገዛኢ እዮም ዝመጹ። እዞም ሰባት እዚኣቶም መዓርግን ሃብትን ፍልጠትን ዝነበሮም ሰባት ነበሩ። ካብ ምብራቕ ከም ዝመጹ ደኣ እምበር፡ ካብ ኣየናይ ሃገር ከም ዝመጹ ግና ኣይንፈልጥን ኢና። ምናልባሽ ነቲ ኰኾብ መ- መርታኦም ዝርኣይዎ፡ በታ የሱስ ዝተወልደላ ለይቲ ይኸውን። ካብ ዓዶም ናብ የሩሳሌም ኪመጹ ሽድሽተ ወይ ሸሞንተ ሰሙን ወሲዱሎም ይኸውን። ካብዚ፡ ዓዶም ርሑቕ ከም ዝከፍ ክነስተብህል ንክእል። ኣብ ጥቕሲ ሓደ ከምዚ ነንብብ፡ "የሱስ...... ምስ ተወልደ ሰብ ጥበብ...... መጹ።" ኣብ ጥቕሲ 7 ከኣ ሄሮድስ እቲ ኰኾፀብ መኣዝ ከም እተራእየ ሓተቶም። ካብታ ነቲ ኰኾፀብ ዝርኣዩላ ጊዜ ክሳዕ ዝረኸፀዎ ብዙሕ ጊዜ ከም ዝሓለፈ ክንርዳእ ንክእል። ነቲ መሲህ ክረኽፀዎ ብርቱዕ ሃረርታን መደብን ነበሮም።

ኣብ ዛንታ ከም እነንብቦ፡ በዚ እዋንዚ ኣብ ምሉእ ምብራቕ፡ ካብቶም ናይ ቀደም ነብያት ዝነቕለ፡ ሓደ ዓቢ ንጉስ፡ ንመላእ ዓለም ዚገዝእ፡ ካብ ይሁዳ ኪመጽእ እዩ፡ ዝብል ትጽቢት ነበረ። ኣብ ካልእ ዛንታ ከም እነንብቦ ከኣ፡ ጽቡቕ ዘመን ዘምጽእ፡ ንሓጢኣት ከኣ ዘርሕቕ፡ ሕጻን ካብ ሰማይ ኪመጽእ እዩ ኢሎም ዝጽበዩ ነበሩ። እዚ ተስፋታትዚ፡ ብዘይጥርጥር፡ ካብቶም ኣብ ኵሉ ወገናት ዓለም ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ኣይሁድ ዝነቐለ እዩ። ኢሳ.7፡14፣ 11፡1። ዳንኤል 9፡25።

እዞም ሰባት እዚኣቶም፡ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሰብ ዘሎ ብርቱዕ ሃረርታ ንቕሳነትን ሰላምን፡ ምሳሌ ረኸቡ። እቲ ጽሑፋት ዝብሎ ብውሽጦም ኣመኑ። እዚ እምነትዚ ከኣ ንምርካብ እቲ መድሓኒ መደብን ትብዓትን ሃቦም። ንሳቶም ግዲኦም ገበሩ፡ ኣመኑን ደለዩን። እቲ ዝተረፈ ከኣ ኣምላኽ0 ገበረሎም። ዝመርሖም ኰኾብ ሰደደሎም። ነቲ ዚኣምንን ዚደልን ሰብ ኵሉ ጊዜ ኣምላኽ ብርሃን ይሰደሉ እዩ።

2. **እቲ ዚመርሕ ኰኾብ።** ጥ. 2። እቲ ኰኾብ ነቶም ሰብ ጥበብ እናመርሖም፡ ኣብታ የሱስ ምስ ኣዲኡ ዝነበረላ ሰፈር ምስ በጽሔ፡ ኣብኣ ደው በለ። እዚ ናይ ግድን ተኣምራታዊ ኰኾብ ኪኸውን ኣለዎ። እቲ ተኣምራታዊ ዝኾነ መድሓኒ፡ ብተኣምራታዊ ኰኾብ ኪግለጽ ዘገርም ኣይኰነን። የሱስ ኵለንትናኡ ተኣምራት ነበረ፡ መልኣኽቲ ኣብ ምላዱ ዘመሩ፡ ግብሩ ተኣምራት ነበረ፡ ሞቱን ትንሳኤኡን ከኣ ተኣምራት ነበረ። ከምቲ ኣብ ሞቱ ጸሓይ ዝጸልመተት፡ ምድሪ ከኣ ዘንቀጥቀጠት፡ ከምኡ ከኣ ኣብ ምላዱ ፍጥረት ገለ ተኣምራት ኬርኢ ናይ ግዲ ነበረ።

እዚ ተኣምራታዊ ኰኾብ ነቶም ሰብ ጥበብ፡ መድሓኒ ከም እተወልደ ገለጸሎም። ምናልባሽ ነቲ ትጽቢት ናይ ዘመኖም ርእዮም፡ እቲ ዝተራእዮም ኰኾብ ምልክት ናይቲ ሰማያዊ ንጉስ እዩ፡ ኢሎም ኣሚኖም ይኾኑ። ወይ ከኣ ከምቲ ኣብ ጥቕሲ 12 ዘሎ፡ ኣምላኽዐ ባዕሉ ተዛሪብዎም ይኸውን። ኣምላኽዐ ነቶም ሰብ ጥበብ ብኰኾብ መርሖም፡ ነቶም ጓሶት ክብሪ ኣምላኽዐ ኣብ ዙርያኦም ኣብሪሁ፡ ብድምጺ መልኣኽ መርሖም። ኣምላኽ ኵሉ ጊዜ ንነፍስ ወከፍና በቲ ክንርድኦ እንኽእል ጌይሩ እዩ ዚመርሓና። ሓላፍነትና ንመሪሕነቱ ምስዓብ ጥራይ እዩ።

3. **ሄሮድስ ንየሱስ ይደልዮ።** ጥ.3-8። ሄሮድስ ድማ፡ ብዛዕባ እቲ እተወልደ ንጉስ ምስ ሰምዔ፡ ካብ ናይ ሰብ ጥበብ ብዝተፈልየ ሓሳባት፡ ንየሱስ ኪደልዮ - መረ። ሰብ ጥበብ፡ የሱስ እቲ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ተስፋኦምን ሓጐሶምን ምኻኑ ፈሊጦም ደለይዎ። ሄሮድስ ግና ከም ጸላኢኡ ኪድምስሶ ይደልዮ ነበረ። ልዕሊ ከኵሉ ክብ ኣቢሉ ዝርእዮ ዝፋኑ ስለ ዝነበረ፡ የሱስ፡ እቲ ንጉስ ኣይሁድ፡ ዝፋኑ ዘሕድጎ መሰሎ። ንሱ ብሓጢኣት ስለ ዝየረ፡ ነቲ ፍጹም ሓጐስ ዘምጽእ ጽድቂ፡ ድልየት ኣይነበሮን። ልዕሊ ሰማያዎ ንጉስ ኪኸውን ደለየ። እዚ ድልየትዚ ልክዕ ከምቲ ድልየት ናይ ሰይጣን እዩ። ሰይጣን ዝፋኑ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ኣምላኽዐ ዝፋኑን ኪገብሮ ደለየ። ኢሳ. 14፡12-15

ሄሮድስ ብዛዕባ የሱስ ምስ ሰምዔ ተጨነቐ። ህይወቱ ብብዙሕ ቅትለትን ገበንን መሊኣ ስለ ዝነበረት፡ እቶም ህዝቢ ኣዝዮም ይጸልእዎ ከም ዝነበሩ ይፈልጥ ነበረ። ንእሽቶ ዕግርግር ንሕልናኡ የቃጽሎ፡ ንፍርሃቱ ከኣ የንቅሖ ነበረ። መኳንንቲ ናይ ሄሮድስ ከኣ ከምኡ። ዝኾነ ንዝፋኑ ናይ ሄሮድስ ዚትንክፍ፡ ኣዝዩ የፍርሆም ነበረ። ኵላ የሩሳሌም ከይተረፈት ተበዓደት። ህላውነት ክርስቶስ ኵሉ ጊዜ ንሓጥኣን የጨንቖም እዩ። ዮሃ. 3፡19-20።

እቲ እተበሳጨወ ንጉስ ነቶም ካህናትን ጸሓፍትን ጸውዖም። ክርስቶስ፡ እቲ መሲሀ፡ ኣበይዩ ዝውለድ? ኢሉ ከኣ ሓተቶም። ብኣምላኽዐ ዝተሰርዓ፡ ብነብያት ከኣ ዝተነግረ ስለ

ዝኸፍአ፣ ርግጽ ከም ዚፍጸም ፈሊጦም፣ ካብ ጽሑፋት ኣንቢቦም ነገርዎ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ከኣ ነቲ መሲህ ይጽበዩ ነበሩ፣ ግናኸዐ ፍልጠቶም ብዘይ መንፈስ ኣምላኽ ስለ ዝነበረ፣ ንቓል ኣምላኽ ናይ ገዛእ ርእሶም ትርጉም ሃብዎ። ከምቲ ንሄሮድስ ዝነገርዎ፣ የሱስ ኣብ ቤትልሄም ናይ ይሁዳ እኳ እንተ ተወልደ፣ ንሱ እቲ መሲህ ምዃኑ ምእማን ኣበዩ። ኣብ ክንዲ ኣብ መለኮታዊ መሪሕነትሲ፣ ኣብ ጥበብ ሰብ ተጸግዑ። ኤ.ር.10፥23።

እቲ ሄሮድስ ብድሕርዚ ዝገበሮ ግብሪ፣ ሓደ ብሓጢኣት ፈጺሙ ዝየረ ሰብ እንተ ዘይኰይኑ፣ ካልእ ኪገብሮ ኣይክእልን እዩ። እቲ ጽሑፍ ብዛዕባቲ መሲህ ዚነግር ምስ ሰምዔ፣ ንመደብ ኣምላኽ ኪፍርስ መደበ። ምእንቲ ክርስቶስ መኣዝ ከም እተወልደ ብርግጽ ኪፈልጥ፣ ነቶም ሰብ ጥበብ ጸዊዑ፣ እቲ ኰኾብ መኣዝ ከም እተራእዮም፣ ሓተቶም። ድሕርዚ ሰብ ጥበብ ነቲ ሕጻን ኪረኽብዎ ናብ ቤትልሄም ከዱ። ሄሮድስ ከኣ ሓስዩ፣ ነቲ ሕጻን ምስ ረኸብዎ መጺኦም ክነግርዎ እሞ፣ ንሱ ከኣ ከይዱ ኪሰግደሉ ከም ዝኾነ፣ ነገሮም። ግናኸ ኪቐትሎ ደኣ እምበር ናይ ሓቂ ኪሰግደሉ ኢሉ ኣይኰነን።

**4. ሰብ ጥበብ ነቲ ሰማያዊ ንጉስ ይረኽብዎ።** ጥ.9-10። ባእሲ ሄሮድስ ኣንጻር ኣምላኽዐ ስለ ዝኾነ፣ ካብ መ- መርታ ከም ዘይስዕር ፍሉጥ ነበረ። ኣንጻር ኣምላኽ ዚዓዪ ሰብ ኵሉ ጊዜ መወዳእታኡ ከምኡ እዩ። እቲ ሓደ ነገር ከስልጦ ዝከኣለ፣ ነቶም ሰብ ጥበብ መገዲ ናብ ቤትልሄም ኪሕብረሎም ጥራይ ነበረ። ከምቲ ኣብቲ ዝስዕብ ጥቕስታት እነንብቦ፣ ብዛዕባ እቲ ሕጻን ገለ ነገር ኪፈልጥ ኣይከኣለን።

ሰብ ጥበብ ካብ ቅድሚ ሄሮድስ ምስ ወጹ፣ እቲ ዚመርሖም ኰኾብ እንደገና ረኣይዎ እሞ፣ ኣዝዮም ተሓጒሶ። ኣብቲ ሕጻን ዝነበሮ ሰፈር ደው ክሳዕ ዚብል ድማ ሰዓብዎ። ነቲ ኰኾብ ስለ ዝሰዓቡ እቲ ዝደለይዎ ንጉስ ረኸቡ። ነቲ ኣምላኽ ዝለኣኸሎም ኰኾብ ብጥንቃቔ ምስ ሰዓብዎ፣ ናብ የሱስ ኣምጽኦም።

ኵሉ ሰብ ንጉስ ወይ መራሒ የድልዮ እዩ። ምእንቲ ብሕብረት ምስ ብጾትና ክንነብር፣ ንጉስ የሱስ የድልየና፣ ምእንቲ ኪመርሓናን ከፍቅረናን የድልየና። እቶም ናይ ሓቂ ጠቢባን ዝኾኑ፣ ነቲ ናይ ሓቂ ንጉስ ኣብ ልቦም ኪነግስ ይደልይዎ። ካብ ዓለማዊ ረብሓን ሃብትን ኣብ ልባትና ዚነግስ፣ ንሱ እንተ ዚነግስ ህይወትና ከመይ ኣዝዩ ምተለወጠ። ብዙሕ ጊዜ ነቲ ንጉስ ነገስታት ምስ እንደልዮ፣ ኣብቲ ዝተሓተ ሰፈር ኢና እንረኽዐ። ፍቓዱ ምስ እንገብር፣ ፈጺምና ብእኡ ምስ እንኣምን፣ ቃላቱ ምስ እነጽንዕ፣ ከየቋረጽና ምስ እንጽሊ ኢና ክንረኽቦ እንክኣል። ምሳሌ 8፥17 ኣንብብ።

**5. ነቲ ንጉስ ሰገዱሉ።** ጥ. 11-12። ሰብ ጥበብ ኣብ ቤት ምስ ኣተዉ፣ ነቲ ሕጻን ምስ ኣዲኡ ረኸብዎ። በዚ እዋንዚ የሱስ ኣብ መብልዕ ማል ጌና ዝነበረ ኣይመስልን። ዮሴፍ ንጊዜኡ ዝኸውን ቤት ረኺቡ ነይሩ ይኸውን።

ንየሱስ ምስ ኣዲኡ ምስ ረኣይዎ ከኣ ፍግም ኢሎም ሰገዱሉ። ሰብ ጥበብ፣ ሰገዱሉ፣ እምበር፣ ሰገዱሎም፣ ዝብል ኣይኮነን እነንብብ። ኣምላኽዐ እምበር ሰብ ስለ ዘይኮነ፣ ንእኡ ጥራይ እዩ ስግደት ዚግብኦ።

ሰብ ጥበብ ንየሱስ ምስ ረኣይዎ፣ ናይ ልቢ ስግደቶም ኣዝዩ ዓቢ ነበረ። ብብርኮም ፍግም ኢሎም ሰገዱሉ። ብልቦምን ብህያባቶምን ድማ ሰገዱሉ። ንየሱስ በዘን ሰለስተ ነገራት፡- ብኣካላትናን ብልብናን ብህያባትናን፣ ክንሰግደሉ ይግባእ። ብዘይ እዘን ሰለስተ ነገራት ስግደትና ከንቱ እዩ። እቲ ሰብ ጥበብ ንየሱስ ዝሃብዎ ህያብ ከኣ ምስ ምልክቱ ነበረ። ከርቤ ንሞቱን ትንሳኤኡን ዘርኢ እዩ፣ ማር.15፡23, ዮሃ. 19፡39። ወርቂ ንንጉስ ዚውሃብ እዩ፣ ዕጣን ከኣ ምልክት ናይ ጥዑም ዝመኣዛኡ ኣብ ኣምላኽ ዚዓርግ ጸሎት እዩ። ዘፍ. 8፡21

ንየሱስ እቲ ዝኸበረ ህያብና ክነበርክተሉ ይግባእ። 1) ገዛእ ርእስና። 2) ኵሉ ዘሎና ፍቕሪ። 3) ናይ ሓቂ ስግደትና። 4) ኣገልግሎትና። 5) ጥሪትና ድማ።

**6. ሄሮድስ ንየሱስ ሰኣኖ።** ጥ. 12። እቶም ብምሉእ ልቦም ነቲ መድሓኒ ዝደልይዎ፣ ብእኡ እዮም ዚምርሑ። ሄሮድስ ምእንቲ ዓለማዊ ረብሓኡ ኢሉ ንየሱስ ኬጥፍኦ ሓሰበ። ሰብ ኣንጻር ኣምላኽ ምስ ዚዓዩ፣ ኣምላኽ ንመደቡ ኪድምስሶ ቀሊል እዩ። መልኣኽ፡ዐ ብለይቲ ነቶም ሰብ ጥበብ ብካልእ መገዲ ኪኸዱ ነገሮም እሞ፣ ብዛዕባ እቲ ሕጻን ኪፈልጥ ኣይከኣለን። እቶም ድልየቶም ኣብ ኣምላኽ ዝኾነ፣ ብመንፈሱ ከኣ ዝምርሑ ጥራይ እዮም ኣብ መወዳእታ ሃረርታኦም ዝረኽቡን ዚሕጐሱን። መዝ. 37፡4።

**ሕቶታት**

1. ከመይ ጌይሮም ሰብ ጥበብ ናብ የሱስ ተመርሑ?
2. እቶም ሊቃውንቲ ካህናት፣ ከመይ ጌይሮም የሱስ ኣበይ ከም ዝውለድ ፈለጡ?
3. ሰብ ጥበብ ንየሱስ ምስ ረኣይዎ እንታይ ተሰምዖም?
4. ሄሮድስ ብዛዕባ የሱስ ምስ ሰምዔ እንታይ ተሰምዖ?
5. ንሰብ ናይ ሓቂ ቅስነት ዘምጽኣሉ እንታይ እዩ?

**መረድኤ**

ብዙሓት ሰባት፣ መገዲ የሱስ፣ መገዲ ትሕትና ስለ ዝኸፀ ምልላዩ ይስእኑ። ሓንቲ ሃይማኖታዊት ሰበይቲ ሓደ ጊዜ ተኣምራታዊ ሕልሚ ሓለመት። ንጽብሒቱ የሱስ ኣብ ቤታ ኪበጽሕ ከም ዚመጽእ ሓለመት። ስለዚ በታ መዓልቲ እቲኣ ቤታ ከተጸራርን ከተለዓዕልን ወዓለት። የሱስ ከመይ ዝበለ መልክዕ ለቢሱ ከም ዝመጸ ክትሓሰብ ድማ ወዓለት። በታ መዓልቲ እቲኣ እናተጸበየት ከላ፣ ሰለስተ በጻሕቲ መጽእዋ። መ- መርታ ሓደ ቈልዓ እናበኸፀ ናብኣ መጸ እሞ፣ ናብ ካልእ ሓገዝ ኪረኽበሉ ዝኸፅል ሰፈር ሓበረትሉ። ድሕሪኡ ሓንቲ ጭንቕቲ ሰበይቲ ናብኣ መጸት። ንእኣውን ሓገዝ ክትረኽበሉ እትክፅል ኣድራሻ ሂባ ሰደደታ። ሳልሳይ ከኣ ሓደ ሕሙም ሰብኣይ መጸ። ነዚውን ሓኪም ጸዊዓ ሰደደቶ። ንከፀሎም ከኣ፣ ሎም መዓልቲ ብዙሕ ስራሕ ከም ዘለዋ፣ ሓደ ዓቢ ጋሻ ከኣ፣ ከም ዝመጸ ነጊራ ሰደደቶም። እቲ ጋሻ ግና ኣይመጸን። በታ ለይቲ እቲኣ ከኣ እንደገና ሓለመት። በቲ ሕልሚ ጌይሩ፣ የሱስ፣ ኣብ ቤትኪ ሰለስተ ጊዜ መጺኤ ግናኸ፡ዐምልላየይ ስኢንኪ፣ በላ። ኣብ ማቴ.25፡40 ዘላ ጥቕሲ ከኣ ዘከረት። "እቲ ካብዞም ናኣሸቱ ኣሕዋተይ ንሓደ ዝገበርኩምሉ ንኣይ ከም ዝገበርኩምለይ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።"

ሰብ ጥበብ፣ እታ ናብ የሱስ እትወስድ መገዲ፣ መገዲ ትሕትናን ድኻምን እኳ ክነሳ፣ ትክዐኢሎም ሰዓብዋ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ሃረርታ ልቦም ረኸቡ።

## ምልዋጥ ትርኢት የሱስ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ሉቃ. 9፡28-36

28- ድሕሪ እዚ ዘረባዚ ኣብ ሰሙኑ ኣቢሉ ከኣ ከፍ፡ ንጴጥሮስን ዮሃንስን ያእቆብን ተማሊኡ፡ ኪጽሊ ናብ ከረን ደየበ።

29- ኪጽሊ ከሎ፡ ትርኢት ገጹ ተለወጠ፡ ክዳውንቱውን ብርቕርቕ ዚብል ጻዕዳ ከፍ።

30- እንሆ ድማ ክልተ ሰባት፡ ንሳቶም ከኣ ሙሴን ኤልያስን፡ ምስኡ ይዛራረቡ ነበሩ።

31- ብግርማ ከኣ ተገልጹ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ የሩሳሌም ኪፍጽሞ ዘለዎ ምውጻኡ ድማ ይዛራረቡ ነበሩ።

32- ጴጥሮስን እቶም ምስኡ ዘለዉን ግና ድቃስ ከቢድዎን ነበረ። ምስ ተባራበሩ፡ ግርማኡን ክልተ ሰብ ድማ ምስኡ ደው ዝበሉን ረኣዩ።

33- ኰነ ከኣ እቲኣቶም ካብኡ ክፍለዩ ከለዉ፡ ጴጥሮስ ንየሱስ፡ መምህር፡ ንኣና ኣብዚ ክፀነብር ጽቡቕ እዩ። ሰለስተ ዳስ ክንሰርሕ፡ ሓደ ንኣኻ ሓደ ንሙሴ ሓደውን ንኤልያስ፡ በሎ። ዚብሎ ኣይፈልጥን ነበረ።

34- ንሱ እዚ ከፀረብ ከሎ፡ ደበና መጺኡ ኣጒልበቦም። ናብ ደበና ክኣትዉ ከለዉ ከኣ ፈርሁ።

35- ካብቲ ደበና ድማ፡ እቲ ዝሓረኽዎ ወደይ እዚ እዩ፡ ንእኡ ስምዕዎ፡ ዚብል ድምጺ መጸ።

36- እቲ ድምጺ ክፀመጽእ ከሎ ከኣ ንየሱስ በይኑ ረኸብዎ። ንሳቶምውን ስቕ በሉ፡ ኸዑ ቕነ ዝረኣይዎ ነገር ንሓደ እኳ ኣይነገሩን።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡** *ዝፈትዎ ወደይ፡ ብኣኡ ዝሰመርኩ እዚ እዩ፡ ንእኡ ስምዕዎ። ማቴዎስ 17፡5።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ኣብ ክረምቲ ናይ መበል 32 ዓመት ናይ የሱስ።

**ሰፈር፡፡** ኣብቲ ቅድሚዚ ሰሙንዚ የሱስን ደቀ መዛሙርቱን ዝነበርዎ፡ ኣብ ከረን ሄርሞን ኣብ ምድሪ ቂሳርያ ነበሩ። እቲ የሱስ ዝተለወጠሉ ሰፈር ግና፡ ርግጽ ኣይፍሉጥን እዩ። ብዙሕ ካብቲ ክቡር ነገራት ናይ የሱስ ዝተፈጸመሉ ሰፈራት፡ ኣይፍሉጥን እዩ። ምክንያቱ ምናልባሽ፡ ኣምላኽ ኣብ ኵሉ ሰፈር ከሎስ፡ ምድሪ ብመልኣ ከኣ ቅድስቲ ሰፈር ከላስ፡ ነቲ ሰፈራት እቲ ብፍላይ ቅዱስ እዩ ኢሎም ሰባት መምለኽዐ ጣኦታቶምን

*መስገዲኦምን ከይገብርዎ ይኸውን።*

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** *ሰማይ ብምልእታ ብዛዕባ እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚመጽእ፡ ንጥፉኣት ሰባት ዝኸውን ምድሓን፡ ኣዚያ ተገዲሳ ነበረት። ኣብዚ ናይ ጻዕሪ ጊዜታት፡ ምእንቲ ንኽእሉ ጸይሩ ኪኽእሉ፡ ካብ ሰማይ ረድኤት ረኸበ። ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ዝኸውን ረድኤትውን ነበረ። ንኣናውን ምእንቲ ንሓጢኣትን ሞትን ክንስዕር፡ ኵሉ ጊዜ ካብ ሰማይ ረድኤት ይውሃበና እዩ።*

**መግለጺ**

1\. **መእተዊ።** *ሰሙን ቅድሚዚ እዋንዚ፡ የሱስ ንመ- መርታ እዋን፡ ቅድሚ ናብቲ ክብሪ ዝመልኦ መንግስቱ ምኻድሲ፡ ብመስቀል ኪሓልፍ ከም ዚግብኦ ንደቀ መዛሙርቱ ነገሮም። ብዛዕባ እታ ድሕሪኣ ዝነበረት ሰሙን ከኣ ገለ ነገር ኣይተጻሕፈን። ኵሉ እቲ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽን፡ ሓራ ምውጻእን ዝነበሮም ተስፋ ቀሃመ። ዝተሰቕለን ዝሞተንዶ መድሓኒ ኪኸውን ይኽእል እዩ? ዝብል ሓሳባት መጺእዎም ይኸውን። ስለዚ ነቲ ሓቂ ኪፈልጥዎ ኣድላዪ ከፀ። ምእንቲ ልዕሊ እቲ ተስፋ ምቝራጽ ኬማዕድዉ፡ ጫፍ ናይቲ ብመገዲ መስቀል ኣቢልካ ዚርከብ ክብረትን ድሕነትን ኬርእዮም ናይ ግዲ ኮፀ፡*

2\. **ኣብቲ ከረን ዝተገብረ ኣኼባ ጸሎት፡፡** ጥ. 28-29። *ካብቲ የሱስ ብዛዕባ ሞቱ ንደቀ መዛሙርቱ ዝገለጸሉ እዋን፡ ድሕሪ ሽድሽተ ወይ ሾሞንተ መዓልቲ፡ የሱስ ንጴጥሮስን ዮሃንስን ንያእቆብን ሒዝዎም ኣብቲ ከረን ኪጽሊ ከሎ። እቶም ዝተረፉ ትሽዓተ ደቀ መዛሙርቲ ግና፡ ኣብቲ እግሪ ከረን ተሪፎም ከም ዝነበሩ ኣብቲ ንጽብሒቱ ዝከፀ ነገራት ንርኢ።* ማር. 9፡14-29።

**ዝተፈትዉ ሰለስተ፡፡** 1) *ኣብዚ፡ የሱስ ኣብ መንጎ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኣድልዎ ዝገበረ ይመስል። ግናኸዐ ኣይገበረን። ነቶም ብተኣማንነት ኣብ ንኣሽቱ ነገራት፡ ናብ ዝለዓለ ፍልጠትን ምርዳእን ዝበጽሑ፡ የሱስ ዝለዓለ ክብሪ ኣርኣዮም። ነቶም ብንኣሽቱ ነገራት እሙናት ዝከፁ ጥራይ እዩ ዝለዓለ ራእዩ ናይ መንግስቲ ኣምላኽዐ ዝመጾም።* 2) *ግርማ ናይቲ ንጉስ ነገስታት ኪግለጽ ብዓይኖም ዝረኣዩ መሰኻኽር ኣድላዪ ነበረ። ነዚ ንምምስካር ከኣ ሰለስተ እከፀት ነበሩ።* 3) *እቶም መሰኻኽር ሒደት ስለ ዝነበሩ፡ ነዚ ነገርዚ ክሳዕ ድሕሪ ትንሳኤ ኪዓቑርዎ ቀሊል ነበረ። እቶም ህዝቢ፡ ቅድሚ ትንሳኤ ብዛዕባ እቲ ዝተገልጸ ግርማ ናይ የሱስ እንተ ዝሰምዑ፡ ገሊኦም ኣይምኣመኑን፡ ገሊኦም ከኣ ምድራዊ ንጉስ ኪገብርዎ ምተጋደሉ ነይሮም።* 4) *ስለዚ ነዞም ሰለስተ ዝዓመቔ ተመክሮ ዝነበሮም፡ ክሳዕ ኣእምሮኦም ዘፍቅደሎም፡ ግሩም ባህሩን ክብሪ ናይ መንግ ስቱን ከርእዮም ደለየ።*

**ጸሎት የሱስ።** *ኣመል ናይ ጸሎት የሱስ፡ ኣብ ብዙሕ ክፍልታት ናይ ሓዲሽ ኪዳን ርኢና ኣሎና። ቅሩብ ጊዜ ቅድሚ እዚ፡ ድሕሪ ነቶም ሓሙሽተ ሽሕ ምምጋቡ፡ ዳርጋ ለይቲ ብምልእታ ኣብ ጸሎት ኣሕለፎ።*

የሱስ ኵሉ ጊዜ ቅድሚ ኣብ ብርቱዕ ጭንቂ ምእታዉን፡ ቅድሚ ዝበለጸ በረኸት ምርካቡን፡ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ጸሎት የሕልፍ ነበረ። ቅድሚ ጥምቀቱ፡ ቅድሚ ነቶም ዓ ሰርተው ክልተ ምሕራዩ፡ ቅድሚ እቲ ናይ መወዳእታ ድራሩ፡ ኣብ ጌተሰማኒ፡ ቅድሚ መስቀሉ፡ ኣዝዩ ጸለየ። "ንሱ ብዘመን ስጋኡ ከሎ፡ ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን ጸሎትን ምህልላን ኣቕረበ።" እብ. 5፡7።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና፡ ጸሎት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣኼባ ጸሎት ከም ዝነበረ ከነስተብህል ንኽእል። ብዘይጥርጥር እዞም ሰለስተ ሃዋርያት ምስ መምህሮም ሓቢሮም ይጽልዩ ነበሩ። ኣብዚ ኣኼባ ናይ ኣርባዕተ ከኣ እቲ፡ "ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ ምስ ዝእከቡ፡ ኣነ ኣብ ማእከሎም ኽኸውን እየ፡" ዚብል ተስፋ ተፈጸሙ። ካብ ሓንቲ ዓይነት ሙዚቃ፡ ክሳዕ ክንደይ ጥዕምቲ ምኳና ብዘየገድስ፡ እትህቦ ድምጺ፡ ብዙሕ ዓ ይነት ሙዚቃ ብሓንሳእ ብስምምዕ ምስ ዚውቃዕ፡ ዝበለጸ ድምጺ ይህብ። ከምኡ ከኣ ሓቢርካ ምጽላይ፡ ነተን ዝጽልያ ነፍሳት ብስምምዕ ዝጠምረን፡ ሓይልን ምላሽን ከኣ ካብ ኣምላኽ ዝህበን፡ ፍሉይ በረኸት ኣለዎ። ኣብ መንፈሳዊ ነገራት፡ ሓደ እተደመሮ ሓደ፡ ካብ ክልተ ይበዝሕ እዩ።

**3. ምልዋጥ ትርኢት የሱስ።** ጥ. 29። የሱስ ብዛዕባ እንታይ ይጽሊ ከም ዝነበረ ብርግጽ ኣይንፈልጥን፡ ግናኸ ምናልባሽ ምእንቲ ነቲ ዚመጽእ ዝነበረ ተግባሩ ከኸሉ፡ ንምፍጻም ሓይሊ ኪረክብ፡ ምእንቲ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኣብቲ ተስፋ ዝቘርጽሉ እዋን፡ እምነትን ብርሃንን ክረኽቡ፡ ምእንቲ ምጽኣት መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ይጽሊ ነበረ። "ኪጽሊ ከሎ ትርኢት ገጹ ተለወጠ።" ገጹ ከም ጸሓይ በርሄ። ገጽ ሙሴ፡ ከም ወርሒ፡ ዝተለቅሖ ብርሃን በርሄ። ዘጽ.34፡29። የሱስ ግና፡ ከም ጸሓይ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ብርሃን በርሄ። ኣካላቱ ብግርማ ናይ ቅድስና ተዋሒጡ ነበረ። ማቴዎስ፡ ገጹ ከም ጸሓይ በርሄ፡ ይብለና። ካብ ሰብ ክርድኦ ዝኽእል ብርሃን፡ ብ- ካ እዛ ዝደመቐትን ኣዝያ ዝበርሄትን ጸሓይ፡ ንየሱስ ምስቲ ሰማያዊ ክብሩ ኪመሳሰሎም ዚኽእል የልቦን። "ክዳውንቱውን ብርቕርቕ ዚብል ጻዕዳ ከነ።"

**4. ኣኼባ ናይቶም ሰለስተ ክብሪ ዝለበሱ ሰባት።** ጥ. 30-31። በዚ እዋንዚ ሙሴን ኤልያስን ተገልጹ።

ሙሴ፡ ከም ምልክት ናይ ሕግታት ኣምላኽ 1) ወሃቢ ናይቲ ሕግታትን፡ - ማሪ ናይ ዘመን ኣይሁድን፡ ብዙሕ ዘመናት ኣቐዲሙ መገዲ ክርስቶስ ዘዳሉ ዝነበረን እዩ። 2) ሙሴ ምልክት ናይ የሱስ ነበረ፡ ብዛዕባ ምጽኣቱንው ተነበየ፡ ዘዳ. 18፡15-18። 3) ብሙሴ ምልክት ናይቲ ብየሱስ ዝተፈጸመ መስዋእቲ ዝኾነ፡ መስዋእቲ ናይ እንስሳታት ተሰርዔ።

ኤልያስ ምልክት ናይ ነብያት ነበረ። 1) ነብያት ብዛዕባ ምጽኣት ክርስቶስ ተነበዩ፡ መገዲውን ኣዳለዉሉ። 2) ብፍላይ ብዛዕባ ስቅያቱን ክብሩን ቀደም ብነብያት ተነጊሩ ነበረ።

ቀንዲ ዕላማ ናይ ኣኼባኦም፡ እቲ ኣብ የሩሳሌም ኪፍጸም ዝነበሮ ስቕለት ናይ የሱስ ነበረ። እዚ ኣኼባዚ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ እቲ ንሳቶም ዝፈርህዎን ዝጸልእዎን መስቀል፡ ኣድላዪ ከም ዝኾነ ዚገልጸሎም ነበረ። እቲ ኣብ መስቀል ዝተፈጸመ ምትዕ ራቕ፡ ዝዓበየ ተስፋ ናይ ዓለም ነበረ። እቲ በቲ መሲህ ዚመጽእ ድሕነት ከኣ፡ ብመስቀል ጥራይ ኪመጽእ ይኽእል ነበረ። መፈጸምታ ናይቲ ብሙሴ እተሰርዔ መስዋእትታት ከኣ እዩ። ንኹሉ ትንቢትን መስዋእትን ከኣ፡ ትርጒምን ጥቕምን ሃቦ። መሰረት ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ኣብ ምሉእ ዓለም እዩ። ቀንዲ ዕላማን ሓይልን ናይ ማሕበር ክርስቶስ፡ ኣብ ኩሉ ዘመናትውን እዩ።

**5. ዕላማ ናይ ምልዋጥ ትርኢት የሱስ።** 1) የሱስ በዚ እዋንዚ መልክዕ ናይ ሰብ ለቢሱ ስለ ዝነበረ፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ ጌተሰማኒ መላእኽቲ ዝደገፍዎ፡ ከምኡ፡ ንምጽንናዑን ንሓገዙን ነበረ። 2) ደቀ መዛሙርቲ በቲ የሱስ ዝነገሮም ናይ ስቅያቱን ሞቱን ኣዝዮም ሰምቢዶም ነበሩ። ብዘይ መስቀል ናብ ክብርን ዓወትን ዚበጽሕ ይመስሎም ስለ ዝነበረ፡ ምእንቲ ኪርድኡ እዚ ራእዩዚ ኣድለዮም።

እዚ ምልዋጥ ትርኢት የሱስ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ድሕሪ መስቀልን መቓብርን፡ ዝነበረ ክብረትን ግርማን ናይ ንጉሶም ኪርእዩ ደገፎም።

መምህሮም ብዛዕባ መንግስተ ሰማያት ክሳዕ ክንደይ ዝኣክል ምግዳስ ከም ዘለዎ ኪርእዩ ከኣሉ። እቲ የሱስ ዝነገሮም ትንሳኤ ድማ ትርጒሙ እንታይ ከም ዝኾነ ተረድኡ። ማቴ.16፡21-22። ኣብ መንጎ ሓድሽን ብሉይን ኪዳን ዘሎ ርክብን ስምምዕን ከኣ ተገልጸሎም። ዓስቢ ናይ እሙን ኣገልግሎት ብሙሴን ኤልያስን ኪርእዩ ከኣሉ። ከምዚ ዝበለ ዓስቢ ከም ዘሎ ዚፈልጥ ሰብ፡ ገዛእ ርእሱ ንምውፋይ ቀሊል እዩ።

**ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ።** እናጸለዩ ከለዉ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ድቃስ መጾም። ምስ ተበራበሩ ከኣ ዘገርም ራእዪ ረኣዩ። የሱስ ግርማ ለቢሱ፡ ክልተ ሰብውን ምስኡ ደው ኢሎም ራአዩ። ካብቲ ጴጥሮስ ዝበሎ፡ እቶም ሰባት ኪዓርጉ ከለዉ፡ ደቀ መዛሙርቲ እንታይ ከም እተሰምዖም፡ ክንርኢ ንኽእል። "መምህር፡ ንኣና ኣብዚ ክንነብር ጽቡቕ እዩ።' እዚ ጴጥሮስ ዝበሎ፡ ንዕዮ ናይ የሱስን ናይ ደቀ መዛሙርቱን እንታይ ከም ዘምጽኣሉ ከይተረድኤ፡ ዝበሎ ነበረ። "ዳስ ሰሪሕና ኣብዚ ንቀመጥ በለ።" ግናኸዐእዚ ዝረኸቦ በረኸትሲ ምእንቲ ኣብ ህይወት ኪጠቅሞምን ኪዓዩሉን ዝተዋህቦም ደኣ ነበረ እምበር፡ ንበይኖም ኪዓቑርዎ ዝተዋህቦም ኣይነበረ።

**ካብ ሰማይ ዝመጸ ድምጺ።** ጥ.34-35። ጴጥሮስ ኪዛረብ ከሎ ብደበና እተኸወለ ክብሪ ኣምላኽ መጺኡ፡ "እዚ እቲ ዝሓሬኽዎ ወደይ እዩ፡" ዚብል ድምጺ ካብቲ ደበና መጸ። ኣምላኽ ኣብዚ እንደገና፡ ከምቲ ኣብ ጥምቀቱ፡ የሱስ እቲ ፍቁር ወዱ ከም ዝኾነ፡ መስከረሉ። ድሕርዚ ደቀ መዛሙርቲ ብፍርሃት ብገጾም ናብ ምድሪ ወደቑ፡ ይብለና ማቴዎስ። የሱስ መጺኡ ተንከፎም እሞ፡ "ተንስኡ ኣይትርፍሁ፡" በሎም። ቍሊሕ ምስ በሉ ንየሱስ በይኑ ረኸብዎ። የሱስ ከኣ ነቲ ኩሉ ዝረኣይዎ ክሳዕ ድሕሪ

ትንሳኤ ከየግህድዎ ኣዘዞም። ክሳዕ ሽዑ ትርጉሙ ፈጺሙ ክርድኦም ኣይከኣለን።

**6. ምውራድ ካብቲ ከረን፡፡** እቶም ደቀ መዛሙርቲ ካብቲ የሱስ ዝተለወጠሉ ከረን፡ ናብቲ ብክፉኣትን ስራሕን ውግእን ዝተመልኤ ዓለም ወረዱ። ሰማያዊ ራእዩን ተመክሮን ሒዞም ናብ ሓጥእ ዓለም መጹ። እዚ ራእዩዚ ማንም ራእዩ ኣይነበረን፡ ንህይወት ሰብ ኪቕይር ዝኽእል ሓይሊ ነበሮ። እዚ ተመክሮዚ ሓንሳእ ጥራይ እዮም ረኺቦምዎ፡ ግናኸ በረኸቱ ንምሉእ ህይወቶም ኣንጸባረቐ። ንከሎ ዕድሚኦም ዝኸውን ሓይልን ምጽንናዕን ረድኤትን ረኸቡ። ዝሓለፈ ምንቅቓሕ ኣብ ህይወት ሓደ ክርስትያን ኰነ ኣብ ሓንቲ ማሕበር እንተ ዘይቀጸለ እኳ ነጸብራቑን በረኸቱን ፈጺሙ ኣየጥፍእን እዩ። ኵለንትናካ ዚልውጥ ተመክሮ ከይረኸብካ፡ ናይ ሓቂ ጠቓሚ ህይወት ኪህልወካ ዘይክኣል እዩ።

**ሕቶታት**

1. ጥቕሚ ምልዋጥ ትርኢት ናይ የሱስ እንታይ ነበረ?

2. ስለምንታይ እዮም በዚ እዋንዚ እቶም ሰለስተ ጥራይ ምስ የሱስ ዝነበሩ?

3. እቲ ጴጥሮስ ዝበሎ ዘረባ ጽቡቕዶ ነበረ? ሰለምንታይ?

4. የሱስ ቅድሚ ናብ ብርቱዕ ዕዮ ወይ በረኸት ምእታው፡ እንታይ ይገብር ነበረ?

**መረድኢ**

**ግርማ የሱስ**

ብዙሕ ዓመታት ይገብር፡ ጸሓይ ብወርሒ ምስ ተከወለት፡ ኤክሊፕስ ምስ ኰነ፡ ኣብ ገለ ወገን ናይ ምድሪ ፍጹም ጸልማት ኰነ። ሓንቲ ቈልዓ ኣብ ደገ በይና ትጻወት ነበረት። እንታይ ይኸውን ከም ዘሎ ከይፈለጠት፡ እቲ ምድሪ እናጸልመተ ኪኸይድ ረኣየት። ምሸት ኣይነበረን፡ ደበና ከኣ ክትርኢ ኣይከኣለትን። ኣዝዩ እናጸ ልመተ ብዝኸደ ግና፡ እታ ቈልዓ ሰምቢዳ ዓው ኢላ ክትበክን ክትጽውዕን - መረት። ደሃያ ዝሰምዔ ሰብ ከኣ መጺኡ ሓቘፉ። ድሕርዚ እታ ጸሓይ እንደገና በርሄት። እታ ቈልዓ ኢዳ እናጣቕዔት፡ "ጽቡቕቲ ጸሓይ፡ ጽብቕቲ ጸሓይ፡ ኢላ ተሓጕሰትን ዘለለትን።

እቲ ጸሓይ ናይ ጽድቂ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ፡ ነቶም ካብ ጸልማት ናይ ሓጢኣት ናብ ብርሃን ናይ ጽድቂ ኪመጹ ዚደልዩ ሰባት፡ ክንደይ ኣዝዩ ዝበለጸን ዝደመቐን ግርማን መልክዕን ዘይህብ።

## የሱስ እቲ እንጌራ ህይወት

### ቅዱስ ጽሑፍ - ዮሃ. 6፥25-35

25- ኣብ ስግር ባሕሪ ምስ ረከብዎ ከኣ፡ ረቢ መኣዝ ናብዚ መጻእካ? መልዎ።

26- የሱስ ድማ፡ እትደልዩኒ ዘሎኹምሲ እንጌራ ስለ ዝበላዕኩምን ዝጸገብኩምን ኢኹም እምበር፡ ተኣምራት ስለ ዝርኤኹም ከም ዘይኮንኩም፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡

27- ወዲ ሰብ ንእኡ ኣቦ፡ ንሱ ከኣ ኣምላኽ ሓቲምዎ እዩ እሞ፡ ነቲ ንሱ ዚህበኩም ንዘለኣለም ህይወት ዚነብር ብልዒ እምበር፡ ነዚ ሓላፊ ብልዒ ኣይትግበሩ፡ ኢሉ መለሰሎም።

28- ስለዚ ንሳቶም፡ ግብሪ ኣምላኽ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር? በልዎ።

29- የሱስ ከኣ፡ ግብሪ ኣምላኽ በቲ ንሱ ዝለኣኾ ክትኣምኑ እዩ፡ በሎም።

30- ስለዚ ርኢና ክንኣምነካስ እንታይ ትእምርቲ እሞ ትገብር? እንታይከ ትገብር ኣሎካ

31- ኣቦታትና፡ ከምቲ ክጽሕፍ ካብ ሰማይ እንጌራ ሃቦም፡ ዚብል እተጻሕፈ፡ ኣብ በረኻ መና በልዑ፡ በልዎ።

32-33 ሽዑ የሱስ፡ እቲ ካብ ሰማይ ዚወርድ ንዓለምውን ህይወት ዚህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ እሞ፡ ነቲ እንጌራ ሓቂ ካብ ሰማይ ዚህበኩም ኣቦይ እዩ እምበር፡ ነቲ እንጌራ እቲ ካብ ሰማይ ዝሀበኩምሲ ሙሴ ከም ዘይኮነ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ በሎም።

34- ሽዑ ንሳቶም፡ ጐይታይ እቲ እንጌራ እቲ ኩሉ ሳዕ ሃበና፡ በልዎ።

35- የሱስ በሎም፡ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን፡ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ከቶ ኣይጸምእን እዩ።

***ዝጽናዕ ጥቕሲ፡፡*** እንጌራ ህይወት ኣነ እየ፡ ናባይ ዚመጽእ ከቶ ኣይጠምን እዩ። ዮሃ. 6፥35።

### መዓልታዊ ትምህርቲ

*ጊዜ፡፡* ድሕሪ እታ ነቶም ሓሙሽተ ሽሕ ሰባት ዝመገበሉ መዓልቲ። የሱስ ወዲ 32 ዓመት ነበረ። ኣብ ወርሒ ሚያዝያ እትርከብ ሰንበት ነበረት።

**ሰፈር፡፡ ብሰሜናዊ ወገን ናይ ባሕሪ ገሊላ፡ ቅፍርናሆም፡ እትብሃል ዓዲ።**

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡ የሱስ መግቢ ናይ መንፈሳዊ ህይወት እዩ።**

*መግለጺ*

***መእተዊ፡፡-*** ድሕሪ ምምጋብ ናይቶም ሓሙሽተ ሽሕ፡ እቶም ህዝቢ ንየሱስ ከኣምንዎ ዓ -መሩ እሞ፡ መንዚዮም ንጉስ ኪገብርዎ ደለዩ። ኵሉ ፍጥረት ዝእዘዞ፡ ጉድለት ናይ ኵሉ ዝምልእ። ካብዚ ዝበልጽ መራሒ ኣይክንረክብን ኢና ኢሎም ሓሰቡ።

የሱስ ግና ነቶም ሓሙሽተ ሽሕ ነናብ ቤቶም ሰደዶም። ንደቀ መዛሙርቱ ከኣ ብጃልባ ገይሮም ናብ ቤተ-ሳይዳ ኪሓልፉ ኣዘዞም። ድሕርዚ ንበይኑ ናብ ሓደ ከረን ከይዱ፡ ምሉእ ለይቲ ኪጽሊ ሓደረ። የሱስ ንበይኑ ኪጽሊ ምስ ከደ፡ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ቤተ-ሳይዳ ገጾም ይኸዱ ነበሩ። እናኸዱ ከለዉ፡ ብሃንደበት ኣብቲ ባሕሪ ብርቱዕ ማዕበል ተላዕለ።

ደቀ መዛሙርቱ በቲ ማዕበል ኪጭነቑ ከለዉ፡ የሱስ ኣማዕድዩ ይርእዮም ነበረ። ንበይኖም ዝጭነቑ ዝነበሩ መሰሎም፡ ግናከ ኣዒንትን ልብን ናይ የሱስ ኣብኦም ነበረ። ድሕርዚ የሱስ ብማእከል እቲ ማዕበል መጾም። የሱስ ናብታ ጃልባ ገጹ ምስ ቀረበ፡ ጴጥሮስ ብሓገዝ የሱስ በቲ ማዕበል ኪኸይድ ደለየ። ናብቲ ባሕሪ ረገጸ እሞ ቁሩብ ኪኸይድ ከኣለ። ግናከ ናብቲ ማዕበል ጠመተ እሞ ኣብ ክንዲ እምነቱ ናብ የሱስ ዝገብር፡ ፈርሄ፡ ኪጥሕል ከኣ -መረ። ድሕርዚ የሱስ ብኢዱ ሒዙ ናብታ ጃልባ ኣእተዎ።

እዚ ተመክሮዚ ንእምነትን ተስፋን ትብዓትን ናይ ጴጥሮስ ትምህርቲ ዚህብ ነበረ። ድሕርዚ የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ብጃልባ ገይሮም ናብቲ ዝደለይዎ ስፍራ በጽሑ።

**1.** ***ሓላፊ ብልዒ ምድላይ፡፡*** ጥ.25-27። ካብቶም ብተኣምራት ዝተመገቡ ሰባት፡ የሱስ ምስቶም ደቀ መዛሙርቱ ኪኸይድ ስለ ዘይረኣይዎ፡ ግና ኣብቲ ዝተመገቡሉ ሰፈር ዘሎ መሲልዎም ንጽብሒቱ ናብኡ መጹ። ኣብኡ ምስ ሰኣንዎ ከኣ እናደለይዎ ናብ ቅፍርናሆም ከዱ። ኣብ ቅፍርናሆም ምስ ረኸብዎ፡ "ረቢ፡ መኣዝ ናብዚ መጺእካ?" ኢሎም ሓተትዎ። የሱስ፡ ነዚ ሕቶዚ ዘይኰነስ፡ ነቲ ናይ ውሽጢ ድሌቶም መለሰሎም። "እትደልዩኒ ዘሎኹምሲ እንጌራ ስለ ዝበላዕኩምን ዝጸገብኩምን ኢኹም" በሎም። እቲ ተኣምራት ምልክት ናይ ፍቕሪ ኣምላኽነቱ፡ የሱስ እቲ መሲህ ከም ዝኾነ ዚገልጽን፡ ንየሱስ ኬፍቅርዎን ከኣምንዎን ዚዕድሞምን፡ ከም ዝኾነ ኣይተረድኡን። እቲ ናይ ወጻኢ ደኣ እምበር፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ተኣምራት ክርእዩ ኣይከኣሉን። እዚ ከኣ እቲ ኣረኣእያኦም ዕምቆት ዘይብሉ ስለ ዝኾነ ደኣ እምበር፡ ግቡዛት ስለ ዝኾኑ ኣይኮነን። ኪሓውዩን ኪጸግቡን ደኣ እምበር፡ እቲ ተኣምራት ምልክት ከም ዘለዎ ከስተብህሉ ኣይከኣሉን።

የሱስ “ነዚ ሓላፊ ብልዒ ኣይትግበሩ፡” በሎም። ንሕናውን ቀንዲ ዕላማ ናይ ተግባራትናን ዕዮናን መግቢ ኪኸውን የብሉን። ምእንቲ በሊዕናስ ናብ ዝለዓለን ዝሓሸን ነገራት ክንበጽሕ ኢልና ክንዓዩ ይግባእ። እቲ ንዕዮ ጐይታ ምእንቲ ብግቡእ ክካይድ ኢሉ ዝዓዩ፡ ምእንቲ ብልዒ ኢሉ ኣይኮነን ዚዓዩ። ምእንቲ ዕዮ ኣምላኽ ደኣ እምበር። እቲ ክርስትያናዊ ህይወት ምእንቲ ኪነብር፡ ንኣምላኽ ከኣ ምእንቲ ከገልግል ኢሉ ዚዓዮ፡ ምእንቲ ሓላፊ መግቢ ኣይኮነን ዚዓዮ። ቅድም ምድራዊ ዕግበት ምድላይ፡ ክንቱን ሕሱርን እዩ። ቅድሚ ኩሉ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክንደሊ ይግባእ።

***2. እንጌራ ህይወት ምድላይ።።*** ጥ.27-29። ነቲ ንናብራና ዝትንክፍ ነገራት፡ ወትሩ ህይወትና ንውፊ ኢና። እቲ እንውፍዮ ዘበለስ ነቲ፡ “ንዘለኣለም ህይወት ዚነብር ብልዒ” ይኹን። ህይወትና ነቲ ዝረአን ጊዜያዊ ዝኾነን ዘይኮነስ፡ ንዘይረአን ዘልኣለማዊ ዝኾነን ክንውፊ ይግባእ።

ነፍሲ ልክዕ ከም ኣካላት መግቢ የድልያ እዩ። ነፍስ ወከፍ ክፍሊ ናይ ነፍሲ፡ ዘዕ ብዮን ሓይሊ ዚህቦን ኣብ ፍጹምነት ናይ ባህሪ ዘብጽሑን መግቢ ኣለዉ። ንነፍሲ ዚምግብ ዘበለ፡ ንባህሪ ይሃንጽ፡ ንእምነትን ፍቕርን ተስፉን ደግነትን የብዝሖ፡ ንሕልና ንጹህ ይገብሮ፡ ንፍቓድ ምሂሩ ንፍርዲ የቕንዮ፡ ንነፍሲ ከኣ ንጽህትን ቕድስትን ዝኾነት፡ ንመንግስተ ሰማያት ዝበቅዕ ህይወት ንምንባር፡ ይድግፋ። እዚ ኩሉ ብእንጌራ ህይወት ይርከብ።

እዚ እንጌራዚ፡ “ወዲ ሰብ ዚህበኩም“ እንጌራ እዩ። ድሮ ዝተዋህበ እንጌራ እዩ፡ ግናኸ እንተደኣ ክንረክዕ ካዕና ጌና ክንጽዕረሉ ኣሎና። ኣምላኽ ንኩሉ ህያባቱ ክንጽዕ ረሉን ብምሉእ ልብን ክንደልዮን እዩ ዝደልየና። ዕለታዊ መግብና ይህበና እዩ፡ ግናኸ ክንሰርሓሉ ኣሎና። ትምህርቲ፡ ጥበብ፡ ጽቡቕ ኣመል፡ ከኣ ይህበና እዩ። ግናኸ ክንዓየሉ ኣሎና። እንተ ዓየናሉ እኳ ህያብ ከም ዝኾነ ኣይንረስዕ፡። እቲ ሰማያዊ ኣቦና ነዕዋፍ ከይተረፈ ይምግበን፡ ግና ከይደን መግበን ክኣርያ ኣለወን። ንዕምባባታት ይሓልየሎም፡ ግና በቲ ባህርያዊ መገዲ ኪምገቡ ኣለዎም። ህያባት ናይ ኣምላኽ ዓስቢ ኣይኮነን። ሓጢኣት ግና ዓስቢ ወይ ደሞዝ ኣለዎ። እቲ ኣምላኽ ዝህበና ናይ ዘለኣለም ህይወት፡ ብገለ ነገር ኪዕደግ ኣይከኣልን እዩ።

ከመይ ጌይሩ የሱስ ነዚ ህይወትዚ ብከምኡ ንሰብ ኪህቦ ይኽእል? “ንእኡ ኣቦ፡ ንሱ ከኣ ኣምላኽ ሓቲምዎ እዩ።” ንሓደ ነገር ብገለ ምልክት ጌርካ ምስ እትሓትሞ፡ እቲ ነገር ካብቲ ዋናኡ ማለት ካብቲ ዝሓተሞ ከም ዝመጸ ትርኢ። ኣምላኽ ንየሱስ ከኩሉ ሰብ ክርድኦ ብዝኽእል ምልክት ጌይሩ ሓተሞ።

ሀ. በቲ ኣብ ቅዱስ ጽሑፋት ዝርከብ ምስክር ገይሩ ሓተሞ።

ለ. በቲ ኣብ ጥምቀቱ ካብ ሰማይ ዝመጸ ድምጺ፡

ሐ. ብግብሩን ትኣምራቱን።

የሱስ፡ ነቲ ንዘለኣለም ዚነብር ዕየዩ፡ ምስ በሎም፡ እቶም ህዝቢ፡ "ግብሪ ኣምላክዐ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር" ኢሎም ሓተትዎ። "የሱስ ከኣ ግብሪ ኣምላክዐ በቲ ንሱ ዝለኣኮዐ ክትኣምኑ እዩ፡ በሎም።" ካብቲ ናይ ወጻኢ ኵነታት፡ ናብቲ ናይ ውሽጢ ማለት ምንጪ ናይ ኵሉ ጽቡቕ ነገራት፡ ክስተብህሉ ደለዮም። ኣብ የሱስን ተግባራቱን ምስ እንኣምን ጥራይ ኢና ንኣምላክዐ ከነስምሮ እንኽእል። በዚ ጥራይ ኢና ከኣ ናብ ናይ ሓቂ ምድሓን እንበጽሕ። ንየሱስ ከም መምህርናን ጐይታናን መድሓኒናን ምስ እንቕበሎ፡ ትምህርቱን ሓቁን ንኣና ምንጪ ናይ ህይወት ይኸውን።

እምነት፡ ግብሪ ኣምላክዐ ትሰርሕ። እቲ ንክርስቶስ ዝቕበሎ ፍቓድ ኣምላክዐ ይፈልጥ። የሱስ ቅኑዕ ዘበለ ጥራይ እዩ ዝእዝዝ። ንሱ፡ ነቲ ምንጪ ናይ ኵሉ ጽቡቕ ግብሪ ዝኾነ መንፈሳዊ ህይወትን ፍቕርን የልብሰና።

***3. ትእምርቲ ምድላይ፦*** ጥ.30-33። "ርኢና ክንኣምነካስ እንታይ ትእምርቲ እሞ ትገብር?" ናይ ሓቂ እምነት መሰረት ኪህልዎ ኣለዎ። ኣምላክዐ ርግጽነት ዘይብሉ እምነት ኪህልወና ኣይደልን እዩ። እቲ ዝሓተትዎ ሕቶ፡ ክርስቶስ እቲ ናይ ሓቂ መሲሀ ምኻኑ ርግጽነት ምእንቲ ኪረክቡ እንተ ከኣ፡ ቅኑዕ እዩ። የሱስ ርግጽነት ዘይብሉ ዕዉር እምነት ካባና ኣይጽበን እዩ። ቅድም ዝተዋሀበና ምልክት ምእማን ኣቢናስ፡ ካልእ ምልክት ምስ እንደሊ፡ እዚ ሓጢኣት እዩ።

እቶም ህዝቢ ካብቲ ሙሴ ኣብ በረካዐ ዝገበሮ ዝዓቢ ተኣምራት ደለዩ። ማና ካብ ሰማይ ስለ ዘውረደ፡ ሙሴ ነብዪ ናይ ኣምላክዐ እዩ በሉ። እቲ ሙሴ ዝገበሮ ተኣምራት ምስቲ ተኣምራታዊ መግቢ ናይ የሱስ ኣነጻጺርዎ፡ እቲ ናይ ሙሴ ንነዊሕ እዋንን ንብዙሕ ህዝብን ስለ ዝነበረ፡ ካብቲ ናይ የሱስ ዝዓቢ ኰይኑ ተሰምዖም።

የሱስ ከኣ፡ "ነቲ እንጌራ ሓቂ ካብ ሰማይ ዚህበኩም ኣቦይ እዩ እምበር፡ ነቲ እንጌራ እቲ ካብ ሰማይ ዝህበኩምሲ ሙሴ ኣይኮነን።" ሙሴን ኣሮንን እቲ ማና ከም ዝመጽእ ነቶም ህዝቢ ነገርዎ ደኣ እምበር፡ ባዕላቶም ዘምጽእዎ ኣይነበረን። ኣምላክዐ እዩ ነቲ ማና ዝሰደዶ፡ በዚ እዋንዚ ከኣ ነቶም ህዝቢ እቲ እንጌራ ሓቂ ይህቦም ነበረ። ኣምላክዐ እዩ ነቲ ንሰባት ኣውራ ዘድልዮም ንዘልኣለም ዘዕግብ እንጌራ ናይ ነፍሲ ዚህብ። ማና ምልክት ናይዚ ናይ ሓቂ እንጌራ ነበረ። ማና ካብ ላዕሊ ማለት ካብ ጠፈር ብኣምላክዐ ተላእከ። የሱስ እቲ እንጌራ ሓቂ ግና ካብ ማእከል ሰማይ እዩ ዝመጸ።

***4. የሱስ እቲ እንጌራ ህይወት፡፦*** ጥ. 34-35። "ጐይታይ፡ እቲ እንጌራ እቲ ከዐ ኩሉ ሳዕ ሃበና፡ በልዎ።" እቶም ህዝቢ እዚ ኪብሉ ከለዉ በብዓይነቱ ምርዳእ ሓዲርዎም ነይሩ ይኸውን። ገሊኦም ንኣካላቶም ዝኸውን ስጋዊ መግቢ ማለቶም ይኾኑ፡ ገሊኦም ካልእ በረከት ማለቶም ይኾኑ፡ ገሊኦም ግና ብርግጽ መንፈሳዊ ጥሜት ስለ ዝነበሮም፡ መንፈሳዊ መግቢ ማለቶም ነበሩ

የሱስ ከኣ፡ “እንጌራ ህይወት ኣነ እየ፡ ናባይ ዝመጽእ ኣይጠምን እዩ።” ንሰብ መንፈሳዊ ህይወት ኣምጽኣሉ። እቲ ብእኡ ዝመጸ መንፈሳዊ ህይወት፡ ዘለኣለማዊ ህይወት እዩ። ንከኹሉ ክፍሊ ናይ ነፍሲ ዘዕግብ መግቢ ስለ ዘለዎ፡ ንነፍሲ የዕብያ። ነፍሲ ካብቲ እንጌራ ህይወት ምስ እትበልዕ፡ ባህሪ ናይ ሰብ እናዓበየን እናጸበቐን ይከይድ። ከም ናይ የሱስ ዝበለ ባህሪ ድማ ይከውን። ነፍሲ፡ የሱስ ጥራይ ከዕግቦ ዝክእል ብዙሕ ዓይነት ጥሜት ኣለዋ። ካብኡ ምስ እትበልዕ ከኣ፡ መሊሳ ከም ዘይትጠሚ ገይሩ ከዕግባ ይክእል። እቲ የሱስ፡ ዝተባረከዐ ጥሜት፡ ዝበሎ፡ ማለት ጥሜት ንጽድቂ ግና ወትሩ ኪህልዋ እዩ። እዚ ማለት ኵሉ ግዜ ንጽድቂ ምድላይ ማለት እዩ። ኵሉ ግዜ ከኣ ኪዓግብ እዩ። እቲ ናብ የሱስ ዝመጽእ፡ ኪዓግብ ዘይክእል፡ ቃንዛ ዝመልእ ጥሜት ኣይኰነን ዘለዎ። ነፍሲ ብዙሕ ድልየትን ጥሜትን ኣለዋ፡ የሱስ ግና ንከኹሉ ዘጽግብ እንጌራ ህይወት ኣለዎ።

ሕቶታት

1. ስለምንታይ እዮም እቶም ህዝቢ ንየሱስ ዝደለይዎ?
2. ካብኡ ትእምርቲ ኪደልዩስ ቅኑዕዶ እዩ?
3. የሱስ ንምንታይ እዩ ኣውራ ኪጽዕሩ ወይ ኪዓዩ ዝነገሮም?
4. እቲ ኣቦ ዝህቦ ናይ ሓቂ እንጌራ እንታይ እዩ?
5. ኣየናይ ዓይነት ጥሜት እዩ የሱስ ከጽግቦ እየ ኢሉ ዘተስፈወ? እቲ ጥሜት እቲከዐ ብከመይ ዝበለ መገዲ ኪዓግብ ይክእል?

መረድኢ

ቁሩብ ዓመታት ይገብር፡ ንፖምፐይ እትብሃል ብእሳተ ጎመራ ዝተደምሰሰት ከተማ ኪከፉቱ ከለዉ፡ ኣብ ግርምብያለኣ ብዙሕ ስልማት ክትእክብ ዝሞተት ሰበይቲ ተረኽበት። ሓደ ሃብታም ሰብኣይ፡ ነቲ ኣብቲ ከተማ ዝመጽእ ዝነበረ እሳተ-ጎመራ ርእዩ፡ ንህይወቱ ካብ ሃብቱ ኣብሊጹ ስለ ዝፈተዋ፡ ዝሃደመ ይመስል። እታ ሬሳኣ ዝተረኽበት ሰበይቲ ግና፡ ነቲ እዚ ሰብኣይ ሓዲግዎ ዝሃደመ ስልማት ምእንቲ ክትእክብ ኢላ፡ ንቑሩብ ግዜ ደንጎየት። ህይወታን ስለማታን ከኣ ኣጥፈኤት። ከምኡ ከኣ እቶም ንኣምላክዐ ዝኣምኑ ንከኹሉ ዓለማዊ ተድላ ሓዲጎም፡ ነፍሶም ኪድሕኑ ይክእሉ። እቶም ንሓላፊ ነገራት ኪደልዩን ክጽዕሩን ከለዉ፡ ፍርዲ ኣምላክዐ ዝመጾም ግና ነፍሶምን ጥሪቶምን ብሓንሳእ ኬጥፍኡ እዮም።

“ነቲ ንሱ ዝህበኩም ንዘለኣለም ህይወት ዝነብር ብልዒ እምበር ነዚ ሓላፊ ብልዒ ኣይትግበሩ።”

## የሱስ ኣብቲ በዓል ዝገበሮ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ዮሃ. 7፥14, 28-37

14- የሱስ ኣብ ፍርቂ እቲ በዓል ናብ ቤተ መቕደስ ደዪቡ ይምህር ነበረ።

28- የሱስ ከኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ኪምህር ከሎ፡ ዓው ኢሉ፡ ንኣይ ትፈልጡኒ፡ ካበይ ምዃነይውን ትፈልጡ ኢኹም። ኣነ ብርእሰይ ኣይመጻእኩን፡ እቲ ዝለኣኸኒ ግና ሓቀኛ እዩ፡ ንእኡ ንስኻትኩም ኣይትፈልጥዎን ኢኹም።

29- ኣነ ግና ካብኡ እየ፡ ንሱውን ልኢኹኒ እዩ እሞ፡ እፈልጦ እየ፡ በለ።

30- ስለዚ ከጥሕዝዎ ደለዩ። ጊዜኡ ስለ ዘይበጽሐ ግና፡ ኢዱ ዘልዓለሉ የልቦን።

31- ካብቶም ህዝቢ ከኣ ብዙሓት ብእኡ ኣመኑ እሞ፡ ክርስቶስ ምስ ዚመጽእከ፡ ካብዚ ንሱ ዝገብሮ ትእምርቲ ዚበዝሕዶ ኪገብር ኢሉ? በሉ።

32- ፈሪሳውያን ድማ እቶም ህዝቢ ብዛዕባኡ እዚ ኢሎም ከም ዘጕረምረሙ ሰምዑ። ሊቃውንቲ ካህናትን ፈሪሳውያንን ከኣ ኪሕዝዎ ገላውኦም ለኣኽዎ።

33- ስለዚ የሱስ ገና ቕሩብ ዘመን ምሳኻትኩም እየ፡ ናብቲ ዝለኣኸኒ ከኣ ክኸይድ እየ።

34- ክትደልዩኒ ኣይክትረኽቡንን ኢኹም፡ ናብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ከኣ ንስኻትኩም ክትመጹ ኣይኮነልኩምን እዩ፡ በሎም።

35- ስለዚ ኣይሁድ፡ ንሕና ከይንረኽቦ ዘይኮነልናስ እዚ ናበይ ኪኸይድ ኰን ሓሊኑ እዩ፡ ናብቶም ኣብ ሃገር ጽርኢ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ደኸዎን ኪኸይድ እሞ፡ ነቶም ጽርኣውያን ኪምህር ሓሲቡ ከይኰኑ?

36- ክትደልዩኒ ኣይክትረኽቡንን ኢኹም፡ ናብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ክትመጹ ድማ ኣይኮነልኩምን፡ ዚብሎ ቃልሲ እንታይ እዩ ተባሂሉ።

37- በታ ዳሕረይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል የሱስ ደው ኢሉ ጨደረ በለውን፡ ዝጸምኤ እንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** *ዝጸምኤ እንተሎ፡ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ። ዮሃ. 7፥37።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ጥቅምቲ፡ ኣብ መበል 32 ዓመቱ ንየሱስ፡ 6 ወርሒ ድሕሪ ነቶም ሓሙሽተ ሽሕ ምምጋቡ።

**ሰፈር፡፡** ኣብ ኣፍ ደገ ናይ ቤተ መቕደስ ናይ የሩሳሌም።

**በዓል ናይ ቤተ መቕደስ።** እዚ በዓልዚ ኩሉ ሰብ ዚእከበሉ፡ በዓል ናይ ምስጋና ናይ ቀውዕን፡ መዘከርታ ናይ ምውጻእ ካብ ባርነቶምን ነበረ። ኣብዚ በዓልዚ ዚግበር ኩሉ ምልክት ነበሮ። እቲ በዓል ምልክት ናይ ሓጐስን ምስጋናን ተስፋን እዩ። ምፍሳስ ማይ ምልክት ናይ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ እዩ። መብራህቲ ናይቲ ቤተ መቕደስ ምልክት ናይ ብርሃን ኣምላኽ እዩ። እቲ ናይ ብሩር መለኸት ምስ ዚንፋሕ ከኣ ነቶም ደቂ ኣምላኽ ካብ መንፈሳዊ ምንብዓዝ ክተንስኦም ማለት ነበረ።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ናይ ሎሚ ትምህርቲ ተጻይነት ናይ የሱስ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ካብቲ ተጻይነት እንታይ ጽቡቕ ከም ዝመጸ ይምህረና።

**መግለጺ**

**1. የሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ኪምህር ከሎ፡፡** ጥ.14። ኣብ የሩሳሌም ንየሱስ ተጻይነት ክሳዕ ክንድቲ ስለ ዝበዝሐ፡ ሓንቲ ነገር ከስልጥ ኣይከኣለን። ዮሃ. 7፡1። ስለዚ የሱስ ንየሩሳሌም ገዲፉ ኣብ ገሊላ ጥራይ ኪሰርሕ - መረ።

ኣብ ሓንቲ ካብተን ሰለስተ ዓበይቲ በዓላት ናይ ኣይሁድ ግና፡ የሱስ ብትብዓት ናብ የሩሳሌም ኪኸይድ ይኽእል ነበረ። ስለምንታይ በዚ እዋንዚ ብዙሓት ፈተውቲ የሱስ ናብ የሩሳሌም ይመጹ ነበሩ እሞ፡ ንየሱስ ገለ ነገር ምስ ዚገብርዎ ናዕቢ ከም ዝልዓል ይፈልጡ ነበሩ። ማር. 11፡8፣ 32። ማር. 12፡12።

እቲ በዓል ዚጅመረሉ እዋን ምስ ኣኸለ፡ የሱስ ናብ የሩሳሌም ከይዱ ኣብታ ቤተ መቕደስ ይምህር ከም ዘሎ ተወርየ። ድንገት ወይ መከራ ከም ዝንነፎ እናፈለጠ፡ የሱስ ኩሉ ጊዜ ኣብ ስርሑ እሙን ነበረ።

**2. የሱስ ብምንታይ ስልጣን ይምህር ከም ዝነበረ በቲ ዝመጾ ተጻይነት ተገልጸ።** ጥ. 28-31። እቲ ንየሱስ ዝመጾ ተጻይነት፡ የሱስ ካበይ ከም ዝመጸ፡ መን ከኣ ከም ዝለኣኾ፡ ገለጸ። እቶም ህዝቢ ኩሉ ብዛዕባ የሱስ ዝፈልጡ ይመስሎም ነበረ። ስድራኡ እንመን ከም ዝኾኑ፡ ኣበይ ከኣ ከም ዝቕመጡ ይፈልጡ ነበሩ። እቲ መሲህ ግና፡ ባዕ ላቶም ብዝምሃዝዎ፡ ብምስጢራዊ ዝኾነ መገዲ ዚመጽእ ይመስሎም ነበረ። ስለዚ እቲ ዝጽበይዎ ዝነበሩ መሲህ ንሱ ምዃኑ ምስ ነገሮም፡ ስለ ዘይኣመንዎ፡ ኣንጻሩ ተላዕሉ።

"የሱስ ከኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ኪምህር ከሎ፡ ዓው ኢሉ፡ ንኣይ ትፈልጡኒ፡ ካበይ ምዃነይውን ትፈልጡ ኢኹም፡" በሎም። ትርኢቱን ስድራቤቱን ንብረቱን ይፈልጡ ነበሩ። በቲ ኣብ ቅድሚኦም ዝገበሮ ትእምርትታት ከኣ፡ ንሱ ካብ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ኪፈልጡ ነበሮም። የሱስ ከኣ፡ "ኣነ ብርእሰይ ኣይመጻእኩም፡ እቲ ዝለኣኸኒ ግና ሓቀኛ እዩ፡ ንእኡ ንስኻትኩም ኣይትፈልጥዎን ኢኹም።" የሱስ ኣብዚ፡ ካብቲ ንሳቶም ዘይፈል ጥዎ ሓቀኛ ዝኾነ ኣምላኽ ከም እተላእኸ ይነግሮም። ስሱዓትን ሓጥኣንን ዘይንጹህ ልቢ

ዝነበሮምን ነበሩ። ርግጽ እዩ ብዛዕባ ኣምላኽ ይፈልጡ ነበሩ። ግናኸ ሕያውነትን ፍቕርን ብርሃንን ምድሓንን ናይ ኣምላኽ ኣይፈልጥዎን ነበሩ። ስለዚ ንየሱስ ኮነ ንመልእኹ ክርድእዎ ኣይከኣሉን። "ኣነ ግና እፈልጦ እየ።" የሱስ ምስ ኣቦ ስለ ዝነበረ፣ ንሱ ከኣ ስለ ዝለኣኾ፣ ንኣምላኽ ንሱ ጥራይ እዩ ዚፈልጦ።

እቶም ተጻረርቱ በቲ የሱስ ዝበሎ ተናዲዶም ኪሕዝዎ ደለዩ። ግናኸ፣ እዋን ኣምላኽ ገና ኣይኣኸለን ነበረ። የሱስ፣ እቲ ናብ ዓለም ዘምጽኦ ስርሑን፣ ንደቀ መዛሙርቱ ምምሃሩን ገና ኣይወድኤን ነበረ።

እቶም ዓበይቲ ኪቐትልዎ እኳ እንተ ደለዩ፣ ብእኡ ዝኣመኑ ብዙሓት ሰባት ነበሩ። እቲ የሱስ ዝመሃሮ ትምህርቲ ንከፀቱ ኣይነበረን። ገለ ሰባት እኳ ኣንጻሩ እንተ ነበሩ፣ ገለ ከኣ ዝፈትውዎን ዝኣምንዎን ስለ ዝነበሩ፣ የሱስ ተስፋ ኪቘርጽ ኣይከኣለን። እቶም ዝተቐበልዎ፣ ንሱ መሲህ ከም ዝከፍአ ኣሚኖም ከም መድሓኒኦምን መምህሮምን ገይሮም ወሰድዎ። ከምዚ ከኣ በሉ፣ "ክርስቶስ ምስ ዚመጽእ፣ ካብዚ ንሱ ዚገብሮ ትእምርቲ ዚበዝሕዶ ክገብር ኢሉ?" የሱስ፣ ንሱ እቲ መሲህ ምኽንያቱ ዝኣክል መግለጺ ሂቡና ኣሎ፣ ማለቶም ነበሩ። ተኣምራት፣ ኣምላኽ ንልኡኹ ዝህቦ ማሕተም ነበረ። ምልክት ናይቲ ፍቕሪ ዝመልኦ ለውሃቱን፣ ንምሕጋዝ ሰባት ዝነበሮ ሃረርታኡን፣ ኣብ ልዕሊ ክፍኣት ዘለዎ ምልከትን፣ ወንጌሉ ንሰብ ዘምጽኣሉ በረኸትን ነበረ።

3\. የሱስ ናባይ ከም ዝኸይድ በቲ ዝመጾ ተጻይነት ተገልጸ፤፤ ጥ. 32-36። "ፈሪሳውያን ድማ እቶም ህዝቢ ብዛዕባኡ እዚ ኢሎም ከም ዘጕረምረሙ ሰምዑ። ሊቃውንቲ ካህናትን ፈሪሳውያንን ከኣ ኪሕዝዎ ገላውኦም ለኣኹ።" ድሕርዚ የሱስ፣ "ገና ቐሩብ ዘመን ምሳኻትኩም እየ፣ ናብቲ ዝለኣኸኒ ከኣ ክኸይድ እየ፣ በሎም። ጌና ንቐሩብ እዋን ኣብ ምድሪ ኪቕመጥ ናይ ግዲ ስለ ዝኾነ፣ ሽዑ ሒዞም ኪቐትልዎ ኣይኮነሎምን። እዋኑ ኣይበጽሔን ከፀይኑ እምበር፣ እዋኑ ምስ በጽሔስ ቐተልዎ ድኣ። ድሕሪ ሞቱ ከኣ ናብ ኣቦኡ ከይዱ። በዚ ምክንያትዚ ከኣ እዩ፣ "ናብቲ ዝለኣኸኒ ከኣ ክኸይድ እየ፣" ዝበሎም። ከምዚ ኢሉ ምስ ተዛረቦም፣ ንሽድሽተ ወርሒ ዝኣክል ወንጌል ናይ ድሕነት እናሰበከሎም ኣብ መንጎኦም ተመላለሰ። እቲ ኩሉ ዕዮኡ ምስ ወድኤ ጥራይ እዩ ናብ ቤቱን ናብ ኣቦኡን ዝተመልሰ።

"ክትደልዩኒ ኣይክትረኽቡንን ኢኹም፣ ናብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ከኣ ንስኻትኩም ክትመጹ ኣይኮነልኩምን እዩ፣ በሎም።" እዚ ዘሕዝን ቃላትዚ ብርግጽ ዝተፈጸመ እዩ። ኣብቲ ዘሰክሕ መዓቶምን፣ ኣብ ውግኦምን ጥሜቶምን ፌራኦምን ምንቅጥቃጥ ምድሮምን፣ ኣብቲ ኣብ ዓለም ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ዝወረዶም ጭንቆምን፣ እቲ መሲህ ኪሕግዞም ደለይዎ ግናኸ ኣይረኸብዎን። ምሳሌ 1፥24-32። እቲ ኣዝዮም ኪደልይዎ ዚግባእ እቲ መሲህ ነበረ።

እቲ ኵሉ ዘሰክሕ ዛንታኦም ኣብ ሓንቲ ሓሳባት ተጠቕሊሉ ንረኽቦ። "ክትመጹ ኣይኮነልኩምን እዩ፣" ዝብል ሓሳባት ነስተብህለሉ። ብቐኑዕ መገዲ ስለ ዘይደለይዎ፣

ናብ የሱስ ኪመጹ ኣይኮነሎምን። መንግስቲ ኣምላኽዐ ኪመጽእ ዝደልይዎ ዝነበሩ፣ ምስ ሓጢኣቶም ከለውስ ካብ ምድራዊ ባርነቶም ኪወጹ ጥራይ ኢሎም እዮም። ካብ ሓጢ ኣቶም ሓራ ኪወጹ ግና ኣብ ሓሳባቶም እኳ ኣይነበረን። መገዶም ኪቕይሩ ፍቓደኛታት ስለ ዘይነበሩ፣ ናብቲ የሱስ ዝነበሮ ኪመጸ ኣይፈተዉን፣ ኣይኮነሎምን ከኣ። ባህሮም ኣንጻር ናብ መንግስተ ሰማያት ዘእቱ ባህሪ ነበረ።፣ መገዶም ከኣ ኣንጻር እቲ ንጉስ ናይ ሰማይን፣ ኣንጻር ሕጉን ትምህርቱን ነበረ።

*ኣይሁድ ንየሱስ ከምዚ ዚስዕብ ኢሎም ኣላገጹሉ።*

1) “ንሕና ክዐረክዐ ዘይኮነልናስ እዚ ናበይ ኪኸፎድ ኰን ሓሊኑ እዩ?“ ኣብዚ ምስ የሱስ ኪወዳደሩ ንርእዮም። ኵሉ ንሱ ዚፈልጠን፣ ዝኸፎን ዝፈልጥዎ መሰሎም። ግናኸዐ እቲ የሱስ “ክኸይድ” እየ ዝበሎ፣ ናበይ ምኻዱ ኪርድእዎ ኣይከኣሉን። ከመይ ጌርካ ከም ዝኸፀድውን ኣይፈልጡን ነበሩ። የሱስ ደጊሙ ኣብ ዮሃ.8፡21-22 “ናብቲ ኣነ ዝኸዶ ንስኻቱኩም ክትመጹ ኣይኮነልኩምን እዩ፣“ በሎም። ድሕርዚ ኣይሁድ፣ “ንነፍሱ ደኾን ባዕሉ ኪቐትላ ኢሉ?” በሉ። 2) “ናብቶም ኣብ ሃገር ጽርኢ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ደኾን ኪኸይድ“ ከፀይኑ? ድማ በሉ። ምናልባሽ ናብቶም ኣብ መንጎ ኣህዛብ ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ኣይሁድ ይኸፎድ ይኸውን ኢሎም ሓሰቡ። ነዞም ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ኣይሁድ፣ ብሃይማኖቶም ኣዝዮም ጥብቂ ስለ ዘይኮኑ፣ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነብሩ ይንዕቅዎም ነበሩ። ብኣተሓሳስባኦም ከኣ፣ የሱስ ኣነ መሲህ እየ እናበለስ ናብዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት እንተኸይዱ፣ ገዛእ ርእሱ የንዕቅ ኣሎ ማለቶም ነበረ። 3) “ነቶም ጽርኣ ውያን ኪምህር።“ ናይ ኣህዛብ መሲህን ነብዪን ኪኸውን ዶኸፀን ደልዩ? ኢሎም ኣላገጹ። ንተገውትን ሳምራውያንን ይቕበሎም ስለ ዝነበረ፣ ነቲ ልማድ ናይ ኣይሁድ ሰበሮ። ስለዚ ምናልባሽ ኣይሁድ እንተ ነጸግዎስ፣ ፈጺሙ ዶ ናብቶም ኣህዛብ ኪኸፎድ ሓሲቡ ከፀይኑ? ማለቶም ነበረ።

**4. የሱስ ኣብ ማእከል ብርቱዕ ተጻይነት ከሎ ዓቢ ዕድመ ይህብ።** ጥ.37። "በታ ዳሕረይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል፣ የሱስ ደው ኢሉ ጨደረ በለውን፣ ዝጸምኤ እንተሎ፣ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ።" ንገዛእ ርእስና ከምዞም ክሰግዱ ዝመጹ ሰባት ጌርና ንሕሰባ። በዛ ዳሕረይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል፣ ሰፈርና ገዲፍና ናብቲ ኣገልግሎት ናይቲ በዓል ዝከፀሉ ስፍራ ንኸፎድ ከም ዘሎና ንሕሰብ። ኵሎም ክሰግዱ ዝመጹ ጽቡቕ ክዳውንቲ ናይ በዓል ተኸፂኖም ይርአዩ። ኣብ የማናይ ኢዶም ጨናፍር ስየ፣ ኣብ ጸጋማይ ኢዶም ከኣ ዕቦል ርባ ዘሌ. 23፡40 ይሕዙ። ድሕርዚ ኣብ ሰለስተ ጋንታ ይምቀሉ። እዞም ሰለስተ ጋንታታት ብደሃይ ናይ ሙዚቃ በብተራ ጕዕዞ ይጅምሩ። ሓደ ካሀን ብወርቂ ዝተሰርሔ ብራኳዐ ሒዙ ብቕድሚት ይኸይድ። ከምዚ ኢሎም በብመስርዕ ካብቲ ቤተ መቕደስ ሒዞም ናብቲ ሰሊሆም ዝተባህለ ቀላይ ይኸዱ። እቲ ብወርቂ ዝተሰርሔ ብራኳዐ ዝሓዘ ካህን ከኣ ካብቲ ቐላይ ማይ ይወስድ እሞ ብብርቱዕ

ጭድርታ ናይ ሓጐስን ብደሃይ መለኸትን እምብልታን ናብ ቤተ መቕደስ ይምለሱ። ከምዚ ዝበለ ኣኼባ ብደቂ እስራኤል ብርቱዕ ሓጐስን ደስታን የሕድረሎም ነበረ። ካልኣ ት ካህናት መስዋእቲ ኪጅምሩ ከለዉ እቶም ህዝቢ ካብቲ ቐላይ ይምለሱ። እቲ ማይ ካብቲ ናይ ወርቂ ብራኺ ናብቲ መሰውኢ ይፈስስ። ድሕሪኡ መዝ. 113-118 ይዝመር። እቶም ካህናት መስዋእቲ እናዕረጉ ከለዉ እቶም ህዝቢ ድማ እናዘመሩ ይጽበዩ። የሱስ በዚ እዋንዚ እዩ፡ "ዝጸምኤ እንተሎ፡ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ" ኢሉ ዝጨደረ።

**5. ብተጻይነት ኪካትዑ ከለዉ እቲ ሓቂ ተገልጸ።** እቶም ተጻረርቲ የሱስ ንሓድሕዶም ብዛዕባ የሱስ ኪካትዑ - መሩ። እቲ ጽሑፍ፡ እቲ መሲህ ካብ ዓሌት ዳዊት፡ ካብ ቤትልሄም እዩ ዝመጽእ ይብል፣ የሱስ ግና ካብ ገሊላ እዩ ዝመጸ፡ እናበሉ ተካትዑ። እናተካትዑ ከለዉ፡ ነቲ ሓቂ ኣውጽእዎ። ግናኸ ኣጥቢቖም ኪምርምሩ ኣይደለዩን። ድሕርዚ እቶም ንየሱስ ኪሕዝዎ ዝተላእኩ ኣብ ክንዲ ዝሕዝዎስ፡ "ከምዚ ሰብኣይዚ ገይሩ ከቶ ሰብ ኣይተዛረበን፡" ኢሎም ነቶም ዝለኣኽዎም መለሱሎም።

**ሕቶታት**

1. ስለምንታይ እዩ የሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ዝመሃረ?
2. በየናይ ስልጣን እዩ የሱስ ዝምህር ዝነበረ?
3. ስለምንታይ እዮም እቶም ሰባት ናብቲ የሱስ ዝኸዱ ክኸዱ ዘይክእሉ?
4. የሱስ ተጻይነት ኣዝዩ በርቲዕዎ ከሎ እንታይ ኢሉ ዓደመ?
5. የሱስ ነቶም ተጻረርቱ እንታይ ኢሉ መለሰሎም?

**መረድኢ**

**ካብ ከብዱ ዚወጽእ ጽሩቕ**

ኣብ ሓደ ውግእ፡ ሓንቲ ቦምባ ኣብ ሓደ ጎቦ ተተኰሰት። ኣብታ ዝተተኰሰትላ ወገን ናይቲ ጎቦ ከኣ ብናህሪ ናይቲ ተኸሲ ዝኣክል ካብ ውሽጢ ምድሪ ፈልፋሊ ማይ ወጸ። እቶም ጸሚኦምን ደኺሞምን ዝነበሩ ነታ ጎቦ ከኣ ዝከላከሉላ ዝነበሩ ወትሃደራት፡ ካብዚ ንምቕታሎም እተሓስበ፡ ንጽምኦምን ድኻሞምን ዘርዊ፡ ጽሩይን ዝሑልን ማይ ረኸቡ። እቲ ንጥፍኣቶም ዝተሓስበ ናይ ጸላእቶም ተኸሲ ናብ በረኸት ተለወጠ። ከምኡ ከኣ ንየሱስን ንክርስትናን ዚጻረር፡ ይድግፎም ደኣ እምበር ኣይውጽዖምን እዩ። የሱስ፡ ተጻይነቶም ንገዛእ ርእሶም ጥራይ እምበር ንእኡ ከም ዘይጐድኦ ፈሊጡ፡ ምእንቲ ካብ ጌጋኦም ኪምለሱ ኢሉ፡ "ማይ ህይወት ክህበኩም እየ፡ ናባይ ምጹ፡" በሎም። የሱስ በቲ ዝገበርዎ ክርክር ገይሩ፡ ነቶም ኪኣምኑ ዚደልዩ፡ ዝዓበየ ብርሃን ገለጸሎም፡፡

## ሕያዋይ ሳምራዊ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ሉቃ. 10፥25-37

25- እንሆ ከኣ፡ ሓደ ፈላጥ ሕጊ፡ መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክወርስ እንታይ እግበር? ኢሉ ክፍትኖ ተንስኤ።

26- ንሱ ከኣ፡ ኣብ ሕጊ እንታይ ጽሑፍ ኣሎ? ከመይሲ ተንብብ? በሎ።

27- ንሱ ከኣ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻ ብኹሉ ነፍስኻ ብኹሉ ሓይልኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ፡ ንብጻይካ ድማ ከም ነፍስኻ ኢሉ መለሰሉ።

28- ንሱ ከኣ፡ ጽቡቕ መለስካ። ከምኡ ግበር እሞ ብህይወት ክትነ

30- የሱስ መሊሱ በለ፡ ሓደ ሰብኣይ ካብ የሩሳሌም ናብ ያሪኮ ክወርድ ከሎ፡ ኣብ ኢድ ከተርቲ ወደቐ። ገፈፍዎን ከትከትዎን፡ ዳርጋ ምውት ገይሮም ከኣ ገዲፎምዎ ከዱ።

31- ኮነ ከኣ፡ ሓደ ካህን በታ መገዲ እቲኣ ክወርድ ከሎ ርእዩዎ ሓለፈ።

32- ከምኡ ድማ ሓደ ሌዋዊ ኣብታ ቦታ እቲኣ ምስ በጽሔ፡ እናረኣዮ ሓለፈ።

33- ሓደ ሳምራዊ ሓላፍ መገዲ ግና ናብኡ መጸ፡ ምስ ረኣዮ ከኣ ደንገጸሉ። ብር ኢኻ በሎ።

29- ንሱ ግና ርእሱ ክጸድቕ ደልዩ፡ ንየሱስ ብጻየይከ መን እዩ? በሎ።

34- ናብኡ ቐሪቡ ኣቝሳሉ ሰፈፈሉ፡ ዘይትን ወይንን ከኣ ኣፍሰሰሉ፡ ኣብ ኣድጉ ኣወጢሑውን ናብ ማሕደር ኣጋይሽ ወሲዱ ኣለዮ።

35- ንጽብሒቱ ድማ ክልተ ዲናር ኣውጺኡ፡ ነቲ ሓላው ማሕደር ኣጋይሽ ሃቦ እሞ፡ ተኸናኸኖ፡ ንእኡ ኢልካ ዘጥፋእካዮ ዘበለ ምስ ተመለስኩ ክፈድየካ እየ፡ በሎ።

36- ነቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ ዝወደቐስ ካብዞም ሰለስተ ብጻይ ዝኾነ ኣየናዮም እዩ ይመስለካ?

37- ንሱ ድማ፡ እቲ ምሕረት ዝገበረሉ፡ በለ። የሱስ ከኣ፡ ኪድከ፡ ንስኻውን ከምኡ ግበር በሎ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ፡፡** *ንብጻይካ ከም ርእሰኻ ፍተዎ። ዘሌ. 19፥18።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ኣብ መበል 32 ዓመቱ ንየሱስ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር። እዚኣ እታ መወዳእታ የሱስ ካብ ገሊላ ናብ የሩሳሌም ዝገሸላ እያ።

**ሰፈር፡፡** ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ዝርከብ ቦታ ከይኮነ ኣይተርፍን። እቲ የሱስ በዚ እዋንዚ

ዝነበረሉ ሰፊር ብርግጽ ዚፈልጦ የልቦን።

**ፍልልይ፡፡** እዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና ካብቲ ኣብ ማቴዎስ 19፡16-22፡ ማርቆስ 10፡17-22፡ ሉቃ. 18፡18-23፡ ዝርከብ ዛንታ ዝተፈልየ ዛንታ እዩ። በቲ እዋንቲ እዚ ሕቶዚ ብብዙሓት ይሕተት ስለ ዝነበረ፡ እቲ ሕቶ ሓደ እዩ፡ ግናኸዐበበይኑ ዛንታ እዩ። ምእንቲ ምሉእ ምርዳእ ናይቲ የሱስ ዝሃቦ ምላሽ ክንረክብ ግና ነቲ ነዚ ዝመስል ዛንታ እንተ ኣንበብናዮ ዝበለጸ እዩ።

**ቀንዲ ሓሳባት።** እዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና፡ ምላሽ ናይታ ዓባይ ሕቶ፡ ማለት ናይ ዘለኣለም ህይወት ከመይ ጌርካ ከም እትውረስ፡ ዝነግር እዩ። ዘለኣለም ህይወት ንምውራስ ካብ ፍልጠት ናይ ኣእምሮ ንላዕሊ ዚሓትት እዩ። ብግብርን ብልብን ዚግለጽ ፍቕሪ ንኣምላኽዐ ንሰብን እዩ ዚሓትት።

## መግለጺ

**1. ናይ ዘለኣለም ህይወት ከመይ ጌርካ ይውረስ፡ እትብል ዓባይ ሕቶ፡** ጥ.25። እታ ዓ ባይ ሕቶ፡ ማለት ናይ ዘለኣለም ህይወት ከመይ ጌርካ ከም ዝውረስ፡ ሓደ ፈላጥ ሕጊ ንየሱስ ዝሓተታ ሕቶ እያ። በቲ እዋንቲ ፈላጥ ሕጊ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ዚፈልጥን፡ ኣኽበር ሕግን፡ እዩ ነይሩ። ስርሑ፡ ሕግን ስርዓትን ናይ ኣይሁድ ምግላጽ ነበረ። እዚ ፈላጥ ሕጊ እዚ፡ ትምህርቲ ናይ የሱስ ከምቲ ናይቶም ጸሓፍቲ ኣይሁድ ዝምህርዎ እዩ ወይስ ዝተፈልየ እዩ? ትምህርቱ ቅኑዕን ሓቅንዶ እዩ? ኢሉ ኪምርምርን ኪፍትንን ናብ የሱስ መጸ። ሕቶኡ፡ በቲ እዋንቲ፡ ብዙሕ ዝካትዕሉ ዝነበሩ ሕቶ ነበረ። ንየሱስ ከም መምህርን ፈላጥን ስለ ዝቼጸሮ፡ "መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክወ ርስ እንታይ እግበር?" በሎ። ከመይ ገይሩ ወዲ ኣምላኽ ክኸውን ይኽእል፡ ከም መጠን ውሉዱ ከኣ ከመይ ገይረ ወራሲኡ ክኸውን ይኽእል? ማለቱ ነበረ።

ነዚ ሕቶዝን ምላሹን ምእንቲ ክንርዳእ ቅድም ናይ ዘለኣለም ህይወት እንታይ ከም ዝኾነ ክንምልከት ይግባእ። 1) ዘለኣለም ህይወት ማለት፡ መንፈሳዊ ህይወት ናይ ሰብ ማለት እዩ። እቲ ዝለዓለ ህይወት እዩ። 2) ካብ መንፈስ ምስ ተወለድና፡ ደቂ ኣምላኽዐ ከኣ ምስ ኰንና፡ ኣባና ዚሓድር ህይወት እዩ። መ- መርታኡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ከሎና እዩ። 3) መለኮታዊ ህይወት ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ንዘለኣለም ዚነብር እዩ። 4) ንመንግስተ ሰማያት ከምቲ ዘላቶ ዚገብራ ንኸሎም ሰራዊት ሰማይ ዚመርሖም፡ ንመንግስተ ሰማያት ከኣ ብቑዕ ዚገብር፡ ህይወት እዩ። 5) ናይ ዘለኣለም ህይወት ፍጹም ዝኾነ ናብራን ቅኑዕ ዝኾነ ኣመልን ዘሕድር እዩ። 6) ካብ ኲሉ ነገራት ዋጋ ዘለዎ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምድላይ እዩ።

**2. ምላሽ ናይታ ዓባይ ሕቶ፡ ከመይ ጌርካ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝውረስ።** ጥ.26-28። የሱስ ነዚ ፈላጥ ሕጊ፡ ባህሊ ናይ ሰብ ገዲፉ ናብቲ ሕጊ ምእንቲ ኪጥምት ኢሉ፡ ሕጊ ንምግላጽ ከኣ ስርሑ ከም ዝኾነ ኣስተብሂሉ፡ ካብቲ ሕጊ ሓተቶ። "ኣብ ሕጊ እንታይ ጽሑፍ ኣሎ? ከመይሲ ተንብብ? በሎ።"

እቲ ፈላጥ ሕጊ ካብታ ኣብ ዘዳግም 6፥5 እትርከብ፡ ሰብ ንፈጣሪኡ ዘለዎ ሓላፍነት እትገልጽን፡ ካብታ ኣብ ዘሌዋውያን 19፥18 እትርከብ፡ ሕጊ ናይ ፍቕሪ እትገልጽን፡ ኣዋጺኡ ጠቒሱ መለሰሉ።

**ዝለዓለ ፍቕሪ ንኣምላኽፀ** "ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣፍቅሮ።" ኣብ ፍቕሪ ብዙሕ ነገራት ተጠቕሊሉ ይርከብ። ከምቲ ሓደ ሰብ ንዘፍቅሮ ፈትዩ ከሕጉሶ ዚደሊ፡ ከምኡ ከኣ ሰብ ንኣምላኽዐ ምስ ዘፍቅር ምእንቲ ባህ ከብሎ ኢሉ፡ ብፍታዉ ይእዘዞ። ነቲ ሕጉስ ፍቓዱ ብግዲ ዘይኮነስ፡ ብሕጉስ ልቢ ይገብሮ። "ብምሉእ ልብካ ኣገልግሎ። ልቢ ምንጪ ናይ ኣካላትን መንፈሳዊ ህይወትን፡ ምንጪ ናይ ሓሳባትን ድሌትን ሃረርታን ፍቕርን ዕላማን ግብርን እያ። "ብኹሉ ነፍስካ ኣገልግሎ። ነፍሲ እታ ፍቓድን ኣመልን ናይ ሰብ ዝቕመጠላ ቐንዲ ክፍሊ ናይ ሰብ እያ። "ብኹሉ ሓይልካ ኣገልግሎ። ሓይሊ ነዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝሰሜናዮ ኣገልግሎታት ዝጥቕልልን፡ ምሉእ ምውፋይ ዘመልክትን፡ እዩ። "ብኹሉ ሓሳብካ" ኣገልግሎ። ዕውር ምውፋይ ዘይኮነስ፡ ፍልጠትን ሓሳብን ፍቕርን ዘለዎ፡ ፈሊጥካን መርሚርካን እትኣትዎ ምውፋይ ዘመልክት እዩ።

**ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ምፍቃር።** "ንብጻይካ ድማ ከም ነፍስኻዐ ኣፍቅሮ። "ከምቲ ብምሉእ ልበይ ንነፍሰይ ዘፍቅራ፡ ከምኡ ከኣ ንብጻየይ ከፍቅሮ ይግባእ። እዚ ፍቕሪዚ፡ ኣነ ንብጻየይ ዘሎኒ ሓላፍነት ዘርኢ እዩ።

የሱስ ከኣ፡ "ጽቡቕ መለስካ። ከምኡ ግበር እሞ ብህይወት ክትነብር ኢኻ፡ በሎ።" እዚ መልሲ ናይ የሱስ ንሕልና ናይቲ ፈላጥ ሕጊ ወቐሶ። ናይ ዘለኣለም ህይወት ንምውራስ እዚ ነገርዚ ኣድላዪ እንተ ደኣ ከፀይኑ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘይወርሳ ተረድኦ። ምእንቲ ክንድሕን እንታይ ክንገብር ከም ዚግብኣና ምስ እንርዳእ፡ ብሓጢኣትናን ውድቀትናን ንርታዕ፡ መድሓኒ ከም ዘድልየና ከኣ ክንርኢ ንክፀል።

**3. ካልኣይቲ ዓባይ ሕቶ** - ብጻየይከ መን እዩ? ጥ. 29። እቲ ፈላጥ ሕጊ ገዛእ ርእሱ ኣብ ቅድሚ የሱስ ኬጽድቕ ደልዩ፡ "ብጻየይከ መን እዩ?" ኢሉ ሓተተ። እንተ ደኣ ፈተውቱን ኣዕሩኹን ጥራይ ኰይኖም ብጾቱ፡ ነቲ ሕጊ ሓልይዎ ማለት እዩ።

**4. ምላሽ - ምስላ ናይቲ ሕያዋይ ሳምራዊ።** ጥ. 30-35። "ሓደ ሰብኣይ ካብ የሩሳሌም ናብ ያሪኮ ወረደ።" እዚ መገዲዚ ብሓደ ዓቢ ሽንጭሮ ዝሕለፍ፡ ብዙሕ በዓትታት ዝርከበሉ መገዲ ስለ ዝነበረ፡ ኣዝዩ ድንገታዊ መገዲ ነበረ። ሰረቕቲ ኣብዚ በዓትታትዚ ተሓቢኦም ይጸንሑ እሞ፡ ንገያሾ ይከፁሩን ይቐትሉን ነበሩ። ነዚ ሰብኣይዚ ከኣ ረኺፀዎ እሞ ኵሉ ዘለዎ ገፊፎም ከትከትዎ።

"ሓደ ካህን ከኣ በታ መገዲ ወረደ።" ነዚ ዳርጋ ምዉት ዝነበረ ገያሺ፡ ካብ ኵሉ ሰብ ኪሕግዞ እዩ ኢልካ እትሓስቦ፡ እዚ ካፀን ነበረ። እቲ ካፀን ግና፡ "ርእይዎ ሓለፈ።" ትም ኢሉ ኪሓልፍ ከሎ፡ ብርግጽ ገለ ምክፀያት ነበሮ። እንተ ደንጎየ፡ ምናልባሽ እቶም ነቲ ሰብኣይ ዝኸተርዎ፡ ወይ ከኣ ካልኦት ከተርቲ ከይረኽፀዎ ፈሪሁ ይኸውን። እዚ ዕዮ ካህን ኣይኮነን ኢሉውን ሓሲቡ ይኸውን። ምናልባሽ ኣብቲ ቤተ መቕደስ ዕዮ

ነይርዎ ይኸውን፡ ወይ ከኣ ንያሪኮ ቅድሚ ጸሓይ ምዕራባ ኪኣትዋ ይህወክዐ ነይሩ ይኸውን። ቁስሊ ከመይ ጌይሩ ከም ዝሕክም ኣይፈልጥንውን ነይሩ ይኸውን። ካልኦት ብድሕረይ ዝመጹ ይሕግዝዎ ይኸፁ እዮም፡ ኢሉ ርእይዎ ትም ኢሉ ሓለፈ።

"ከምኡ ከኣ ሓደ ሌዋዊ........ እናረኣዮ ሓለፈ።" ሌዋውያን እቲ ዝተሓተ ዕዮ ናይ ቤተ መቕደስ፡ ከም ምጽራይ፡ ዘይቲ ምምጻእ፡ ካእል ንኣሽቱ ስርሓትውን ምግባር ግዲኦም ነበረ። ጸሓፍትን መምህራንን ሰበክትንውን ይኾኑ ነበሩ። እቲ ሌዋዊ ከኣ፡ ልክዕ ከምቲ ካህን፡ ርእይዎ ሓለፈ።

"ሓደ ሳምራዊ ሓላፍ መገዲ ግና ናብኡ መጸ።" ሳምራውያን፡ ምስ ካልእ ዓሌት ዝተሓናፈጹ ኣይሁድ ነበሩ። ብሉይ ኪዳን ኵሉ ዘይኰነስ፡ ሕጊ ናይ ሙሴ ጥራይ ይኣምኑ ነበሩ። ብዙሕ ጌጋ ትምህርትን ኣተሓሳስባን ስለ ዝነበሮም፡ ካህናትን ሌዋውያንን ኣዝዮም ይንዕቅዎምን ይፍንፍንዎምን ነበሩ። እዚ ሳምራዊ ሓላፍ መገዲ ግና፡ ነቲ ዳርጋ ምዉት ዝነበረ ሰብኣይ፡ "ኣቑሳሉ ሰፈፈሉ፡ ዘይትን ወይንን ከኣ ኣፍሰሰሉ፡ ኣብ ኣድጉ ውን ኣወጥሖ።" ብዘይ ጥርጥር፡ ኣቑሳል እቲ ሰብኣይ ምሕካም ብዙሕ ጊዜ ወሲዱሉ ይኸውን፡ እዚ ዝገበሮ ግብሪ ካብ ሕያውነት ንላዕሊ ነበረ። ኣብ ማሕደር ኣጋይሽ ወሲዱ ከኣ ባዕሉ ኣለዮን ተኸናኸፀን። ንሓደ ነገር ባዕልኻ ምግባሩ፡ ካብቲ ገንዘብ ከፊልካ ብካልእ ምግባሩ፡ ኣዝዩ ይኸብር፡ ዝበዝሐ በረኸትውን ኣለዎ። ድሕርዚ ነቲ ዋና ማሕደር ኣጋይሽ ገንዘብ ከፊሎ፡ ናይ ዚመጽእውን ክኸፍለካ እየ፡ በሎ።

"ነቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ ዝወደቐስ ካብዞም ሰለስተ፡ ብጻይ ዝኾኖ ኣየናዮም እዩ ይመስለካ? እቲ ፈላጥ ሕጊ፡ "ብጻየይከ መን እዩ" ንመንከ እየ ከም ነፍሰይ ጌይረ ከፍቅሮ ዚግባእ? ኢሉ ሓቲቱ ነበረ። የሱስ ከኣ፡ ካብ ግብሪ ናይዞም ሰለስተ ሰባት፡ መን እዩ ናይ ሓቂ ብጻይ ዝከፀ? በሎ። እቲ ፈላጥ ሕጊ ድማ መለሰ። የሱስ ከኣ፡ "ኪድከ ንስኻውን ከምኡ ግበር፡" በሎ።

**5. ካብዚ ምስላዚ እንምሃሮ ትምህርቲ። ምስ ከፀሉ ሰብ ኪህልወና ዚግባእ ሕብረት።**

እንተደኣ መንግስተ ሰማያት ብርግጽ ኣብ ልባትና ኣልያ ከፀይና፡ እንተደኣ ንከተማ ኣምላኽዐ ክንኣትዋ ተስፋ ኣሎና ከፀይኑ፡ ንብጻይና ከም ነፍስና ዘፍቅርን ዚርእን መንፈስ ኪህልወና ይግባእ።

**ጸገም ካልኦት እናረኤና ምሕላፍ።** እዚ ነገርዚ ብብዙሕ ዓይነት መገዲ እዩ ዚፍጸም። ንካልኦት ምሕጋዝ ሸለል ብምባል፡ ኣብቲ ንካልኦት ክንሕግዘሉ እንኽእል ሰፈር ንምኻድ ሸለል ብምባል፡ ኣብ ክንዲ ከነቅንየ እንጋደልሲ፡ ክፍኣት እናረኤና ሸለል ብምባል፡ ናብ ወንጌል ዝንገረሉ ቦታ ሰባት ብምዕዳም ሸለል ብምባል፡ ክንፍጽሞ ንክእል።

**ባዕልካዐ ምግልጋል፡፡** እቲ ሳምራዊ ገንዘብ ብምሃብ ጥራይ ዘይኰነስ ባዕሉ ኣለዮ። ገንዘብ ብምሃብ ንብዙሓት፡ ብካልእ መገዲ ክንሕግዞም ዘይንኽእል፡ ክንሕግዝ ንኽእል። ባዕልኻዐ ምግልጋልን ምድንጋጽን ምሕጋዝን ግና፡ ገንዘብ ምሃብ ከምጽኦ ዘይክእል

ሓጐስን በረኸትን ኣለዎ።

**የሱስ፣ እቲ ሕያዋይ ሳምራዊ።** 1) እቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ ዝወደቐ ሰብኣይ ምልክት ናይ ሰብ እዩ። ሰብ ካብ ሓጐስን ተስፋኡን ጽድቁን መንግስተ ሰማያትን ተዘምተ፣ ብሕማም ሓጢኣት ከኣ ኪመውት ቀረበ። 2) እቶም ከተርቲ ምልክት ናይ ሰይጣንን ልኡኻቱን እዮም። 3) እቶም እናረኣይዎ ዝሓለፉ ምልክት ናይቶም ጽቡቕ ምዕዶ ዚህቡ ግናኸ ባዕሎም ዘይገብርዎ፣ መንግስተ ሰማያት ኢሎም ዚሰብኩ ግናኸ መገዱ ከርእዩ ዘይክእሉ፣ ክርስትያናት ኩኑ ዝብሉ ግናኸ ሕድገት ሓጢኣትን ምሕዳስ ልብን ከመይ ጌርካ ከም እትረኽቦ ዘይሕብሩ፣ ኣብያተ ክርስትያናትን ሃይማኖታውያን ሰባትን እዮም። 4) የሱስ ምልክት ናይቲ ሕያዋይ ሳምራዊ እዩ። ድንጋጸ ነበሮ፣ ናብ ሰብ መጸ፣ ኣቑሳል ሰብ ዘነነ፣ ጥዕናን ምጽንናዕን ሓይልን ኣፍሰሰሉ፣ ሓጢኣቱን ሓዘኑን ተሸከመሉ፣ ክሳዕ መወዳእታ ከም ዝሓልየሉውን ኣተስፈዎ።

## ሕቶታት

1. ዘለኣለም ህይወት እንታይ እዩ?
2. ብጻየይከ መን እዩ?
3. ዘለኣለም ህይወት ክወርስ እንታይ ኪገብር ይግብኣኒ?
4. ከመይ ጌይረ ንብጻየይ ከፍቅሮ ይግባእ?
5. ካብዚ ምስላ የሱስ እንታይ ክንምሃር ንክእል?

## መረድኢ

### ንብጻዩ ኣፍቀረ

ሓደ ምርኡይ ተማሃራይ ኮለጅ፣ ናብ ኣፍሪቃ ምስዮናዊ ኪኸውን ይዳሎ ነበረ። መምህሩ፣ "እዚ እትሓስቦ ዘሎኻ ከንቱ እዩ። ኣብ ዓመት ወይ ክልተ ዓመት ህይወትካ ኣብ ኣፍሪቃ ከተጥፍኣ ኢልካ ኢኻ ትኽእድ ዘሎኻ፣" በሎ። እቲ መንእሰይ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፣ "ምስዮናዊ ዕዮ ኣብ ኣፍሪቃ፣ ከም ምህናጽ ዓቢ ድልድል እዩ። ድልድል ኪስራሕ ከሎ ንመሰረት ዝኸውን ኣዝዩ ዓበይቲ ኣኻውሕ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ይቕበር እዩ። እንተ ደኣ ክርስቶስ ሓደ ካብዚ ዘይርአ ኣኻውሕ ኣብ ቲሕቲ መቓብር ናይ ኣፍሪቃ ከም መሰረት ክኸውን ፍቓዱ ኾይኑ፣ ኣብ መወዳእታ ኣፍሪቃ ክርስትያን ከም እትኸውን ርግጽነት ስለ ዘሎኒ፣ ሓጐሰይ ወሰን የብሉን፣" ኢሉ ንመምህሩ መለሰሉ። እዚ መንእሰይ እዚ ኣብ ኣፍሪቃ ዓመት ምስ ኣገልገለ ሞተ። ሞቱ ከኣ መሰረት ናይ ክርስትና ኣብ ኣፍሪቃ ኮነ። እዚ ንጹር ኣብነት ናይቲ ንብጻይካ ከም ንፍስኻ ኣፍቅር ዚብል ሕጊ እዩ። እዚ መንእሰይ እዚ ንብጾቱ ኣጸቢቑ ኣፍቀረ።

## የሱስን እቲ ብዕዉሩ እተወልደ ሰብኣይን

## ቅዱስ ጽሑፍ - ዮሃ. 9፥1-11

1- ኪሓልፍ ከሎ፡ ብዕዉሩ እተወልደ ሰብኣይ ረኣየ።

2- ደቀ መዛሙርቱ ድማ፡ መምህር፡ ዕዉር ኰይኑ ዚውለድሲ መን እዩ ዝበደለ፡ ንሱዶ ወይስ ወለዱ? ኢሎም ሓተትዎ።

3- የሱስ ከኣ ግብሪ ኣምላኽ ኣብኡ ምእንቲ ክግሀድ ደኣ እዩ እምበር፡ ንሱ ኣይበደለ፡ ወለዱ ኣይበደሉ።

4- መዓልቲ ከሎ፡ ግብሪ እቲ ዝለኣኸኒ ክገብር ይግብኣኒ እዩ፡ ሓደ እኳ ክዓየየ ዘይከኣሎ ለይቲ ትመጽእ ኣላ።

5- ኣነ ኣብ ዓለም ክሎኹ፡ ብርሃን ዓለም እየ፡ ኢሉ መለሰሎም።

6- እዚ ኢሉ ናብ ምድሪ ጡፍ በለ፡ በቲ ጥፍጣፉውን ጸብሪ ገበረ፡ በቲ ጸብሪ ከኣ ኣዒንቲ እቲ ዕዉር ለኸዮ እሞ፡

7- ኣብቲ ቐላይ ሰሊሆም - ትርጓሚኡ ልኡኽ - ኬድካ ተሓጸብ፡ በሎ። ከይዱ ተሓጽበ፡ እናረኣየውን ተመልሰ።

8- ስለዚ እቶም ጐረባብቱን እቶም ቀደም ኪልምን ከሎ ዚርእይዎ ዝነበሩን፡ እዝስ እቲ ተቐሚጡ ዚልምን ዝነበረ ደይኰነን? በሉ።

9- ገሊኦም፡ ንሱ እዩ፡ በሉ። ካልኦት ከኣ፡ ኣይኰነን፡ ንእኡ ደኣ እዩ ዚመስል በሉ። ንሱ ግና፡ ኣነባ እየ፡ በለ።

10- ስለዚ ንሳቶም፡ ከመይ ኢለን ደኣ ኣዒንትኻ ተኸፍታ? በልዎ።

11- ንሱ ከኣ፡ እቲ የሱስ ዚብሃል ሰብኣይ፡ ጸብሪ ገይሩ ኣዒንተይ ለኸዩ፡ ኪድ እሞ ናብ ሰሊሆም ተሓጸብ በለኒ። ከድኩ እሞ ተሓጺበ ርኤኹ ኢሉ መለሰሎም።

***ዚጽናዕ ጥቕሲ፡*** *ኣነ ብርሃን ዓለም እየ። ዮሃንስ 9፥5።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** ኣብ ጥቕሲ 14 ከም እንርእዮ፡ ብወርሒ ጥቅምቲ፡ ብመዓልቲ ሰንበት፡ ኣብ መበል 32 ዓመት ዕድሚኡ ንየሱስ። ቅድሚ እታ ናይ ዝሓለፈት ሰንበት ትምህርትና ዝተፈጸመ ከይኰነ ኣይተርፍን።

**ስፍር፡፡** ኣብ የሩሳሌም፡ ኣብ ጥቓ ሓንቲ ካብቲ ኣፍ ደገ ናይ ቤተ መቕደስ።

ቀንዲ ሓሳባት፡፡ ከምቲ የሱስ ነዚ ዕዉር ለማኒ ኣዒንቱ ዝኸፈተሉ፡ ከምኡ ከኣ ንከሎም መንፈሳዊ ዑረት ዘለዎም፡ መንፈሳዊ ኣዒንቶም ተንኪፉ፡ ነቲ ብርሃን ዓለም ዝኾነ፡ ማለት ንገዛእ ርእሱ፡ ኪርእይዎ ይድግፎም።

## መግለጺ

**1. እቲ ዕዉር ሰብኣይ።** የሱስ በታ ከተማ "ኪሓልፍ ከሎ ሓደ ዕዉር ሰብኣይ ረኣየ።" በቲ ብዝሒ ጫውጫው ናይታ ከተማ ዚኣክል፡ እቲ ዕዉር ሰብኣይ፡ የሱስ ብርግጽ ኣበይ ከም ዘሎ ምፍላጥ ስለ ዝጸገሞ፡ ባዕሉ ናብ የሱስ ኪመጽእ ኣይከኣለን። የሱስ ከኣ፡ ጸገሙ ርእዩ፡ ባዕሉ ኪመጾ ኣይተጸበየን። ባዕሉ ደኣ ከደ። የሱስ ኵሉ ጊዜ ንድኻማትን ስኑፋትን ዓቕሞም ይፈልጦ ስለ ዝኾነ፡ ሓጋዚኦምን ቀረባኦምን እዩ። እቲ ዕዉር ሰብኣይ ኣብ የሩሳሌም ፍሉጥ ለማኒ ስለ ዝነበረ፡ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ብዛዕባ እቲ ዘሕዝን ዛንታኡ ኣጸቢቖም ይፈልጡ ነበሩ። ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ዕዉር ነበረ።

ዑረት ኣዝዩ ግናይ ነገር እዩ። ንህይወት ሰብ የጸልምቶን የጽብቦን፡ ጽባቐ ናይ ኵሉ ነገራት ኪፈልጥ ኣይክእልን፡ ኣእምሮ ከኣ ካብ ብዙሕ ትምህርቲ ይዕጸ። በዚ እዋንዚ ከኣ ኣብ የሩሳሌም፡ ዕዉራት መናበሪኦም ኪገብርሉ ዚኽእሉ ዕዮ ፍጹም ኣይነበረን። ኣዒንቱ ኪሓውየሉ ዚክኣል መገዲውን ፈጺሙ ኣይነበረን።

ስጋዊ ዑረት ምልክት ናይ ሓጥእ ሰብ እዩ። እቲ ብስጋ ዕዉር ዝኾነ፡ ንኣምላኽ ኪርእዮ፡ ብመንፈሳዊ ነገራት ከኣ ኪሕጕስ ይኽእል እዩ። እቲ ሓጥእ ግና ካብ ኣምላኽን ናይ ሰማይ ነገራትን ዕጽው እዩ። ሓጥእ ጥቕሚ ገዛእ ርእሱን፡ መንፈሳዊ ፍልጠትን፡ ናይ ሓቂ ቅድስናን፡ ዝለዓለ ዕላማን፡ ዘለኣለም ህይወትን፡ ኪርኢ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ መንፈሳዊ ዑረት ንሓንቲ ነፍሲ ኣዝዩ የጸልምታ። ልክዕ ከምዚ ዕዉር ሰብኣይ ንገዛእ ርእሱ ኬሕዊ ዘይክኣለ፡ ከምኡ ከኣ ሓጥእ ሰብ ገዛእ ርእሱ ኬሕዊ ኣይክእልን እዩ። ብዘይ መለኰታዊ ሓገዝ፡ ሓጢኣቱ ኬርሕቕ ወይ ከኣ ባህሩ ኪቕይር ኣይክእልን እዩ።

**2. ሓሶት ክሲ።** ጥ.2። "ደቀ መዛሙርቱ ድማ፡ መምህር፡ ዕዉር ኰይኑ ዚውለድሲ መን እዩ ዝበደለ፡ ንሱዶ ወይስ ወለዱ? ኢሎም ሓተትዎ።" ኣይሁድ፡ ዝኾነ ይኹን ንሰብ ዚበጽሖ ጭንቅን መከራን መቕጻዕቲ ናይ ዝገበሮ ሓጢኣት እዩ። ኢሎም ይኣምኑ ነበሩ። ስለዚ እዚ ሰብኣይዚ ብዕዉሩ እተወልደስ መን እዩ ዝበደለ? ኢሎም ተገረሙ።

ርግጽ እዩ፡ ኵሉ ዘሎ ስቓይ ሳዕቤን ናይ ሓጢኣት እዩ። ግናኸ፡ዐ ኵሉ ዝመጸ ጭ ንቂ መቕጻዕቲ ናይ ሓጢኣት እዩ ኢልና፡ ንሓደ ሰብ በቲ ዝመጾ መከራ ይኹን በረ ኸት ክንፈርዶ ኣይንኽእል ኢና። ኵሉ ጭንቂ መቕጻዕቲ ሓጢኣት እዩ ኢልና ንኣምን እንተደኣ ኰንና፡ ሕማቕ ሳዕቤን ኣለዎ። 1) ነቶም በረኸት ዝመጾም ትዕቢት የሕድረ ሎም። 2) ንሰባት ብዘይ ምሕረት ክንፈርዶም ይገብረና። 3) እቲ ስቅያት ዝመጾ ሰብ ከኣ ኣብ ክንዲ በቲ ስቅያቱ ገለ ትምህርቲ ዝምሃር፡ ተስፋ ይቘርጽን ይቐብጽን።

**3. የሱስ ብዛዕባ እቲ ክሲ ዝሃቦ ምላሽ።** ጥ.3-4። "የሱስ ከኣ፡.......ንሱ ኣይበደለ፡ ወለዱ ኣይበደሉ።" ኢሉ መለሰሎም። የሱስ ከምዚ ኪብል ከሎ፡ እዚ ሰብኣይዝን ወለዱን ብፍጹም ሓጢኣት የብሎምን ኣይኮነን፡ ዝብል ዘሎ። ወይ ከኣ ኵሉ ክፉእ ነገራትሲ ብሓጢኣት ኣይመጽን ኣይኮነን ዝብል ዘሎ። ግናኸ እቲ ዑረት፡ መቕጻዕቲ ናይ ሓደ ፍሉይ ሓጢኣት ናይቲ ሰብኣይ ወይ ከኣ ናይ ወለዱ ኣይኮነን፡ እዩ ዝብል ዘሎ። ብምክዕያት ሓጢኣት ናይ ሓደ ካባታቶም ኣይመጽን። እዚ ዑረትዚ ዝመጸ፡ "ግብሪ ኣምላኽ ኣብኡ ምእንቲ ከዐሃድ ደኣ እዩ።" ነዚ ሰብዚ ናብ የሱስ ምእንቲ ከምጽኦ፡ ብኣምላኽዐ እተሰርዔ መገዲ ነበረ። እቲ ስጋዊ ጒድለቱ ንመንፈሳዊ ኣዒንቱ ምእንቲ ኪኸፍት እተሰርዔ እዩ። ልዕሊ ከዐሉ ግና ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ህዝቢ፡ የሱስ ብርሃን ዓ ለም ከም ዝከፀ ዚገልጸሎም ትምህርቲ ነበረ። የሱስ ከኣ ከምዚ በሎም፡ "መዓልቲ ከላ፡ ግብሪ እቲ ዝለኣኸዐ ክዐብር ይግብኣኒ እዩ፡ ሓደ እኳ ከፆየላ ዘይክኣሎ ለይቲ ትመጽእ ኣላ።" የሱስ በዚ እዋንዚ፡ ሰብ ስለ ዝነበረ፡ ንገዛእ ርእሱ ካብቲ ሕጊ ናይ ሰብ ሓራ ኣየውጽኤን። ዝከፀ ዓይነት ዕድል ሓንቲ ጊዜ ይመጽእ፡ ይሓልፍ ከኣ። ምስ ሓለፈ ግና፡ ተመሊሱ ኣይመጽእን እዩ። የሱስ ከይተረፈውን እቲ ስራሕ ናይ ምድሓንን ምምሃርን በቲ ጊዜኡ፡ ማለት ዕድል ከለዎ፡ እንተ ዘይገበሮ፡ መሊሱ ከም ዘይምለሶ ይፈልጥ ነይሩ። ካልእ ጊዜ ካልእ ነገራት ኪገብር ይክዐል ግናኸ፡ እቲ ዝመለቔ ዕድል ኪምለስ ኣይክኣልን እዩ። ዘርኢ፡ ብጊዜ ዘራእቲ ኪዝራእ ኣለዎ፡ ጻህያይ፡ እኽሊ ኪበቊል ከሎ ኪኸውን ኣለዎ፡ ዓጺድ ከኣ፡ እኽሊ ምስ ኣኸዐ ኪኸውን ኣለዎ። ንቘልዓ ጌና ቈልዓ ከሎ ቅኑዕ ክንምህሮ ኣሎና። ፍቁራትና ጌና ምሳና ከለዉ ፍቕርና ንግለጸሎም። ሎሚ ጊዜን ዕድልን ከሎና ንዘለኣለምነት ክንዳሎ ይግብኣና።

**4. የሱስ እቲ ብርሃን ዓለም።** ጥ.5። የሱስ ባዕሉ ሓደ ካብቲ "መዓልቲ ከላ።" ኪገብሮ ዚግብኦ ነገራት ይነግረና። "ኣነ ኣብ ዓለም ከሎኹ፡ ብርሃን ዓለም እየ።" የሱስ፡ ብርሃን ምእንቲ ኪኸውን እዩ ናብ ዓለም ዝመጸ። ኣብ ኢሳይያስ 29፡18, 35፡5, 42፡7 እቲ መሲህ ኣዒንቲ ብዙሓት ከም ዚኸፍት ይነግረና። የሱስ ኬብርሆ ዘይክኣል ጸልማት ኣብ ዓለም የልቦን። የሱስ ጨራ ብርሃኑ ሰዲዱ ኬብርሆ ዘይክእል ጸልማት ናይ ሓዘን፡ ወይስ ድንቁርና፡ ወይ ከኣ መንፈሳዊ ሞት፡ የልቦን። ግዴና፡ ኣዒንትና ከፌትና ምርኣይ ጥራይ እዩ።

**5. መረድኢ ናይቲ የሱስ ዝሃቦ ትምህርቲ - ምክፉት ኣዒንቲ ዕዉር።** ጥ.6-7። የሱስ፡ ነቲ ብዛዕባ ብርሃን ዓለም ኪምህሮ ዝጸንሐ ሓቅነት፡ ብምልክት ምክፉት ኣዒንቲ እቲ ዕ ዉር ሰብኣይ ጌይሩ ገለጾ።

"ናብ ምድሪ ጡፍ በለ፡ በቲ ጥፍጣፉውን ጸብሪ ገበረ።" የሱስ ስለምንታይ ከምዚ ከም ዝገበረ ብርግጽ ኣይንፈልጥን ግናኸ፡ ከምዚ ዚስዕብ ኪኸውን ዚክኣል እዩ። 1) ምሕዋይ ካብ ገዛእ ርእሱ ከም ዝከፀ ምእንቲ ኬርኢ። የሱስ ኵሉ ጊዜ ነቶም

ዘሕውዮም ብገለ መገዲ ይትንከፎም ነበረ። ንስጋዊ ሕማሞም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣውራ ሕማሞም፡ ሓጢኣት፡ ኣልጊሱ ናብ መድሓኒኦም ኬቕርቦም፡ ኢሉ ይኸውን። 2) እቲ የሱስ ዝገበሮ፡ ንእምነት ናይቲ ዕዉር ሰብኣይ ዝድግፍን ዘጽንዕን ነበረ። ክርኢ እኳ እንተ ዘይከኣለ፡ የሱስ ከም ዝተንከፎ ኪፈልጥ ከኣለ። ምእንቲ ተስፋኡን ምድናቑን ከበራብር ኢሉ ነዒንቱ ብጸብሪ ለኸዎ። በዚ ምብርባር እዚ፡ እምነት ናይቲ ሰብኣይ ሓንቲ ስጉምቲ ንቕድሚት ክትከይድ ከኣለት። 3) እቲ የሱስ ዝገበሮ፡ ብገዛእ ርእሱ ሓይሊ ኣልይዎ ኣይኮነን። ናብ ምድሪ ጡፍ ኢልና፡ ጸብሪ ጌርና ነዒንቲ ሰባት ከነሕዊ ክንጋደል ንኽእል ኢና። ግናኸ ከም ዘይኮነልና ፍሉጥ እዩ። ሰባት ኣብ ክንዲ ኣብቲ ብርሃን ዓለም ዝኾነ የሱስ ዝኣምኑስ፡ ኣብቲ ዝገበሮ ነገር ከይእመኑ ኢሉ፡ ማንም ሰብ ኪፍትኖ ዝኽእል ቀሊል ነገር እዩ ዝገበረ።

"ኣብቲ ቐላይ ሰሊሆም......ኬድካ ተሓጸብ፡ በሎ።' ነቲ ኣብ ኣዒንቱ ዝነበረ ጸብሪ ኪሓጽቦ ተኣዘዘ። እዚ ንእምነቱን ንምእዛዙን መዕበዪን መፈተንን ነበረ። እታ ብልጭ ልጭ እትብል ዝነበረት ንእሽቶ እምነቱ፡ ሃልሃል በለት።

***መፈተንታ እምነት።*** የሱስ ኵሉ ጊዜ ነቶም ዘሕወዮም፡ ምእንቲ እምነቶምን ምእዛዞምን ኪርኢ ኢሉ፡ ገለ ነገር ኪገብሩ ይሓቶም ነበረ። ባዕሎም፡ ኣሕውየና፡ ኢሎም ምስ ዚሓትዎ፡ እቲ ምሕታቶም እምነት የርኢ። ከይሓተትዎ ባዕሉ ምስ ዘሕውዮም ግና - ከምዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና - ምእንቲ እምነቶም ኪርኢ ኢሉ ገለ ነገር ኪገብሩ ይእዝዞም።

**6. ምምርማር ናይቲ ዝሓወየ ዕዉር።** ጥ. 8-11። *ቅድም፡ በቶም ጐረባብቱ።* እቶም ቅድም ብዛዕባ እዚ ሰብኣይዚ ኪፈልጡን ኪነግሩን ዚኽእሉ፡ ጐረባብቱ ነበሩ። "እዝስ እቲ ተቐሚጡ ዚልምን ዝነበረ ደይኮነን? ኢሎም ድማ ኪድነቑ - መሩ። እቲ ቅድም ሰብ፡ ኣብቲ ዝሓወየ ዕዉር ክርእዮ ዝኸኣለ፡ ለውጢ ናይ ልማዱ ነበረ። እቲ ቀዳማይ ነገር ዓለም ኣብቶም መንፈሳዊ ኣዒንቶም ዝተኸፍተ ክትርእዮ እትክእል፡ ለውጢ ናይ ባህሮምን ጠባዮምን እዩ።

"ገሊኦም፡ ንሱ እዩ በሉ። ካልኦት ከኣ፡ ኣይኮነን፡ ንእኡ ደኣ እዩ ዚመስል፡ በሉ።" ከምዚ ዝበለ ተኣምራት ከም እተፈጸመ ምእማኑ ስለ ዝኣበዩ፡ ንእኡ ዝመስል ካልእ ሰብኣይ ደኣ እምበር ንሱ ከም ዘይኮነ ክካትዑ - መሩ። ምድሓን ናይ ኣዕሩኽቶም ኪኣምኑ ዘይድልዩ ሰባት፡ ነቲ ለውጦም ካልእ ትርጉምን ምኽንያትን ይህብዎ። ተኣመንዎ፡ ኣይተኣመንዎ፡ እንተደኣ ብጸጋ ኣምላኽ ብሓቂ ተቐየርና፡ ኣዕሩኽትን ጐረባብትና፡ ነቲ ኣብ ህይወትና ዝተፈጸመ ለውጢ ከለልይዎ ናይ ግዲ እዩ።

እቲ ዝሓወየ ዕዉር ግና፡ "ኣነባ እየ፡ በለ።" እዚ ምላሹ ነቲ ሕቶኦም መወዳእታ ኪገብረሉ ነበሮ፡ ግናኸ እቲ ለውጢ ከመይ ኢሉ ከም ዝመጸ ምርዳኡ ስለ ዝሰኣኑ፡ "ከመይ ኢለን ደኣ ኣዒንትካ ተኸፊታ?" ኢሎም እንደገና ሓተትዎ። ብዛዕባ የሱስ ኪነግሮም ዚኽእል ካልእ ፍልጠት ኣይነበሮን፡ ግናኸ ነዒንቱ ከም ዝኸፈተሉ፡ ነገሮም።

ካልኣይ፥ በቶም ሓለቓታት። እቶም ሓለቓታት ከኣ ብዛዕባ እዚ ዝሓወየ ዕዉር ኪምርምሩ - መሩ። ጥ. 14-34። እቶም ጐረባብቲ፥ እቲ ሰብኣይ ብርግጽ ከም ዝሓወየ፥ ምሕዋዩ ግና ምስጢራዊ ከም ዝኾነ፥ ምስ ተረድኡ፥ ነቲ ዝሓወየ ሰብኣይ ናብ ፈሪሳውያን ወሰድዎ። ፈሪሳውያን ከኣ ቅድም፥ 1) ነቲ ሰብኣይ ሓተትዎ። 2) ደሓር ከኣ ንወለዱ። 3) ድሕርዚ መሊሶም ነቲ ሰብኣይ ደጋጊሞም ሓተትዎ።

ዕላማኦም ዝነበረ - 1) እቲ ምሕዋይ ከም ዘይተፈጸመ ጌይሮም ኬውርዩ። 2) የሱስ ብመዓልቲ ሰንበት ስለ ዝገበሮ፥ እቲ ምሕዋይ ዘይክኣል ከም ዝኾነ ኬረድኡ። 3) ብየሱስ እንተ ኣሚንኩም፥ ካብ ቤተ መቕደስ ክንሰጒኩም ኢና፥ ኢሎም ኬፈራርህዎም።

ሳዕቤኑ። 1) እቲ ዝተፈጸመ ምሕዋይ፥ ኣጸቢቑ ተረጋገጸ። 2) የሱስ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጸ፥ እቲ ናይ ሓቂ መሲህ ከኣ ንሱ ከም ዝኾነ፥ ተገልጸ። 3) እቲ ዝሓወየ ሰብኣይ ግና፥ ካብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ተሰጒጒ።

ካብቲ ብድሕሪዚ ናይ ሎሚ ትምህርትና ዘሎ ጥቕስታት እነንብቦ፥ እዚ ዝሓወየ ዕ ዉር ወደ መዝሙር ናይ የሱስ ኮነ።

**ሕቶታት**

1. ስለምንታይ እዩ እዚ ሰብኣይ ዕዉር ዝኾነ? ኣይሁድ ብዛዕባኡ እንታይ ይብሉ ነበሩ?
2. ሓደ ካብቲ መዓልቲ ከላ የሱስ ኪሰርሖ ዚግብኦ ዝነበረ እንታይ እዩ?
3. መንፈሳዊ ምልክት ናይ ምኽፋት ዓይኒ'ቲ ዕዉር እንታይ ነበረ?
4. ስለምንታይ እዩ የሱስ ነዒንቲ ናይቲ ዕዉር ጸብሪ ዝለኸዮ?
5. ስለምንታይ እዮም እቶም ሰባት ዘይኣመኑ?

**መረድኢ**

**የሱስ እቲ ብርሃን ዓለም**

ሓደ ግዜ ሓንቲ ኣዝየ ዝፈትዋ ስእሊ ነበረት። ሕጂ ግና ኣጸቢቓ ምስ ኣስተብሃል ኩላ፥ ገጻ ናብ መንደቕ ኣቢለ እንተ ዘይኰንኩስ፥ ኣብ ገዛይ ኣይምሰቐልክዋን። እታ ስ እሊ፥ የሱስ ማዕጾ እናኳሕኰሐ ሓንቲ ዓባይ መብራህቲ ኣብ ኢዱ ሒዙ እተርኢ ነበረ ት። እዚ ልክዕ ከም ኣብ ቅድሚ ጸሓይ ሽምዓ ምቕማጥ ማለት እዩ። የሱስ ንርእሱ ጸሓይ ጽድቂ ከሎስ፥ ከመይ ገይሩ ካልእ መብራህቲ የድልዮ? እታ ስእሊ ጌጋ ምልክት እትህብ ስእሊ ነበረት። የሱስ ብርሃን ዓለም እዩ። ኣብዚ ጽላሎት እኳ ዘይብሉ ጸሓይ ናይ የሱስ ክንመላለስ ዕድልና እዩ።

ዲ . ኤል . ሙዲ

## ትንሳኤ ኣልኣዛር ካብ ምውታት

## ቅዱስ ጽሑፍ - ዮሃ.11፤30-45

30- የሱስ ኣብታ ማርታ እተቐበለቶ ስፍራ ጸንሐ እምበር፡ ናብ ዓዲ ገና ኣይኣተወን ነበረ።

31- እቶም ከጸናንዕዋ ምስኣ ኣብ ቤት ዘለዉ ኣይሁድ ግና፡ ማርያም ቀልጢፋ ብድድ ምባላን ምውጽኣን ርእዮም፡ ናብ መቓብር ከይዳ ኣብኡ ኽትበኪ እያ፡ ኢሎም ሰዓብዋ።

32 - ማርያም ናብታ የሱስ ዘለዋ ስፍራ መጺኣ ምስ ረኣየቶ፡ ኣብ እግሩ ተደፊኣ፡ ጐይታይ፡ ኣብዚ እንተትነብርሲ ግዲ ሓወይ ኣይምሞተን ነይሩ በለቶ።

33 - ሽዑ የሱስ፡ ንሳ ኽትበኪ ከላ፡ እቶም ምስኣ ዝመጹ ኣይሁድውን ክበኽዩ ከለው ርእዩ፡ ብመንፈሱ ተኪዙ እናኣሕነቕነቐ።

34 - ኣበይ ኣንቢርኩምዎ? በለ፡ ንሳቶም ጐይታይ፡ ንዓ እሞ ርአ በልዎ።

35 - የሱስ ነብዔ።

36 - ስለዚ ኣይሁድ እስኪ ርኣዩ፡ ክንደይ የፍቅሮ ነይሩ፡ በሉ፡፡

37 - ገሊኦም ግና፡ እዚ ኣዒንቲ እቲ ዕውር ዝኸፈተስ፡ ነዚውን ከም ዘይመውት ኪገብሮ ደኸን ኣይምኸኣለን? በሉ።

38 - ሽዑ የሱስ ከም ብሓድሽ ብልቡ ተከዘ፡ ናብቲ መቓብርውን መጸ። እዚ ግና ብእምኒ እተዓጽወ በዓቲ እዩ፡፡

39 - የሱስ፡ ነዚ እምኒ ኣልዕልዎ በሎም። ማርታ ሓብቲ እቲ ምዉት ከኣ፡ ጐይታይ፡ ራብዕቱ ጌይሩ እዩ እሞ፡ ፈጺሙ ጨንዩ፡ በለቶ።

40 - የሱስ እንተ ትኣምንስ ክብሪ ኣምላኽ ምርኤኺዮ ኣይበልኩኽን? በላ።

41 - ድሕርዚ ነቲ እምኒ ኣልዓልዎ፡ የሱስ ከኣ ኣዒንቱ ንላዕሊ ቋሕ ኣቢሉ፡ ኣቦ ስለ ዝሰማዕካኒ ኤመስግነካ ኣለኹ፡

42 - እዞም ደው ኢሎም ዘለዉ ህዝቢ ንስኻ ከም ዝለኣኽካኒ ምእንቲ ኪኣምኑ ደኣ እየ እዚ ዝበልኩ እምበር፡ ኣነስ ኩሉ ሳዕ ከም እትሰምዓኒ፡ እፈልጥ ኣለኹ በለ።

43 - እዚ ምስ በለ፡ ኣልኣዛር ንዓ፡ ናብ ወጻኢ ውጻእ፡ ኢሉ ብዓብዩ ድምጺ ጨደረ።

44 - እቲ ምዉት ብግንዙ ኣእዳውን ኣእጋሩን ብእሱሩ ገጹውን ብመኣረምያ ተጐንጕኑ ከሎ ወጸ። የሱስ ድማ፡ ፍትሕዎ እሞ ይኺድ ሕደግዎ፡ በሎም።

45 - ሽዑ ካብ ኣይሁድ ብዙሓት ናብ ማርያም ዝምጹ፡ ነቲ ንሱ ዝገበሮ ርእዮም ብእኡ ኣምኑ።

**ዚጽናዕ ጥቕሲ።** ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዚኣምን እንተ ሞተ እኳ፡ ብህይወት ኪነብር እዩ። ዮሃ.11፡25

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ግዜ።** ጥሪ ወይ የካቲት፡ 30 ድ.ል.ክ።
**ሰፈር።** የሱስ ኣብ ቤት-ባራ ከሎ፡ ኣልኣዛር ከም ዝሓመመ ልኡኽ መጸ። ዮሃ. 11፡3።
ዓዲ ኣልኣዛር ኣብታ ኣብ ደብረ ዘይቲ እትርከብ ቢታንያ እትብሃል ዓዲ ነበረ።
**ቀንዲ ሓሳባት።** ኣብዚ ትምህርቲዚ ንየሱስ ከም ፈቃር ዓርኪ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከም ህይወት ዚህብ መድሓኒ ጌርና ክንርእዮ ንኽእል።

## መግለጺ

**1. የሱስ ዘፍቅሮም ስድራ ቤት።** የሱስ ኣብ ጥቓ ቢታንያ ዘሎ ስፍራታት ኪመጽእ ከሎ፡ ኣብ እንዳ ኣልኣዛርን ኣሓቱን ይቕመጥ ነበረ። ማርያም ንየሱስ ብዙሕ ዝዋጋኡ ቅዱይ ቅብኢ ስለ ዝለኸየቶ፡ ብዙሓት ሰባትውን ኬጸናንዕወን ስለ ዝመጹ፡ ርኹባት ስድራ ቤት ከም ዝነበሩ ክንርኢ ንኽእል። ኣብ ሉቃ. 10፡38-42፡ ዮሃ. 12፡1-8 ብዛዕባኦም ከነንብብ ንኽእል።

**የሱስ ኣብ ቤትካ ምህላው።** ብዙሓት ኣለዉ ህላውነቶም ኣብ ቤትና በረኸትን ተግሳጽን ምዕዶን ዘምጽኣልና፡ ግናኸ ምስቲ የሱስ ናብ ቤትና ዘምጽኦ ትምህርትን ኣርኣያን ድንጋጸን ፍቕርን ምዕዶን ኪነጻጸር ዝኽእል የልቦን። እንተ ደኣ ንየሱስ ዓ ደምናዮ፡ ነቲ ኵሉ ዚጸልኣን ኣንጻሩ ዝከዶን ኣልጊስና፡ ነቲ ዝፈትዎ እንተ ፈተና ንቓላቱ ሰሚዕና እንተ ተኣዘዝናዮ ብምሉእ ልብና ከኣ እንተ ኣፍቀርናዮ፡ ኣብ ልብናን ኣብ ቤትናን ኪቕመጥ ይኽእል። ህላውነቱ ኣብ ዝከዶ ስድራ-ቤት ምቅይያር ይገብር እዩ።

**2. ኣልኣዛር ሓመመ።** ኣልኣዛር ኪሓምም ከሎ፡ የሱስ ኣብ ቤትባራ እትብሃል፡ 50 ኪሎሜተር ዝርሕቀታ፡ ብግዕዶ ዮርዳኖስ እትርከብ ዓዲ ነበረ።

**ናብ የሱስ ለኣኻ፡** ካልእ ጽዕሪ ኵሉ ዘይረብሕ ምኽኑ ምስ ረኣያ፡ ማርያምን ማርታን፡ “ዓርክኻ ሓሚሙ፡” ኢለን ናብ የሱስ ለኣኻ፡ እዚ ልኡኽዚ ምልክት ናይ ጸሎተን ነበረ። ንሕና ወይ ከኣ ፈተውትና ምስ ዚሓሙ ወይ ምስ ዝሽገሩ፡ ተቐላጢፍና ናብቲ ሓኪም ናይ ሓካይም ክንከይድ ዝበለጸ እዩ።

**3. ሞትን ቀብርን ናይ ኣልኣዛር፡** እቶም ልኡኻት ናብ የሱስ ምስ ከዱ፡ ብኡብኡ ኣልኣዛር ሞተ። ከምቲ ልማድ ኣይሁድ ከኣ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ተቐብረ። ኣሕዋቱ ከኣ ኣዝየን ተስፋ ቖረጻ። ብዙሓት ፈተውተን ድማ ኬጸናንዕወን መጹ። የሱስ ግን እቲ

ልኡኽ ምስ መጸ፣ ጌና ክልተ መዓልቲ ደንጎየ፣ እዚ ምድንጓይ እዚ ብዙሕ ምስጢር ዘለዎ፣ ንኽብሪ ኣምላኽን ንበረኽት እቶም እተጨነቑን ነበረ።

**ምስጢራዊ ምድንጓይ።** 1) የሱስ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ካብቲ ዘምጽኦ ስርሑ ዘብኩሮ ዘበለ ኪገብር ኣይክእልን ነበረ። ስለዚ ስርሑ መታን ኪፍጽም ምድንጓይ ኣድለዮ። 2) እዚ ምድንጓይ እዚ ምእንቲ ሰባት ናይ ሓቂ ሞይቱ ከም ዝነበረ እሞ፣ ከም ዝተንስአ ኪኣምኑ እዩ ዝኾነ። 3) ንምህናጽ እምነትን ፍቕርን ናይቶም ደቀ መዛሙርትን፣ ኣሕዋት ኣልኣዛርን ኣድላዪ ነበረ። ራእይ ናይቲ ዚመጽእ ህይወት ናይ ሰብን ሓይሊ መድሓኒኦምን ከርእዮም ከኣለ።

**ሞት ክርስትያን - ድቃስ።** የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ድቃስ ምስ ሞት ኣነጻጺሩ መሃሮም። 1) ኣብ ድቃስን ኣብ ሞትን፣ ሰብ ኣብ ዙርያኡ እንታይ ይኸውን ከም ዘሎ ኣይፍለጦን እዩ። 2) ኣብ ክልቲኡ እታ ነፍሲ ጌና ትነብር፣ ኣካላት ጥራይ እዩ ዘይሰምዕ፣ ወይ ከኣ ህይወት ዘይብሉ ዚኸውን 3) ኣብ ክልቲኡ ሓድሽን ንቑሕን ዝኾነ ህይወት ምትንሳእ ኣሎ።

**4. የሱስ ኣብ ቢታንያ ምስ መጸ፡፡** ኣርባዕተ መዓልቲ ድሕሪ ሞት ኣልኣዛር፣ የሱስ ናብ ቢታንያ መጸ። እታ ውዕይቲ ዝነበረት ማርታ ምስ ሰምዐት፣ የሱስ ኣብ ቀጽሪ ናይታ ዓዲ ከሎ፣ ነታ ህድእቲ ዝነበረት ሓብታ ማርያም ከይነገረታ ኆይያ ናብኡ ኸደት። "ጐይታይ፣ ንስኻ ኣብዚ እንተ ትህሉስ ግዲ ሓወይ ኣይምሞተን ነይሩ፣" ከኣ በለቶ። ሓይሊ የሱስ፣ ኣብ ብዙሕ ነገራት ርእያቶን ተመኪራቶን ስለ ዝነበረት፣ ኣብ ልባ ቁሩብ ጨራ ናይ ተስፋ ነበራ። የሱስ ንሱ ትንሳኤን ህይወትን ከም ዝኾነ ገለጸላ። ነቲ ኪገብሮ ዝነበሮ ዓቢ ዕዮ ድማ ልባ ኣዳለወ።

**5. የሱስ ንማርያም ለኣኸላ።** ጥ.30-32። እምነትን ተስፋ ናይ ማርታ ምስ በርትዔ፣ የሱስ "መምህር መጺኡ፣ ይጽውዓኪ ኣሎ፣" ዚብል መልእኽቲ ንማርያም ክትህባ ለኣኻፀ ሎሚ ከኣ የሱስ ንኣና ካብ ተስፋ ምቑራጽን ጸልማትን ኬውጽኣና ይጽውዓና ኣሎ።

የሱስ ናብ ዓዲ ገና ኣይኣተወን ነበረ። ብዙሓት ኣይሁድ ኣብቲ ቤት ስለ ዝነበሩ፣ እቲ ነተን ኣንስቲ ዜጸናንዕ ቃላት ኣብ ቅድሚ ኵሎም ክብሎ ስለ ዘይደለየ፣ ቅድሚዚ እዋንዚ ናብ ቤት ኪኣቱ ኣይደለየን። ምናልባሽ ገለ ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ተጻረርቱ ከይኰኑ እሞ፣ ንፈሪሳውያን ኬይዶም ከይነግሩ፣ ካብቲ መደቡ ከኣ ከይዕንቅፍዎ ኢሉ፣ ብሕት ኢሉ ምዕድኡን ምጽንናዑን ኪህብ ደለየ። ካብቲ ዘየድሊ ሓዘኖም ሓራ ኬውጽኦም ደለየ። ንክርስትያን ሞት ከም ድቃስ እያ። እቶም ኣይሁድ ማርያም ናብቲ መቓብር ከይዳ ትበኪ መሲልዎም፣ ብድድ ኢላ ምስ ወጸት፣ ደድሕሪኣ ከዱ። ንሳ ግና ናብ የሱስ ከይዳ፣ ኣብ እግሩ ተደፊኣ፣ ከምቲ ማርታ ዝበለቶ በለት።

**6. ኵሎም ናብቲ መቓብር ከዱ።** ጥ. 33-38። "ብመንፈሱ ተከዘ፣" የሱስ ሓጢኣት

ዘምጽኦ ኣስተብሂሉ ተከዘ። ድሕርዚ "ኣበይ ኣንቢርኩምዎ? ኢሉ ሓተቶም፣ ንሳቶም ከኣ፣ "ንዓ እሞ ርኤ፣" ኢሎም መለሱሉ።

"የሱስ ነብዔ፣" ካብዚ ከኣ እቲ ፈቃርን ደንጋጽን ዝኸውን ሕያውነት ናይ የሱስ ክንርኢ ንኽእል። ኣብ መርዓ ቃና ናይ ገሊላ የሱስ ተሓጒሱ ንርእዮ። ኣብዚ ቀብሪዚ ከኣ ብጓሂ ኪነብዕ ንርእዮ። እዚ መድሓኒዚ እዩ፣ ንየሩሳሌም ህያብ ናይ ኣምላኽ ብም ንጻጋ ጕህዩ ዝነብዓላ። የሱስ ኪነብዕ ከሎ፣ ሰብ ክርድኦ ዚኽእል መግለጺ ናይ ፍቕርን ድንጋጽን ናይቲ ዓቢ ኣምላኽ እዩ።

"ስለዚ ኣይሁድ፣ እስኪ ርኣዩ፣ ክንደይ የፍቅሮ ነይሩ፣ በሉ፣" ገሊኦም ግና፣ "እዚ ኣዒንቲ እቲ ዕውር ዝኸፈተስ ነዚውን ከም ዘይመውት ኪገብሮ ደኾን ኣይምኸኣለን።" በሉ። እዚ ምሕዋይ ናይዚ ዕውር በቲ ቕነቲ ኣብ ጥቓኦም ዝነበረ- ዓዲ ስለ እተፈጸመ፣ ቀልጢፎም ኪዝክርዎ ከኣሉ። "ሽው የሱስ ....... ብልቡ ተከዘ። ናብቲ መቓብርውን መጸ። እዚ ግና ብእምኒ እተዓጽወ በዓቲ እዩ።"

7. **ኣልኣዛር ካብ ምውታት ተንስኤ፡፡** ጥ. 39-45። የሱስ "ነዚ እምኒ ኣልዕልዎ" በሎም። ድሮ ኣርባዕተ መዓልቲ ገይሩ ስለ ዝነበረ፣ ኣካላቱ ጨንዩ ኢላስ ማርታ ኪኸፈት ኣይደለየቶን። ስለምንታይ እዩ የሱስ፣ ክሳዕ ክንድዚ ጨንዩ ክነሱስ ክርእዮ ዚደሊ? ኢላ ሓሲባ ትኸውን።

"የሱስ፣ እንተ ትኣምንስ፣ ክብሪ ኣምላኽዐ ምርኤኺዶ ኣይበልኩኽፀ? በላ፣" ግደ ማርታ ንሕያውነትን ሓይልን ተስፋን ናይ የሱስ ምእማን ጥራይ ነበረ። ምፍጻም ግደ የሱስ እዩ፣ ምእማን ግና ግደ ማርታ ነበረ። የሱስ እንታይ ከም ዚገብር ጌና ኣይተፈልጠን ነበረ፣ ነቲ ዚገብሮ ምእንቲ ኪገብር ድማ እምነት የድልዮ ነበረ።

"የሱስ ከኣ ኣዒንቱ ንላዕሊ ቋሕ ኣቢሉ፣ ኣቦ፣ ስለ ዝሰማዕካኒ ኤመስግነካ ኣሎኹ፣" በለ። እዚ ቃላትዚ መግለጺ ናይ ስግደት እዩ። ናይ ወጻኢ ቅርጺ ናይ ስግደት፣ ንኣናን ንኻልኦትን ዚድግፍ እዩ። ከምዚ ኢሉ ብምጅማሩ፣ ቅድሚ ሕጂ ጸሎቱ ወትሩ ይሰማዕ ከም ዝነበረ ክንስተብህል ንኽእል። ኵሉ የሱስ ዝገበሮ ተኣምራት ምስ ኣቦ ተሰማሚዑ እዩ ዚገብሮ። ብእኡ ጌይሩ ወዲ ነቦ ኣኽበሮ፣ ኣቦ ከኣ ንወዱ ኣኽበሮ። የሱስ፣ "ኣነስ ኵሉ ሳዕ ከም እትሰምዓኒ እፈልጥ ኣሎኹ" ኢሉ ጸለየ። ጸሎቱ ብቕኑዕ መንፈስን ብንጹህ ሕልናን ብፍጹም እምነትን ስለ ዝነበረ፣ ገለ ተኸሊኡ ኣይፈልጥን። ንሕና ከኣ ብከምዚ ዝበለ መንፈስ ምስ እንጽሊ፣ ጸሎትና ኪምለስ እዩ። የሱስ ብጸሎቱ ኣቐዲሙ ምስ ኣመስገነ፣ "እዞም ደው ኢሎም ዘለዉ ህዝቢ ንስኻዐከም ዝለኣኽከኒ ምእቲ ኪኣምኑ ኢሉ ጸለየ።"

"ኣልኣዛር ንዓ ውጻእ ኢሉ ብዓቢ ድምጺ ጨደረ።" ከም ዝኣዘዞ ፈሊጡ፣ ከም ንሓደ ካብ ድቃስ እተባራብሮ ብዓቢ ድምጺ ኣተንስኦ። ድሕርዚ እቲ ምዉት ብግንዙ፣ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብእሱሩ፣ ገጹውን ብመኣረምያ ተጠምጢሙ ከሎ ወጸ። ኣእጋሩን

ኣእዳዉን ተኣሲሩ ስለ ዝነበረ፣ ከምኡ ኢሉ ኪኸይድ ኣይከኣለን። ስለዚ የሱስ ነቶም ኣብ ጥቓኡ ዝነበሩ "ፍትሕዎ እሞ ይኺድ ሕደግዎ።" በሎም። ነቶም ብመንፈሳዊ ኵነታቶም ዝሞቱ ብሓይልና ከነተንስኦም ኣይንኽእልን ኢና። ግናኸ ብጸሎት ጌርና ንክርስቶስ ኣብቲ መቓብሮም ከነምጽኦ ንኽእል። እቲ መለኮታዊ ድምጺ ካብ ናይ ሞት ድቃሶም ምስ ኣበራበሮም፣ ከምቲ እዞም ሰባት ንምፍታሕ ኣልኣዛር ዝደገፉ ከምኡ ንሕና ካብቲ ዝኣሰሮም ሓጢኣት ሓራ ንምውጻእ ክንድግፎም መሰልና እዩ።

8. **ሳዕቤኑ።** ጥ. 45 "ሽዑ ካብ ኣይሁድ ብዙሓት..... ብእኡ ኣመኑ።" እቲ ተኣምራት ብሓቂ ከም እተፈጸመ ስለ ዝረኣዩ፣ መለኮታዊ ሓይሊ ናይ የሱስ ተገልጸሎም። ንሱ ንገዛእ ርእሱ ምንጪ ናይ ህይወት ከም ዝኾነ ኪርድኡ ከኣሉ።

**ሕቶታት**

1. ኣሕዋት ኣልኣዛር ከመይ ዝበለ እምነት ነበረን?
2. ክርስቶስ ብዛዕባ ጭንቅና ክሳዕ ክንደይ ይግደስ?
3. ስለምንታይ እዩ ንሓንሳእ መልሲ ናይ ጸሎትና ዚድንጐ?
4. ሞት ንዘይደሓነ ሰብ እንታይ እዩ?
5. ሞት ንዝደሓነ ሰብ እንታይ እዩ?
6. ብልሒ ሞት ብኸመይ ዝበለ መገዲ ኪሰዓር ይኽእል?

**መረድኢ**

## ተስፉታት ኣምላኽ ከመይ ጌርና ከም እንሕዞ

ክልተ ኣረገውቲ ሰብኣይን ሰበይትን ንሓደ ኣብ ውግእ ዝቈሰለ ወትሃደር፣ ኣብ ቤቶም ኣዕ ቍቦም ክሳዕ ዝመውት ተኻፀኽንዎ። እዚ ወትሃደር ኪመውት ከሎ፣ ሓንቲ ንእሽቶ ወረቐት ሓዲግሎም ሞተ። እቶም ኣረገውቶት ሰባት ከኣ፣ ንመዘከርታ ኢሎም ኣብ መረጸን ኣእትዮም፣ ኣብ መንደቕ ሰቐልዋ። ሓደ ግዜ ጋሻ ኪበጽሖም መጸ እሞ፣ ነታ ስእሊ ረኣያ። "እዚ ወረቐት እዚ ካበይ ረኺብኩምዎ?" ኢሉ ሓተቶም። ካበይ ከም ዝረኸብዎ ምስ ፈለጠ፣ ናይ ዓዲ ፈረንሳ ሽሕ ፈረንካ ከም ዝከፍለ ነገሮም። ኣዝዮም ከኣ ተደነቑ። ንሕና ከኣ ካብ ሽሕ ፈረንካ ንዝበልጽ ነገራት ከምዚ ናይዞም ሰባት ጌርና ነቐምጦ። ተስፉታት ኣምላኽ ጥዑምን ክቡርን እዩ፣ ኢልና ኣብ ሓንጎልና ነቐምጦ። ኣብቲ ኣውራ ዘድልየና ጊዜ ግና ኣይንጥቀመሉን። የሱስ፣ "ሓውኺ ኪተንስእ እዩ፣" ኢሉ ንማርታ ምስ ኣተስፈዋ፣ ነዚ ተስፋ ወሲዳ ክንዲ ትጥቀመሉስ፣ ንዳሕራይ ኢላ ኣንበረቶ። "እወ ኣብቲ መወዳእታ ግዜ ከም ዝትንስእሲ እፈልጥ እየ" ኢላ መለሰትሉ። ኣምላኽ ይሓግዘን ንኵሉ ተስፉታቱ ናብ በረኸት ክንሽርፎ።

## ምልካይ ቅዱይ ቅብኢ ኣብ ቢታንያ

### ቅዱስ ጽሑፍ - ዮሃንስ 12፡1-11

1- ሽዑ የሱስ ሽድሽተ መዓልቲ ቅድሚ ፋስጋ ናብታ ንሱ ካብ ምውታት ዘተንሳአ ኣልኣዛር ዘለዋ ናብ ቢታንያ መጸ።

2- ኣብኣ ከኣ ድራር ገበሩሉ። ማርታውን ተገልግል ነበረ። ካብቶም መቓምጡ ሓደ ከኣ ኣልኣዛር እዩ።

3- ማርያም ድማ ሓደ ነጥሪ ብዙሕ ዝዋጋኡ ቅዱይ ቅብኢ ጽሩይ ናርዶስ ወሲዳ፡ ብእኡ ገይራ ኣእጋር የሱስ ለኸየት፡ ብጸጕሩ ርእሳውን ደረዘቶ። እታ ቤት ከኣ ብመኣዛ እቲ ቅዱይ ቅብኢ መልኤት።

4- ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ ሓደ፡ እቲ ከፅሕዞ ዘለዎ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ወዲ ስምኦን ግና፡

5- እዚ ቕዱይ ቅብኢ እዚ ከመይ ግዳ ንሰለስተ ሚእቲ ድሪም ተሸይጡስ ንድኻታት ዘይውሃብ፡ በለ።

6- እዚ ዝበለ፡ ሰራቒ ስለ ዝከፅ እዩ እምበር፡ ንድኻታት ሓልዩሎም ኣይኮነን። ማሕፉዳ ምስኡ ነበረ፡ ካብቲ ኣብኡ ዝኣተወውን የልዕል ነበረ።

7-8 ስለዚ የሱስ፡ ድኻፀትሲ ከፀኡ ሳዕ ምሳኻትኩም ኣለዉ፡ ንኣይ ግና ከፀኡ ሳዕ ኣይትረኽቡንን ኢኹም እሞ፡ ንመዓልቲ ቐብረይ ሓልያቶ እያ፡ ሕደጋ በለ።

9- ድሕርዚ ካብ ኣይሁድ ብዙሓት ሰብ፡ የሱስ ኣብኡ ምህላዉ ፈሊጦም፡ መጹ። ነቲ ካብ ምውታት ዘተንስኦ ኣልኣዛርውን ኪርእዩ እምበር፡ ምእንቲ የሱስ ጥራይ ኢሎም ኣይኮኑን ዝመጹ።

10-11 ብዙሓት ኣይሁድ ብምኽንያት ኣልኣዛር እናኸዱ ብየሱስ ይኣምኑ ነበሩ እሞ፡ ሊቃውንቲ ካፀናት ንኣልኣዛር ድማ ኪቐትልዎ ተማኸሩ።

**ዝጽናዕ ጥቕሲ፡፡** *ዚከኣላ ገበረት። ማርቆስ 14፡8።*

## መዓልታዊ ትምህርቲ

**ጊዜ፡፡** የሱስ ብመጋቢት 31፡ ዓርቢ፡ ኣብ መበል 33 ዓመቱ፡ ሽድሽተ መዓልቲ ቅድሚ ፋስጋ ኣይሁድ፡ ናብ ቢታንያ ከዴ። ንጽብሒቱ ቀዳም፡ ማለት ሰንበት ናይ ኣይሁድ፡ ክሳዕ ጸሓይ እትዓርብ ዓረፈ። በታ ምሸት እቲኣ ከኣ በዓል ነበረ። እዚ መ- መርታ ናይታ ናይ መወዳእታ ሰሙን ናይ ህይወት የሱስ እዩ።

ሰፈር፡፡ ኣብ ቤት ስምኦን እቲ ለምጻም። ኣብታ ኣብ ልዕሊ ደብረ ዘይቲ እትርከብ፡ ቢታንያ እትብሃል ከተማ።

**ቀንዲ ሓሳባት፡፡** ቀንዲ ሓሳባት ናይ ሎሚ ትምህርትና፡ የሱስ ዚደልዮ ዓይነት ኣገልግሎት፡ ክንብል ንኽእል። በበይኑ ዓይነት ኣገልግሎት ናይ የሱስን፡ እቲ ንሱ ዚፈትዎ ኣገልግሎትን ክንርኢ ኢና። ኣብ ካልእ ወገን ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ነዚ ትምህርቲዚ፡ ከምዚ ጌይሩ ኣብሪሁ ዚገልጾ ኣይንረክብን። ስለዚ እዛ ናይ ሎሚ ትምህርትና ኣድላዪት ትምህርቲ እያ።

## መግለጺ

**1. ናይ ማርታ ዓይነት ኣገልግሎት።** ጥ.1-2። ስለምንታይ እዩ የሱስ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ህይወቱ ኣብ ቢታንያ ዚቕመጥ ዝነበረ? የሱስ ብዙሕ ጊዜ ኣብዚ ሰፈርዚ ጽምዋን ህድኣትን ዕረፍትን ምእንቲ ኪረክብ ኢሉ፡ ይኸይድ ነበረ። ምናልባሽ ከኣ ካብቶም ተጻረርቱ ግልል ኪብል ይኸውን። ሽድሽተ መዓልቲ ቅድሚ ፋስጋ ኣይሁድ፡ ዓርቢ መዓልቲ፡ ናብ ቢታንያ መጸ። ንጽብሒቱ ንየሱስ ድራር ገበሩሉ። እዚ ድራርዚ ድሕሪ ሰንበት ናይ ኣይሁድ፡ ማለት ድሕሪ ጸሓይ ምዕራብ፡ ተፈጸመ።

ኣበየናይ ቤት እዩ እቲ ድራር ዝተቐረበ? ኣብ ቤት ስምኦን እቲ ለምጻም። ማር. 14፡3። ካብቲ ጽሑፍ ከነስተብህለሉ እንኽእል፡ ሰብ ቢታንያ ሓቢሮም ንየሱስ ድራር ዝገበሩሉ ይመስል። ምናልባሽ ቤት ስምኦን ኣብ ማእከል ስለ ዝነበረት፡ ወይ ከኣ ገፌሕ ሰፈር ስለ ዝነበሮ፡ ይኸወን እቲ ድራር ኣብ ቤቱ ዝኸዐ። እዚ ስምኦንዚ እንታዋይ ምኻኑ ኣይንፈልጥን። ግናኸዕ ሞሪሶን ዝተባህለ ፈላጥ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እቲ "ጐይታይ እንተ ትፈቱስ ከተንጽሃኒ ትኽእል ኢኻ፡" ዝበለ ለምጻም፡ ኣብ ማቴ. 8፡2 ዝርከብ፡ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ይብለና። መን ከም ዝኸዐ ብዘየገድስ የሱስ ኣንጺህዎ ነበረ፡ ግናኸ ሰባት ጌና፡ "ስምኦን እቲ ለምጻም፡" ይብልዎ ነበሩ። ኣብዚ እምበኣር፡ ከመይ ጌይሩ ናይ ቀደም ስምና ጌና ኣባና ከም ዝጠብቕ ክንርኢ ንኽእል። ምናልባሽ ብዙሓት ብዛዕባ ስምኦን ኪዛረቡ ከለዉ ለምጻም ከም ዝነበረ ከይነገሩ፡ ዘረባኦም ዘይውድኡ ነይሮም ይኾኑ። ሎሚ ከኣ ብዙሓት ኣለዉ ንሓደ ሰብ ክንእድዎ ከለዉ፡ ብዛዕባ እቲ ዝሓለፈ ሕማቁ ከይተዛረቡ ዘይውድኡ።

ኣብቲ ድራር መነመን ነይሮም? ማርታን ኣልኣዛርን ማርያምን ኣብዚ ድራርዚ፡ እቶም ኣውራታት ዝነበሩ ይመስል። ማርታ ዋና ናይ ኩሉ ውራይ ነበረት። የሱስ ንኣልኣዛር ካብ ምውታት ስለ ዘተንስኦ፡ ብዙሓት ኪርእይዎ ዝመጹ ከኣ ነበሩ። የሱሱን ደቀ መዛሙርቱን ምናልባሽ ከኣ፡ ካብ የሩሳሌም ዝመጹ ካልኦት ሰባትን ኣብኡ ነበሩ። ጥቕሲ 9።

ኣገልግሎት ማርታ እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ነበረ? 1) ናይ ብሕታ ዓይነት ኣገልግሎት ነበረ። ነፍሲ ወከፍና በብመገድናን በብባህርናን ንየሱስ ከነገልግሎ ኣሎና። 2) ኣድላዩ ኣገልግሎት ነበረ። ምእንቲ ክፀነብር ክንበልዕ ኣሎና። 3) ባህ ዜብል ኣገልግሎት ድማ ነበረ። ክንበልዕ ግቡእና ካብ ኮነ፣ ጽቡቕን ጽሩይን መግቢ ክንቅርብ ከኣ ኣዝዩ ባህ ኬብለና ይግባእ። ማርታ ከኣ ንፍዕቲ ከሻኒት ከይኮነት ኣይትተርፍን። 4) የሱስ ኣብ ኵሉ ኣገልግሎትና እሙናት ክንከውን ስለ ዚደልየና፣ ብርግጽ ንሱ ዚፈቖዶ ኣገልግሎት ነበረ። ግናኸ ኵሉ ጊዜ ተግባር ናይ ኢድና፣ ምስቲ ዝዓበየ ኣገልግሎት ናይ ልብና ዝሓበረ ኪኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ዝዓበየ ኣገልግሎት ናይ ልቢ ማርያም ንማርታ ሓለፍ ትብላ ነበረት።

**2. ናይ ማርያም ዓይነት ኣገልግሎት፣** ጥ.3። እዘን ኣሕዋት እዚኤን ነቲ የሱስ ዝገበረለን በብወገነን ምስጋናኤን ገለጻ።

ማርያም ከመይ ጌይራ ምስጋናኣ ገለጸት? እግርን ርእስን ናይ የሱስ ብክቡር ዝዋጋኡ ቅብኢ ጌይራ ለኸየቶ። ማቴ. 26፡7። ብዘበን ቀደም፣ ርእሲ ኣጋይሽ ብቕብኢ ምልካይ ልሙድ ነበረ። እግሪ ምልካይ ግና ልሙድ ኣይነበረን። ንየሱስ ፍልይ ዝበለ ክብሪ ክትህቦ ስለ ዝደለየት እያ እዚ ዝገበረት። ከምቲ ይሁዳ ዝገመቶ፣ ዋጋ ናይዚ ቅዱይ ቅብኢ እዚ፣ ሰለስተ ሚእቲ ድሪም ነበረ። በቲ እዋንቲ እዚ ገንዘብዚ፣ ደሞዝ ናይ ምሉእ ዓመት ናይ ሓደ ማንም ሰራሕተኛ ይኸውን ነበረ።

ከመይ ጌይራ ማርያም እግሪ የሱስ ለኸየቶ? እቲ መኣዶም ዝቐረበሉ ጠረጴዛ ብጣዕሚ ሓጺር ስለ ዝነበረ፣ ምንጻፋት ጌይሮም ኣብ ምድሪ ተገምሲሶም፣ እግሮም ካብቲ ጠረጴዛ ኣርሒቖም፣ ኣብ መኣዲ ይቐረቡ ነበሩ። እዚ ማርያም ዝገበረቶ፣ ከምቲ ካህናት ኪቕብኡ ከለዉ ዚግበር፣ ከምኡ ነበረ። ማርያም ኵሉ ጊዜ ኣብ ጥቓ እግሪ የሱስ ኰፍ ክትብል ትፈቱ ነበረት። እግሩ ብቕብኢ ምስ ለኸየቶ ድማ ብጸጉራ ደረዘቶ። እዚ ንእሽቶ ዝመስል ነገር፣ ማርያም ዝነበራ ብርቱዕ ፍቕርን ትሕትናን ስግደትን የርእየና።

ስለምንታይ እዩ እዚ ግብሪ ማርያም፣ ከምቲ የሱስ እተነበየላ፣ ክሳዕ ሎሚ ዚንገር ዘሎ? ማቴ, 26፡13። 1) ግሩም ዝኾነ ኣብነት ናይ ምስጋና ስለ ዝኾነ። 2) ግሩም ዝኾነ ኣብነት ናይ ፍቕሪ መስዋእቲ ስለ ዝኾነ። እቲ ዝበለጸ ነገር ዘሎና፣ ነቲ እነፍቅሮ ምስ እንህቦ እዩ ኣውራ ዘሕጉሰና። 3) ኣብ ፍቕሪ ዘገርም ትብዓት ከም ዘሎ የርእየና። ማርያም ንላግጽን ዘይምርዳእን ምንቃፍን ናይ ሰብ ክትጸሮ ፍቓደኛ ነበረት። ንየሱስ ከምዚ ጌይራ ኣግሂዳ ፍቕራን ስግደታን ክትገልጽ ከላ፣ እንታይ ከም ዝኻንፋ ትፈልጥ ነበረት። ኵሉ ኣገልግሎት ናይ ክርስቶስ፣ ካብ ምስክር ናይቲ ፈለማዩ ዝደሓነ ሰብ ክሳዕ እቲ ዝዓበየ ስራሕ ናይቲ ዝዓበየ ክርስትያን፣ ትብዓት የድልዮ እዩ። ቀሊል

ነገር ኣይኮነን፡ ግናኸ እቲ ንክርስቶስ ዘሎኻ ፍቕሪ፡ ቀሊል ይገብሮ። 4) ምልክት ናይቲ የሱስ ዝገበሮ ዓቢ መስዋእቲ ነበረ። የሱስ ልክዕ ከምቲ ናቱ ዝበለ መንፈስ ኣብ ማርያም ኪርኢ ከኣለ። ንሱ ምእንቲ ንሰብ ኬድሕን ዘለዎ ከፊሉ ሃበ፡ ማርያም ከኣ ንእኡ ከተኽብሮን ፍቕራ ክትገልጸሉን ኢላ፡ ዘለዋ ሃበት። 5) የሱስ ነቲ ናይ ፍቕሪ ኣገልግሎት ከመይ ጌይሩ ከም ዝቕበሎ ክንርኢ ንኽእል። ገለ ካብቶም ደቀ መዛሙርቲ ኣላገጹ፡ የሱስ ግና ኣመስገነ።

3. **ናይ ይሁዳ ዓይነት ኣገልግሎት።** ጥ.4-6። መን'ዩ እቲ ኣንጻር ግብሪ ማርያም እተዛረበ? ማቴዎስ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ይብለና። ማርቆስ ከኣ፡ ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት፡ ይብለና። ስለዚ ናይ ኵሎም ሓሳባት ክነሱስ፡ ብይሁዳ ኣስቆሮታዊ ዝተዘርበ ይመስል። ኵሉ ጊዜ ዓለም ነቲ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ዝገብርዎ ክትነቕፍ ድልውቲ እያ።

ስለምንታይ ደኣ እዩ ዮሃንስ ንይሁዳ ጥራይ ዝሰሚ? ምናልባሽ ይሁዳ - ማሪ ናይቲ ነቐፉቲ ነይሩ ይኸውን። ዝኸፍአ ከፍይኑ ዮሃንስ ኣብዚ፡ እቲ ካብ ቅድም ኣትሒዙ ኣብ ይሁዳ ዝነበረ ጠዋይ መንፈስ ከርኢ ከኣለ። ናይ ሎሚ ሓሳባት ናይ ይሁዳ፡ ናይ ጽባሕ ግብሩ ከፍአ። ይሁዳ ኣብ ቢታንያ፡ ትንቢት ናይ ይሁዳ ኣብ ጌተሰማኒ ነበረ።

ይሁዳ ከመይ ዝበለ ኣገልግሎት ኪገብር በለ? ከምቲ ዝበሎ፡ ነቲ ቅብኢ ሸይጡ፡ እቲ ገንዘብ ንድኻታት ኪህቦም ነበረ ድሌቱ። እዚ ጽቡቕ ሓሳባት ነይሩ፡ ግናኸ ብልቡ ኣይኮነን ዝበሎ። ስለምንታይ ሰራቒ እዩ ነይሩ። ንሱ ክኢላ ተሓዛ ገንዘብ ስለ ዝነበረ፡ ተሓዛ ገንዘብ ናይቶም ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ነበረ። ብርቱዕ ፍቕሪ ገንዘብ ስለ ዝነበሮ ከኣ፡ እቲ ምትሓዝ ገንዘብ ብርቱዕ ፈተና ከፍኦ። እቲ ሱር ሓጢኣት ዝኾነ ፍቕሪ ገንዘብ፡ ካብ ልቡ ከውጽኣሉ ንክርስቶስ ኣይፈቐደሉን። ይሁዳ ንርእሱ ዘይገብሮ ክፉኡስ ንማርያም ነቐፉ። ብዙሕ ጊዜ ሰባት ንሳቶም ዘይገብርዎ ንካልእ ይነቕፉ። ኣብ መንጎ ናይ ይሁዳ ማሕፉዳን ናይ ማርያም ቅዱይ ቅብእን፡ ኣብ መንጎ ሰላሳ ቅርሹን ሰለስተ ሚእቲ ድሪም ናይ ማርያምን፡ ኣብ መንጎ ፍቕሪ ገንዘቡን ልግሳን፡ ኣብ መንጎ ግቡዝ ዝኸፍአ ምግዳሱ ንድኻታትን እቲ ለውሃት ዝመልኦ ንየሱስ ዝገበረትሉ ግብራን፡ ኣብ መንጎ ዘሰክሕ መወዳእታኡን እቲ ናይ ዘለኣለም መዘከርታኣን፡ ዘሎ ዓቢ ፍልልይ ተመልከት።

4. **የሱስ ዝመረጾ ዓይነት ኣገልግሎት፡** ጥ. 7-8 የሱስ ከመይ ጌይሩ ንማርያም ካብዚ ነቐፋ እዚ ተኸላኸለላ? "ሕደጋ፡" በለ። "ዝከኣላ ገበረት።' ማር. 14፡8። እቲ ዘለዎ ሓይልን ክእለትን ጥሪትን ንክርስቶስ ዚህቦ፡ ብዘየገድስ፡ ሰባት ክንደይ ከም ዝንእድዎ ወይ ከም ዝነቕፍዎ፡ ሳዕቤኑ ክንደይ ዓቢ ወይ ንእሽቶ ምኻኑ፡ ናእዳን ሞገስን ናይ የሱስ ይረክብ።

የሱስ ነቲ ብቕዱይ ቅብኢ ምልኻይ ከመይ ጌይሩ ተርጒሞ? ጊዜኡ ቀሪቡ ስለ ዝነበረ፡ ንምድላዉ ኣካላቱ ንቕብሪ፡ ኢሉ ተርጒሞ። የሱስ ደጋጊሙ ኪመውት ከም ዝከፍ ይነግሮም ነበረ። ማርያም ከኣ ሞቱ ከም ዝቐረበ ተፈሊጥዋ፡ ምስ ሞተ ንኣካላቱ ክትቀብእ ዕድል ምርካብ ከይትስእን ስለ ዝፈርሄት፡ ብህይወቱ ከሎ ከተኽብሮ ደለየት።

የሱስ ብዛዕባ እቲ ይሁዳ ዘቕረቦ ሓሳባት እንታይ በለ? የሱስ ዝሰምሮ ሓሳባት ነበረ፡ ግናኸ እቲ እዋንቲ ጊዜኡ ኣይነበረን። ማርቆስ 14፡7። የሱስ ንድኻታት ምሃብ ኵሉ ጊዜ ብምስላ ከፍ ብምዕዶ ብኣርኣያኡውን ዚድግፎ ሓሳባት ስለ ዝነበረ፡ ክንቀፍ ዘይክኣል ነበረ። ግናኸዐ እቲ ንእኡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ከሎ ከገልግልዎ ዝክእሉሉ ጊዜ ኣዝዩ ሓጺር ነበረ። ብመንፈሱ ኵሉ ጊዜ ምስኦም ኪኸውን እዩ - ማቴ. 28፡20- ብኣካላቱ ግና ንቕሩብ ጊዜ ጥራይ እዩ ምስኦም ዝኸውን።

ንሱ ብስጋ ካብኦም ምስ ተፈልየ ከኣ፡ ነቶም ደቀመዛሙርቱ፡ "ንሓደ ካብዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ዝገበርኩምሉ፡ ንኣይ ከም ዝገበር ኩምለይ፡" እዩ ዝቑጸር ኢሉ ሓደራ፡ በሎም።

**5. ሓደስቲ ሰዓብትን ናይ ቀደም ተጻረርትን።** ጥ.9-11። ስለምንታይ እዮም ብዙሓት ሰባት ኣብ ቢታንያ ዝተኣከቡ? እቶም ንየሱስ ኣብ ዝኸዶ ዝስዕብዎ ዝነበሩ ተራ ኣይሁድ፡ የሱስ ኣብኡ ከም ዘሎ ሰሚዖም መጹ። ብዙሓት ከኣ ንኣልኣዛር ክርእዩ መጹ።

ብዙሓት ትም ኢሎም ኪርእዩን ኪዕዘቡን ዝመጹ ነበሩ። ግናሽ እንታይ ረብሓ ረኸቡ? ንኣልኣዛር ብምርኣይን፡ ምስክሩ ብምስማዕን፡ ብዙሓት የሱስ እቲ ናይ ሓቂ መሲህ ምዃኑ ኪርድኡ ከእሉ። ጥራይ ኪርእዩን ኪዕዘቡን እኳ እንተ ከፍ፡ ንሰባት ናብ ቤተ ክርስትያን ምዕዳም ኣይንዘንግዕ። ብዙሓት ካብኦም ድሒኖም፡ ገሊኦም ከኣ ብገለ መገዲ ተተንኪፎም ኪወጹ እዮም።

ሓለቓታት ኣይሁድከ እንታይ በሉ? እቶም ንየሱስ ኪቐትልዎ ዝሓሰቡ ዝነበሩ ካህናት፡ ንኣልኣዛርውን ኪቐትልዎ ደልዩ።

### ሕቶታት

1. ማርታ ንየሱስ ከመይ ጌይራ ኣገልገለቶ?
2. ማርያም ንየሱስ ከመይ ጌይራ ኣገልገለቶ?
3. ይሁዳ ከመይ ጌይሩ ንየሱስ ኣገልገሎ?
4. ንሕናከዐከመይ ጌርና ንየሱስ ከነገልግሎ ይግባእ?
5. ሳዕቤን ናይቲ ንክጠሪ የሱስ ተባሂሉ ዝተገብረ ድራር እንታይ ነበረ?

### መረድኢ

## ዝ ከ ኣ ለ ካ   ም ግ ባ ር

ሓደ ሓላፊ ትምህርቲ ሰንበት ንተማሃሮኡ፣ ትመጽእ ዘላ ሰንበት ነፍስ ወከፍኩም ሓሓደ ተማሃራይ ዓዲምኩም ምጹ፣ በሎም። ገለ ካብቶም ተማሃሮ፣ “ንሕናስ ኣይንኽእ ልን ኢና፣” ኢሎም ምኽንያት ሃቡ። ገሊኦም ከኣ፣ “ዝክኣለና ክንገብር ኢና፣” በሉ። ሓደ ካብዞም፣ “ዝክኣለና ክንገብር ኢና፣” ዝበሉ ተማሃሮ፣ ናብ ቤት ምስ ከደ፣ ነቦኡ “ኣቦ፣ ሎሚ ናብ ትምህርቲ ሰንበት ምሳይ ዘይትኸይድ?” በሎ። ኣቦኡ እናሓፈረ፣ “ወደይ፣ ኣነ ደኣ መኣዝ ከንብብ እኽእል ኰይነ“ በሎ። እቲ ቈልዓ፣ “እቶም መምህራ ንና ምንባብ ኪምህሩኻ ይኽእሉ እዮም፣” ኢሉ መለሰሉ። እቲ ኣቦ ምእንቲ ንወዱ ደስ ከብል ኢሉ፣ “እምበኣር ክኸይድ እየ፣” በሎ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ኣትሒዙ ተኸታቲሉ ኪኸይድ - መረ፣ ምንባብ ተማህረ፣ ድሕነት ነፍሱውን ረኸበ። ድሕርዚ መጽሓፍ ቅዱስን መንፈሳዊ መጽሔታትን ኪዕድል - መረ። እዚ ሰብኣይዚ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት፣ 400 ትምህርቲ ሰንበታት ኣቘመ። ኣብቲ ትምህርቲ ሰንበታት እዚ ከኣ፣ 35 ሽሕ ቈልዑ ኪምሃሩ ኽኣሉ። ዝከኣለካ ምግባር እንታይ ማለት ምዃኑ ኣብዚ ክንርኢ ንኽእል። እቲ ንእሽቶ ክእለት ናይዚ ቈልዓ፣ ከም ንእሽቶ ወሓዚ ማይ ነበረ። ድሕሪኡ ናብ ንእሽቶ ቐላይ ተለወጠ። ካብኡ ድማ ዓቢ ርባ ወጸ፣ እቲ ቈልዓ ዝከኣሎ ገበረ። ኣምላኽ ከኣ ደገፎ። ኣቦኡ ከኣ ኪድሕን ከኣለ። ኣቦኡ ምስ ደሓነ ከኣ ንሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕ ቈልዑ ኣብ ትምህርቲ ሰንበት መርሐም።

## የሱስ ምስ ቈልዑ

## ቅዱስ ጽሑፍ - ማቴ. 18፥1-14

1- በታ ጊዜ እቲኣ እቶም ደቀ መዛሙርቱ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት መን ኰን ይበልጽ? እናበሉ ናብ የሱስ ቀረቡ።

2- ንሱ ድማ ቈልዓ ጸዊዑ ኣብ ማእከሎም ደው ኣበሎ።

3- በለ ከኣ፡ እንተ ዘይተመለስኩም፡ ከም ቈልዓውን እንተ ዘይኰንኩም ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ከም ዘይትኣትዉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡

4- እቲ ከምዚ ቈልዓዚ ርእሱ ዜትሕት፡ ንሱ እዩ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዚበልጽ።

5- ንከምዚ ዝበለ ቈልዓ ብስመይ ዚቕበል፡ ንኣይ ይቕበል።

6- ካብዞም ብኣይ ዚኣምኑ ናኣሽቱ ንሓደ ዜስሕት ግና፡ መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ዓሚቝ ባሕሪ ከጥሕል ይሔሾ።

7- መዓንቀፊ ከይመጸ ኣይተርፍን እዩ እሞ፡ ወይለአ ንዓለም ብሰሪ መዓንቀፊ። ምናዳ ነቲ ብሰሩ ስሕተት ዚመጽእ ሰብ ወይለኡ።

8- ኢድካ ወይ እግርካ እንተ ኣስሓተትካ፡ ካባኻ ቈሪጽካ ደርብያ፡ ክልተ ኢድን ክልተ እግርን ከሎካ ናብ ናይ ዘለኣለም ሓዊ ካብ እትድርበስ፡ ቁሩጽ ወይስ ሓንካስ ኴንካ ናብ ህይወት ምእታው ይሕሸካ።

9- ዓይንኻ እንተ ኣስሓተትካውን፡ ካባኻ ጕጥጕጥካ ደርብያ። ክልተ ዓይኒ ከለዋካ ናብ ገሃነም ሓዊ ካብ እትድርበስ፡ ነቋር ኴንካ ናብ ህይወት ምእታው ይሔሸካ።

10- ካብዞም ናኣሽቱ ንሓደ እኳ ከይትንዕቁ ተጠንቀቑ። መላእክቶም ኣብ ሰማያት ኲሉ ሳዕ ገጽ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ይርእዩ ኣለዉ፡ እብለኩም ኣሎኹ፡

11- ወዲ ሰብ ንዝጠፍኤ ከድሕን መጺኡ ኣሎ እሞ፡

12- እንታይ ይመስለኩም፡ ሚእቲ በጊዕ ዘለዎ ሰብኣይ ካብኤን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶ፡ ነተን ተስዓን ትሽዓተን ሓዲጉዶ ነታ ዝጠፍኤት ኪደሊ ናብ ኣክዑን ኣይከይድን?

13- እንተ ረኸበ ድማ፡ ካብተን ተስዓን ትሽዓተን ዘይጠፍኣስ፡ ብእኣ ኣዝዩ ከም ዚሕጎስ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡

14- ከምኡ ድማ ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ከጠፍእ፡ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ኣይኰነን።

*ዝጽናዕ ጥቕሲ፡፡ ከምኡ ድማ ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ከጠፍእ፡ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ኣይኮነን። ማቴ.18፡14።*

**መዓልታዊ ትምህርቲ**

***ጊዜ፡፡*** ሒደት ሰሙናት ድሕሪታ ናይ ዝሓለፈት ትምህርትና፡ ኣብ መበል 32 ዓመቱ ንየሱስ።

***ስፈር፡፡*** ኣብ ቅፍርናሆም፡ ምናልባሽ ኣብ ቤት ጴጥሮስ

***ቀንዲ ሓሳባት፡፡*** መንፈስ ናይ ቈልዓ ዘለዎ ጥራይ እዩ መንግስተ ሰማያት ኪኣቱ ዚኽእል። ኣምላኽዐኹሉ ጊዜ ንደቁ ይሓልየሎምን ይሕልዎምን እዩ።

**መግለጺ**

**1. ኣብ መገዲ ዝተገብረ ዝርርብ።** - ጌጋ ሓሳባት ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ - ጥ.1። ካብቲ የሱስ ዝተለወጠሉ ከረን ክከዱ ከለዉ ኣብ መንን እቶም ደቀ መዛሙርቲ ብርቱዕ ክትዕ ተላዕለ። እቲ ክትዕ ካብዚ ዝስዕብ ምኽንያት ተላዒሉ ይኸውን። 1) የሱስ ነቶም ሰለስተ መሪጹ ናብቲ ከረን ከሰንይዎ ስለ ዝተማልኦም። 2) ይሁዳ ተሓዝ ገንዘብ ስለ ዝነበረ ኣብቲ መንግስቲ ናይቲ መሲህ ከኣ ከምኡ ክኸውን ዓቢ ሃረርታ ነበሮ። 3) ሒደት ጊዜ ድሕርዚውን ኣደ ያእቆብን የሃንስን ንየሱስ ኣብ መንግስቱ ምስ መጸ፡ ደቃ ኣብ የማነ - ጸገሙ ኪኸዱ ለመነትሎም። ማቴ. 20፡20-21። 4) ምናልባሽ እቶም ቀረባ የሱስ ዝነበሩ ደቀ መዛሙርቲ ካብቶም ካልኦት ልዕል ዝበሉ ኰይኖ ይስምዖም ስለ ዝነበረ፡ እቶም ካልኦት ኣይፈትውሎምን ነይሮም ይኾኑ። 5) መንግስቲ ክርስቶስ ብግህዶ ቀልጢፋ እትመጽእ ስለ ዝመሰሎም፡ ነዚ ከኣ ዝሰሚናዮ ምኽንያት ሓሲቦም ኪተሃላለኸዐ - መሩ።

**2. ናብ መንግስተ ሰማያት ዘእቱ መንፈስ ናይ ቈልዓ፡፡** ጥ.2-3፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት መን ኰን ይበልጽ? ኢሎም ንየሱስ ምስ ሓተትዎ፡ የሱስ ነቶም ዓሰርተው ክልተ ኣኪቡ፡ መገዲ ናይ ዕብየት ከም ዝተጋገይዎ መሃሮም። እቲ ቀዳማይ ኪኸውን ዚደሊ፡ ዳሕራዋይን ኣገልጋሊ ኹሉን ኪኸውን እዩ፡ በሎም። እቲ ቀዳማይ ኪኸውን ዝብል መንፈስ፡ ኣንጻር ሕግን መንፈስን ናይ መንግስቲ ክርስቶስ እዩ። መንፈስ ናይ መንግስቱ፡ መንፈስ ናይ ፍቕርን ንካልኦት ምሕጋዝን፡ ትሕትናን እዩ። ስለዚ እቲ ዝበዝሔ ድልየት ናይ ቀዳምነት ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ መንግስቲ ክርስቶስ ዝወሓደ ግደ እዩ ዚህልዎ። እቲ ኣብዚ መንግስቲዚ፡ ቀዳማይ ኪኸውን ዚደሊ ዳሕራዋይ ይኸውን። ማር.9፡34-35። ርኤ።

ንገዛእ ርእሰይ ዝብል መንፈስ ናብ መንግስቲ ሰይጣን እምበር፡ ናብ መንግስቲ ክርስቶስ ዘብጽሕ ኣይኮነን። መንፈስ ናይ ገሃነም እምበር መንፈስ ናይ ሰማይ

ኣይኮነን። እዚ ከምዚ ዝበለ መንፈስ፡ ብኣፍ ክንገርን ክቑጸርን ዘይክኣል ጭንቂ የምጽእ።

እዚ መንፈስዚ ካብቲ ንምምሕያሽ ዘሎና ድልየት፡ ካብቲ ብቕድስናን ፍቕርን ንምዕባይ ዘሎና ድልየት፡ ካብቲ ንግርማን ሓይልን ዘሎና ድልየት፡ ዝተፈልየ እዩ። እንተደኣ ምእንቲ ካብ ካልኦት በሊጽካ ክትርኤ፡ ንሓይልን ግርማን ትደልዮ ኴንካ፡ እዚ መንፈስ ናይ ሰይጣን እዩ። ሰይጣን በዚ ምኽንያትዚ እዩ ካብ ሰማይ ዝተደርበየ። ኣብ ኵሉ ስራሕና ዝበለጸ ክንገብር ክንጽዕር ግቡእና እዩ። ግናከ ከምዚ ክንገብር ከሎናስ፡ ዕላማና ንክብሪ ገዛእ ርእስናዶ እዩ ወይስ ንክብሪ ኣምላኽ ምእንቲ ረብሓ ገዛእ ርእስናዶ እዩ ወይስ ንካልኦት ንምሕጋዝ? ኣምላኽ ንተግባርና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዕ ላማ ናይ ኵሉ ተግባርና እዩ ኣውራ ዚርኢ።

*የሱስ ዝሃቦ መረድኤ።* የሱስ ንሓደ ቈልዓ ጸዊዑ፡ ቅኑዕ መንፈስ ከመይ ከም ዝኾነ ኣረድኦም። ምእንቲ እቲ ዚምህሮ ዝነበረ ኣብ ኣእምሮን ልብን ናይቶም ደቀ መዛሙርቱ ኣጸቢቑ ኪሰጥምን፡ ምእንቲ ንቈልዑት ዝነበሮ ፍቕርን ምግዳስን ክርኢ ኢሉ፡ የሱስ ነቲ ቈልዓ ብፍቕሪ ሓቖፎ። ከምዚ ከኣ በሎም፡ "እንተ ዘይተመለስኩም፡ ከምዚ ቈልዓውን እንተ ዘይኮንኩም፡ ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ከም ዘይትኣትዉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" እዚ ማለት፡ እቲ ባህርያዊ ልቢ ናይ ሰብ ክቕየር ኣለዎ። ኪምለስን ከም ንእሽቶ ቈልዓ ኪኾውንን ኣለዎ። የሱስ፡ እቲ ጽቡቕ ዝኾነ ባህርን ጠባይን ናይ ቈልዑ ኣባና ኪርእዮ ይደሊ። ከምቲ ውላድካ ኪኾኖ እትደልዮ፡ ንስኻውን ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከምኡ ኩን። እቲ ኣምላኽ ዚብህጎ ባህሪ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፦ 1) ትሕትና። 2) ውድድርን ቅንኢን ዘይብሉ። 3) ርሕሩሕን ፈቃርን። 4) ምሉእ እምነት ዘለዎ። 5) እዙዝ። 6) ክምሃር ዝኽእል መንፈስ። 7) ድልየት ናይ ዓለማዊ ነገር ዘይብሉ። 8) ብዛዕባ ሃብትን መዓርግን ዘይግደስ።

"እንተ ዘይተመለስኩም፡ ከም ቈልዓውን እንተ ዘይኮንኩም፡ ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ከም ዘይትኣትዉ፡ እብለኩም ኣሎኹ።" እቲ ንኣይ ጥራይ ዝብል መንፈስ፡ ቀዳማይ ዘይምኳኑ ጥራይ ዘኮነስ፡ መንግስተ ሰማያት ብፍጹም ከም ዘይኣቱ ከነስተብህል ንኽእል። መንግስተ ሰማያት መንፈሳዊት መንግስቲ እያ፡ መንፈስ ናይ ቈልዓ ዘለዎ ጥራይ ከኣ እዩ ዝኣትዋ።

*3. ብመንፈስ ናይ ቈልዓ ዝርከብ ዕብየት ኣብ መንግስተ ሰማያት።* ጥ.4-5። "እቲ ከምዚ ቈልዓዚ ርእሱ ዜትሕት፡ ንሱ እዩ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዚበልጽ።" ክርስቶስ ነዚ ዝሃቦ ትምህርቲ ብኣርኣያኡ ጌይሩ ከኣ መሃሮ። ንሱ ወዲ ኣምላኽ ክነሱ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ሓጸበ።

"ንከምዚ ዝበለ ቈልዓ ብስመይ ዚቕበል፡ ንኣይ ይቕበል።" ዝኾነ ይኹን ከም ናይ ቈልዓ ትሕትና ዘለዎ ሰብ ምስ ረኣየ ዝፈትዎ፡ ንክርስትናን ንክርስቶስን ይፈቱ። መንፈስ ናይ ክርስቶስን ንሱ ዝፈትዎ ጠባይን ይፈቱ። ዝኾነ ይኹን ነቶም ናይ ሓቂ

መንፈስ ናይ ክርስቶስ ዘለዎም ሰባት ዚቕበሉዎን ዘፍቅሮምን ዝሕግዞምን፡ ንክርስቶስ ከም ዝገበረሉ እዩ ዝቑጸር።

***4. ኣብ መገዲ ናእሽቱ መዓንቀፊ ምንባር።*** ጥ. 6-9። የሱስ ይብለና፡ እቲ ንቈልዓ ወይስ ንመንፈስ ናይ ቈልዓ ዘለዎ ዘየፍቅርን ዘይቕበልን፡ ግናከዐ ናብ ክፉእ ዝመርሕን ዝምህርን ዘስሕትን፡ "መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ዓሚቝ ባሕሪ ከጥሕል ይሓሾ።" ንቈልዑ ብብዙሕ ነገራት ክትዕንቅፎም ትክእል። ምሕሳው፡ ዘስክር መስተ ምስታይ፡ ንሃይማኖት ኪጥርጥሩ፡ ንጽቡቕ ኣመል ዋጋ ከይህብዎ፡ ንወለዶም ዘይእዙዙ ኪኾኑ፡ ንመዓልቲ ሰንበት ዘይምሕላው፡ እዚ ኩሉ ብቐሊል ንቈልዑ ክትምህሮም ዚክኣል እዩ። ንሓደ ሰብ ናብ ሓጢኣት መሪሕካ ንነፍሱ ካብ ምቕታልሲ፡ ሽሕ ሞት ይበልጽ።

"ወይለኣ ንዓለም ብሰሪ መዓንቀፊ።" ኣብዛ ዓለምዚኣ ብዙሕ መዓንቀፍን ናብ ክፉእ ዚመርሕ ፈተናታትን ኣሎ። በዚ ነገራትዚ ዘይሓልፍ ውሉድ ኣምላኽዐ የልቦን። "ነቲ ብሰሩ ስሕተት ዚመጽእ ሰብ ግና ወይለኡ።" እቲ ንካልኦት ናብ ሓጢኣት ዚመርሕ ወይለኡ። እቲ ዝሓጥእ ሰብ ኣዝዩ ድኹም እዩ፡ እቲ ንካልኦት ናብ ሓጢኣት ዝመርሕ ግና ሰይጣን እዩ። ስለዚ "ኢድካ ወይ እግርካዐ እንተ ኣስሓተትካ ካባካዐ ቈሪጽካ ደርብዮ።" እንተደኣ ከም የማነይቲ ዓይኒ፡ ኣዝዩ እንፈትዎ ነገር ኣልዩ ከዐይኑ፡ ወይ ከኣ ከም የማነይቲ ኢድ፡ ኣዝዩ ዝጠቕመና ነገር ኣልዩ፡ ከም መዓርግ፡ ሽመት፡ ሃብቲ፡ ተድላ፡ ግናከዐ ካብ ጽድቂ ዝመልእ መንፈስ ዝዓግተና ከዐይኑ፡ ኩሉ ምድርባዩ ዝሐሸ እዩ ንኣና። ካብ ብሓዊ ገሃነም ምንዳድ፡ ዝከዐ ዝዓግተና ዘበለ ምሕዳግ ይሕሸና። እዚ ከምዚ ኢሉ ዝመክሮናን ዘጠንቅቐናን ዘሎ የሱስ ባዕሉ እዩ።

***5. ሓልዮት ናይ ኣምላኽዐ ንናእሽቱ።*** ጥ. 10-14። የሱስ፡ "ካብዞም ናእሽቱ ንሓደ እኳ ከይትንዕቁ ተጠንቀቑ። መላእኽቶም ኣብ ሰማያት ኩሉ ሳዕ ገጽ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ይርእዩ ኣለዉ፡" ኢሉ የጠንቅቐና። ደቂ ኣምላኽዐ ኩሉ ግዜ ኣብ ሓልዮት ናይቶም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽዐ ዝቐሙ መላእኽቲ እዮም ዘለዉ።

ክርስቶስ እኳ ነዞም ትሑታት፡ ናእሽቱ፡ መንፈስ ናይ ቈልዓ ዘለዎም ሰባት፡ በቶም ዝለዓሉ መላእኽቲ ገይሩ ካብ ሓለዎምሲ፡ እታ ማሕበር ክርስቶስ ደኣ ነዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ከመይ ኣዝያ እቲ ዝበለጸ ምግዳስን ህያባትን ስርሓን ክትህቦም ዘይግባእ?

ስለምንታይ ነቶም ናእሽቱ ክንዕቕ ከም ዘይግባእ ከኣ ካልእ ምኽዐያት ኣሎ። "ወዲ ሰብ ንዝጠፍኤ ከድሕን መጺኡ ኣሎ።" ፍቕሪ ክርስቶስ ነዞም ናእሽቱ፡ ማለት ጥፉኣት፡ ኣብቲ ዝሃቦ ምሳሌ ናይታ ጥፍእቲ በጊዕ ክርኤ ይክኣል። እታ ጥፍእቲ በጊዕ፡ ምልክት ናይ ሓጥእ ሰብ እያ። እዛ ጥፍእቲ በጊዕ፡ ካብቲ ፈቃር ጓስኣ ዝህባ ልምሉም ሳዕርን፡ ህዱእ ማያትን ርሒቓ፡ ናብ ናይ ገዛእ ርእሳ ድልየት ማለት፡ ናብ ሓጢኣትን ድንገትን ትከዐድ እሞ፡ መገዲ ቤታ ይጠፍኣ። እቲ ጓሳ ግና ነተን ተስዓን ትሽዓተን ሓዲጉ ነታ

ሓንቲ ዝጠፍኤት በጊዕ ክደሊ ይኸይድ። ምስ ረኸበ ከኣ፡ "ካብተን ተስዓን ትሽዓተን ዘይጠፍኣስ ብእኣ ኣዝዩ ይሕጐስ።" ምኽንያት ናይዚ ሓጐስዚ፡ እታ በጊዕ ካብ ኵለን እትጠቅም ኰይና ኣይኰነትን፡ ግናኸ እቲ ካብ ጥፍኣት ምምላሳ እዩ ዘሕጉስ።

"ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ከይጠፍእ፡ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ኣይኰነን።" ኣምላኽ ሓደ ካብቶም ደቁ፡ ክሳዕ ክንደይ ድኹምን ትሑትን ምኽንያቱ ብዘየገድስ፡ ኪጠፍእ ፍቓዱ ኣይኰነን። ንምድሓን ነፍስ ወከፍ ሰብ ኢሉ፡ ጥበቡን ፍቕሩን ኪገብሮ ዚኽእል ካብ ዘበለ ገበረ። ሰብ ነዚ ምድሓንዚ ምቕባል ምስ ዚኣቢ ጥራይ እዩ ዚጠፍእ።

*ሕቶታት*

1. መን እዩ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ዝዓበየ?
2. ከመይ ጌርና ከም ናእሽቱ ቈልዑ ክንከውን ንኽእል?
3. ነቶም ናእሽቱ ደቂ ኣምላኽ ምዕንቃፍ እንታይ ድንገት ኣለዎ?
4. ኣምላኽ ከመይ ጌይሩ ነቶም ናእሽቱ ደቁ ይሓልየሎም?

*መረድኢ*

## *እምነት ናይ ቈልዓ*

ሓደ ድኻ ግናኸ ትኩር ዝኾነ ቈልዓ ሓሚሙ ኣብ ሓደ ጽርግያ ተጸጊዑ ነበረ። ሓደ ርሕሩሕ ሓላፍ መገዲ ምስ ረኣዮ ደንገጸሉ እሞ፡ "እንታይ ትገብር ኣሎኻ" በሎ። እቲ ቈልዓ፡ "ንኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎኹ" ኢሉ መለሰሉ። እቲ ሰብኣይ እዚ ምስ ሰምዔ ኣዝዩ ተደነቐን ደንገጸን እሞ፡ "እንታይ ማለትካ ኢኻ" ኢሉ ሓተቶ። እቲ ቈልዓ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡ "ኣምላኽ ነቦይን ነደይን ንንእሽቶ ሓወይን ወሰዶም። ኣደይ ክትከይድ ከላ፡ ኣምላኽ ኪሓልየልካ እዩ፡ በለትኒ። ቤት የብለይን። ግናኸ ከምቲ ኣደይ ዝበለትኒ ኣምላኽ ካብ ሰማይ መጺኡ ክወስደኒ ይጽበ ኣሎኹ፡ ነዊሕ ጊዜ ተጸብየ። ግናኸ ኪመጽእ እዩ። ኣይመስለካንዶ?" እቲ ሰብኣይ ብሓይሊ ንብዓቱ ዓጊቱ፡ "እወ፡ ወደይ፡ ንኣይ ኪሓልየልካ ልኢኹኒ ኣሎ፡" በሎ። ድሕርዚ እቲ ቈልዓ ብሕጉስ ልብን ብብሩህ ገጽን፡ "ኣደይ ኣይትሕሱን እያ። ንስኻ ጥራይ ኢኻ ደንጒኻ" ኢሉ ነቲ ሰብኣይ መለሰሉ።